# ሐደ፡ዛንታ።

ብተመሃራዮም

ኣባ ገብረየሱስ ኃይሉ ዝደረሱዎ።

---

ቀዳማይ ሕታም።

---

ቤት ማሕተም ጴጥሮስ ሲላ። ኣሥመራ።
፲፱፻፵፰ ዓ፡ም።

WP. 5731-500B80-9 - Silla - Asmara.

# ሐደ፡ዛንታ።


ብተመሃራዮም
ኣባ ገብረየሱስ ኃይሉ ዝደረሶም።



ቀዳማይ ሕታም።

ቤት ማኅተም ጴጥሮስ ሢላ። ኣሥመራ።
፲፱፻፶፫ ዓ፡ም።

W P. 5731-500B80-9 - Silla - Asmara.

## መተኣታተዊ ።

እዙ ሓደ ዛንታ ተብሂሉ ዚሳተም ዘሎ መጽሓፍ፣
ቀደም ወዲ ፲፰ ዓመት እንከሎኹ ንትምህርቲ ቢለ
ዓይ ጣልያን እንክኸይድ፣ ባሕሪ እናተሳገርኩ ዝተ
ሰምዓኒ ጦብላሕታን፣ ምሳኡ ድማ ናይ እቶም ተ
ዓስኪራትም ዚሳገሩዎ ዝነበሩ ኣሳዋተይ ዘለዓዓለይ
ዝኸርን ዚገልጽ እዩ ። ብዙይ ዝመጸ እዩ እቱ ስመ
ይ'ውን ከም ብ'ቱ ንእሰይ ዝነበረኒ ዝገደፍኩዎ ። ኣጸ
ሓሕፋኡ ናይ ንእስ እዩ፣ ናይ'ቱ ብሻዕቱይ ዕድመይ
ዝነበረኒ ናይ ዓሌተይ ሓሳብን ሓልዮን እንከስተው
ዕል ግን ንእግዚኣብሔር ከመስግን የለዓዕለኒ ። ክሳብ
ሄዚ ሰኣን መጋበሪ ከይተኃትመ ጸኒሑ፣ ሎሚ ግን
ብሳላ እቶም "ናይ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣንድነት
ማኅበር" ኣቐዲሞም ብዘለቅሑኒ ገንዘብ ይሳተም
ኣሎ ። ንኣኣቶም ከስ ምስጋናይ ይብጻሓዮም ።
ከማኡ ድማ "ናይ ሃፀይ ቴዎድሮስ ቅትለተ ርእሱ"
ዘርእስቱ ትራጀዲ ዚበሃል ብ፲፮፻ (1600) መስመር
ግጥሚ ዝቐመ ብቱ እዋን'ቱይ ዝደረስኩዎ ኣሎ ።
ንሱ ድማ መዓልቱ ይጽበ እዩ ። ነቱ ምእንቲ ሃገሩ
ተዋጊኡ፣ ርእሱ ንዓዱ ዚሠውዕን፣ ነቱ ምእንቲ ጓና
ቢሉ ባሕሪ ተሳጊሩ ኣባኡ ተቐቲሉ ዚመውትን ኣፈላ
ላይ ልቢ ዘለዎ ዝኾነ ኣጸቢቑ ከነጻጽሮ ምኸኣለ ።

ዶክተር ኣ. ገ. ኃይሉ

# ሓደ፡ዘንታ።

«ኣበየ ኣደየ መርቑኒ ትሩቡሊ ዶ መሲሉኒ» ቢሉ ኣብ ቅድሚ
ወለዱ ተምበርኪኹ ነበረ ። ጥርቡሹ ብሓደ ወገን ኣቐሚጡ ሓመ
ይዳዋ ዝዓይነቱ ክዳን ተኸዲኑ ዕራርዋይ ቅናት ተቐኒቱ ፤ ካብ
ኵሮኵሮ እግሩ ክሳብ ሓለኺቶኡ ክንዲ መጽዓን ዝምግፋሑ ፤
ወጮ ዝመስል ጨርቂ ጠምጢሙዎ ነበረ ። ወለዱ በዓቢይ ምድ
ፍናቕ ቃል ምውጻእ ተሳኢኑዎም ወዶም ተኸዲኑዎ ዝነበረ ርእዮ
ምዎ ዘይፈልጡ ክዳንን ዕጣቕን ቀው ቢሎም እናጠመቱ ከምዞ
ዝተዓንዘዘ ሰብ ዘረባ ስኢኖም ነበሩ ። ክልቲኣቶም ደጊም ኣረጋም
እዮም ፤ እቶም ሰብኣይ ኣብ ሰብዓኦምን እተን ሰበይቲ ከዓ ኣብ
ስሳን ኃሙሽተኤንን ኣቢለን እየን ። ሻዐ ዝረኣዮምንከ ፤ ገጻቶም
መጽሊዉ ኣዕይንቶም ኣንከሊሉ ኣራእሶም ዓቢሩ ነበረሞ ፤ ዓዓሠ
ርተ ዓመቶም ኣቢሎ ምወሰኾም ። ሓደ ወዶም ንሱ እዩ ፤ እዙይ
ማለተይ ከዓ ሓደ ንኣኡ ጥራሕ ወሊዶም ማለት ኣይኮነን ፤ እንተ
ኾነስ እቶም ከልኦት ደቆም ኣበይዝጊ ተቓጺጽዎም ፣ ካብ ፲ ደቂ
ንሱ በይኑ ተረሮም ። ንሱውን ትውልድ ምስ ኣበለ ክመውት ቅሩ
ብ ተሪፋዎ ነቢሩ እዩ ፤ ኣዲኡ ጌና ኣጸቢቖን ከይጸረያ ሳምንተን
ከይወድአ ኒዘንአ ናብ እንዳ መድኃኔ ዓለም ከዳሞ ኣብ ውሽጢ
ክእትዋ ክንዲ ዘይከኣላ ኣብቱ ቐጽሪ ኾይነን ንወደን ኣብ ክልተ

ኢ.ደን ኂ፱ን አዕይንተን ንብዓት ቅጽር እናበሎ « አ ኢ.የሱሰይ አ
መድኃኔ ዓለም ኣቦይ ክሳብ ሎሚ ዝወሰድካለይ ደቀይ ይአኽሉኻ
አነ ደጊም ንስኻ ከም እትርእየኒ ኣሪገ እየ ድኅሪ ሎሚ እውን
ወሊ.ደ ዝኽእል አይኮንኩን ፤ ሎሚ ኸስ አ ኢ.የሱሰይ ርኅሩኅ እዚ
እንኮ ወዲ እዚይ ንአይን ነቦኡን ምስ ኣረግና ደገፍናን ምርኩስ
ናን ክኾነና ዓይንና እውን ንአኡ እናረአየ ክጸግብ ንዚ ወዲ እዚ
ይ ክተኹበለይ እልምነካ ኣሎኹ » እናበላ ተመባጽዓ ጸለየ። ጸሎተ
ን ምስ ወድኣንከ ሓራስን ዘይጥዕይትን ክንዲ ዝነበረ ልቢ ወላዲት
እውን ከምትፈልጡዎ ፍጹም ተደፋናቒ እዩሞ፤ ኵሉ'ኵሉ ተአኻ
ኺቡ ንልበን ሰልሃው ኣቢሉ ኣድኪሙ ጥልም ኣበለንሞ ዓወላ።
ጽንሕ ቢለን ልበን ድኅሪ ተመሊሱወን ደጊም ንወደይ ኣድኅኒዮ
እየ ብዝብል ጽኑዕ እምነት ገፊፍ ክብላ ገዛአን ተመልሳ፤ ኣባኡ
ቅሩብ ድኅሪ ተዓንጊለን ድቃስ ጠሊ.ሙወን ኀበ ኸና ፤ ንወደን ከዓ
ምሳኤን ጭብጥ ኣቢለን ኣብ አፍ ልበን ኣልገባአ። ከምዚይ ቢለን
እንከለዋ ሓለማ፤ ኣብ ሓደ ጽቡቕ በረኻ ዝነበረ ይመስለን ነበረ፡
ክኸዳ ክኸዳ ኣብ ሐደ ቓድረ በጽሓ፤ ኣባኡ ሽድሽተ ግርም ዝኾ
ነ ሐዎሐዎ ዝብሃል ዕምባታት ንፋስ ነነው ክብሎ ረአያ፤ ክንደይ
ዝጽብቕ ዕምባታት እዩ ቢለን ናባኡ ምስ ቀረባ፤ ሐንቲ ዘይትርኤ
ኢ.ድ ዝኃዘታ ማዕጽድ ንታ ሐንቲ ዕምባባ ቅንጥብ ከተብላ ረአያ፤
ገሪሙወን ክቋመታ እንከለዋ ወያ ማዕጽድ በብሐደ ንተን ዝተረፋ
ኃምሽተ ቈረጸትለን፤ ናብታ ሳድሰይቲ ምስ በጽሔት ግን ወስ
ምስ አበለት፤ ሐደ ዘይርኤ ሰብ ንየው አርኅቕ አበላ ኻልኣይ ጊዜ
ምስ መጸት ከምኡ ሣልሳይ ከምኡ፤ እንታይ ኮን እዩ ነገሩ ቢለን
እንክሐስባ ሐደ ብርሃን ዝተኸድነ መልክዒይና ሰብኣይ ተራእየን፤



እዚ ዝርኤኺዮ ነገር ናይ ደቅኺ ምሳሌ እዩ፤ ኃሙሽተ ሞት ዓጸ
ደቶም፤ እዚ ዝተረፈ ግን እተኹበልኪ ኣለኹ። ኣነ እቲ ዝተማኅ
ጸንክኒ መድኃኔ ዓለም እየ› ቢሉወን ተሠወረ። ብታሕጓስ ብር ቢለ
ን ነቕሓ ወዮ ኣብ ሕቍፎኤን ዝነበረ ዕሸል በኸየ፤ ክእብድኦ ቢለ
ን አቕርብ እንተበላሉ እውን ቀደም ጠብዩ ዘይፈልጥ ዝነበረ ንጡ
ብ ኂዙ ጸባ ጐርጓዕ ጐርጓዕ ኣበለ፤ እኖኡ ብታሕጓስ እናነብዓ
"ሓዊኽለይ ኢ.ኺ ወደይ ምዓረይ ኢ.የሱስ ተኾቡለይ እዩ ናተይ
ኢ.ኺ„ እናበላ ስዒመን ምጽጋብ ሰኣንኦ ። ቈልዓ እንካብቲይ ንደ
ኃር እናኀሸ ኸደ ጸባኡ እናጠበወ እውን ተው ቢሉ ሀጠረ ። ክጥ
መቕ ምስ ወሰዱዎ እውን እኖኡ ትኳበ መድኃኔ ዓለም ቢልኩም
ስመዩለይ፤ ኢ.የሱስ ዝጸደቐለይ ቈልዓ እዩ በላሞ እዚ ሽም አው
ጽኡሉ ። ወለዱ ግን ሀብተሚካኤልን ተክአን ይበሃሉ ።

ትኳበ መድኃኔ ዓለም (ወይ ከዓ ትኳበ ኵሎም ከምዝብሉዎ፤
ክመይሲ ከም እትፈልጡዎ ሕዝቢ ብዝከኣሎ ስም ክጐርድ እዩ ዝጽ
ዕር) ኣብ ዓዱን ኣብ በረኻን ኣብ ባሕሪን ክብል ግርም ዝኾነ ጐበ
ዝ ኮይኑ ዓበየ፤ ብጠባዩ ንሱ ፈታው ሰብ እዩ፤ ንእኖኡውን ኣብ
ክሳደን ክልቴኡ አእዳዉ አመኃላሊፉ እናጠመረንን እናሰዓመንን
ኣደዋ ኣደይ ምዓረይ ብዝብል ጥዑምን ልዙብን ቃልውን እናጸ
ውዔንን ፍቕሩ ይገልጸለን ነበረ፤ ንኣቦኡውን ከማኡ ኣብ ትሕቲ
ጋቢኦም እናኣተወን ዝበሉዎ ዝኾነ እናተላእከን ናይ ኣባሓጎታቱ
ኣስማት እናተማህረን ፍጹም ደስ የብሎም ነበረ፤ እቱ ደጊም ኣብ
ምዕራቡ ኣቢሉ ዝቐርብ ዝነበረ ፀሐይ ንቱ ወጋሕታ እቱይ በል
እስኪ ወደይ ወዲ መን ኢ.ኻ፤ ቢሎም እንክጥይቑዎ፤ ወዲ ሀብተ-
ሚካኤል ቢሉ እንክምልሰሎም ካብኡ ኸዓ እናወሰኹ ሀብተ-ሚካ

በቱ ጊዜ እቲይ ደም ሓበሻ ኽንጽፍፍ ቢሉ ዝተንሥኤ ውግእ
ትሩቡሊ ዝተባህለ ኣብ ህየለ ገኒኑ ነበረ፤ በቲይ ኣጕባዝ ኣብ
ጓይላ ኽይኖም ጓል ይኹንየ ጓል ይኹንየ ልብያ ዚይከዶ ጓል ይኹ
ንየ እናበሉ እንክደርፉ፤ ሓድሓደ ርእሶም ኣልዕል ክብሉ ዝደ
ለዩ ዘኹላላት ቈልዑ ኽዓ «ትሩቡሊ ትሩቡሊ ክዓብየልኪ ጽንሕ
በሊ» እናበሉ መርዚ ዝኾነ ደርፍታት ይደርፉ ነበሩ ። ትኳበ ንዙ
ኹሉ ይሰምዕ ነበረ፤ ብዚይ መጠን በሊሕ ኣእምሮ ነበረሞ፤ እዙ
ያትስ እንታይ ኮን እዩ እናበለ ይሓስብ ነበረ፤ ክብል ክብል ኣብ
ክምዙይ ዝመሰለ ጊዜ ተወሊዱ በብቕሩብ እዙ ሓሳባት እዙይን
እዙ ደርፍታት እዙይውን ኣብ ልቡ ተጠልሒሙዎ ኮተት ኮነ ።
መሸም ብንእሽቶኻ ኣትኒዝካ ዝሰማዕካዮ ነገር ወትሩ እናጎደረ እዩ
ዝስቈረካ እሞ፤ ንሱ ተዓስኪሩ ልብያ ክኸይድ እሞ ኣባእ እናተ
ዋግኤ ዓቢይ ጋግንነት ክገብር ጽሩይ ስምውን ከጥሪ ወድኦ። ኣብ
ዙ ኵሉ ብሐደ ጊዜ ዙብጽሖ እንከ ኣባኡ ውግእ ኽምዝነበረ ብም
ስማዕ እዩ፤ እዙይ ከዓ እንካብቶም ሓደ ጊዜ ቅሩብ ዕርፍ እንተበ
ሉስ “ጐይታየ በኺዕና፤ በዝ"ኻ ውግእ ኣውርደልና„ እናበሉ ዝም
ህለሉ ዝነበሩ ህንጡያት መኳንንቲ ኢትዮጵያ ዝተወልደ ምኺኑ
ክይተርፎ እዩ፤ ናይ ብመላእ ዓጽሚ ኢትዮጵያ ዝምበሌ ድኣ ኣይከ
ነን ። ካብቱ መዓልቲ እቲይ ንደኃር ከስ ቅሩብ ይዛረብ ነበረ፤ ጸሊ
ቑ ኽይተራእየ ዝኸደሉ ምችዊ ጊዜ ይጸናቶ ነበረ ። እኖኡ ሓደ
ነገር ክምዝሐሰበ ፈሊጠን ብዙኅ ጊዜ ጠየቕኦ፤ ንሱ ግን «እንታይ
ኢኺ ትብሊዮ ኣቲ ኣደ ዘይ ክም ቀደመይ እየ» እናበለ የጣፍኡን
ነበረ ኣውራ ግን ንቱ በሊሕ ኣብ ውሽጢ ልቢ ሓሳባት ዝርኢ
ኣዕይንተን ክይጓነፎ ንኣዕይንቱ የማነ ጸጋም ዘወርወር የብሎ ነበረ።



ሐደ መዓልቲ ኸስ ስድራኡ ደቂሶም እንከለዉ ብለይቲ ጸረው ቢሉ
ከይዱ ተዓስከረ፤ ናይ ወለዱ ስምባድን ኃዘንን ከዓ ውሉድ ዘሌ
ዎን ወላዲ ዘለዎን ዝኾነ ይሕሰቦ ። ሐቂዶ ክኸውን ይኽእል እዩ
እዙ ነገርዙይ ቢሎም መዠመርያ ምእማን ሰኣኑ፤ ነብዑ ኣስቄን
ቜኑ ለመኑ ኵሉ ኸንቱ ኾነ፤ ጣልያን ኣያ ኃውቱ ዝድንግጽ ልቢ
ኣይተዋህቦን እሞ፤ ሓደ ጊዜ ኸቲብናዮ ኢና ቢሉ ኸልኦም፤
ትሩቡሊ ክኸይድ ምስ ተባህለ ከዓ ይዋኣት እዮም ቅድሚ እታ
ምንቃሉ ድኣ ንታ ንዓይንና ክንርእዮ ቢሎም ገፊፍ ክብሉ ከዱዎ፤
ከምቱ ኣብ መዠመርያ ዝረኤናዮ ኸስ ንሱ ምርቓ ወለዱ ይልምን
ነበረ፤ ንሳቶም ብዚይ ዘረባ ኃያል ጊዜ ድኅሪ ጸኒሖም፤ “ካንዶ
ወደይሲ ገዲፍካና፤ ድሬር ዓይንናን ተስፋናን ዝነበርካ ኣዘኽቲም
ካናዶ ክትኸይድ ደለኻ ዓስከር ወዲ ጓና ኾይንካ ኣይ ንዓድኻ
ኣይ ንርእስኻ ክትጥቀም ዶ ባሕርታት ክትሳገር ዓጠቕካ እንታይ
ምስ ስኢንካኸ ኢኻ ኪድ ወደይሲ ድላይ ኣቦይዝጊ ኾይኑ እን
ታይ እሞ ይግበር፤ ንሕናን ከዓ እንታይ ክንብለካ ኾይንና ብድሐን
ተመለስ ኣቦይዝጊ ብርኪ ሐጺን ይትከለልካ፤ ንሕና ደጊም ኣሪግና
ኢና ምስዙ ኃዘን እዙይውን ክልተ ዓመት ተጸቢና ንኽእል ኣይ
ንመስልን፤ ኣቦይዝጊ ኣብ ዕረፍቱ ክጽውዓና ይኸውን፤ ንሕና
ከም ብሐዲስ ንዓይንና ክንርእየካ ምደለና ግን ፍቓዱ ይኹን„
በሉዎ፤ መሪቆም ድኅሪ ስዒሞሞ፡ ጌና ኣጸቢቖም ከይተሰዓዓሙ
እቶም ኃለቓታት መንዚያም ወሰዱዎ፤ ንሱ ንብዓት ዘረብረብ እና
በለ ክኸይድ ምስ ረኣያኦ እኖኡ ዓዊለን ክወድቃ ሰንደል ምስ በላ
በዓል ቤተን ተደገፉወን፤ እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ሰባት ኵሎም
ተደናፈቖም ንብዓቶም ምዕጋት ሰኣኑ “ኤህ ድሓን ኣይትእቶ ከመ

ይ ዝበለ ወዲ እዩ ንዘም ኣረገውቲ እዚኦም ገዲፉ ዝኸይድ„ እና
ብሉ ረገሙዎ ፤ ንሱንከ ግልጽ ቢሉ ውድቀት እኖኡ ድኅሪ ርእዩን
ዝርገሞ ዝነበረ ምስ ሰምዔን ምድረ ሰማይ ጽልምት ቢሉዎ ንቕ
ድሚት ኣቢሉ ሃደመ ፤ ሻብቱይውን ኣብ ጽፍሩ ኪኣቱን ወይ ከዓ
ምድሪ ሃህ ቢላ ክትውኅጦን ኣይምጸልኤን ። ኣቦኡ ግን ኣይትርገ
ሙለይ ፤ በዝኻትኩም ኣይትርገሙለይ ፤ መርቑለይ ድኣ እንተኸ
ኣልኩምሲ ቢሎም ንቶም ኣብኡ ዝነበሩ ሰባት ለመኑ ፤ ንእኖኡ
ውን እቱ ምዕዋል እቱይ ኣድኂኑወን እንተዘይኸውን ካብዙ ወደን
ዝርገሞ ዝነበረ ዝመርር ቃል ክሰምዓ ኣይምኸኣላን ፤ ይፈትውዎ
እንድዮም ፤ ጣልያን ናይ ዝወሰደሎምሲ ጌና ትኻበ ወዶም ዶ
ኣይኮነን ። እንካብቱይ ተላዒሎም ገፈፍ ክብሉ ንዓዶም ተመ
ልሱ፤ ናብ ገዛ ድኅሪ ኣትዮምውን ከምዙ ሰቡ ቐቢሩ ዝምለስ እሞ
ኣብቱ ገዛ በይኑ ምስ ኮነ ከም ብሓዲሽ ኣግዲዱ ዘብክዮ ፤ ከማኡ
ንሰቶም ኣብቱ ገዛ ምስ ተመልሱ ግስም ቢላ ጸልማት ምስ ረአዩዋ
ኣብ ብኽያቶም ኣተዉ ፤ መሪር ሓዘን ተሰምዖም ካብኡ ንደኃር
እንከ ለይቲ ምስ መዓልቲ ንብዓት ኮኑ ንሱ ቐለቦም ።

## ፈነዋ ዓስከር ።

ኣሥመራ ኣብ ዝባን ሓማሴን ኣብ ለጥላጣ ጎልጎል ዝተሰጥ
ሔት ከተማ እያ ፤ ኣብ እንዳ ራስ ኣሉላ ኮይኑ ንዝረኣያ ሰብ እውን
ውቅብቲን ምጭውቲን ከተማ ኾይና ትረኣዮ ፤ እሞ ብሐቂ ጣልያን
ኣብ ዝኣትውዋ ግርም ኮይና እያ ሕንጻታታ ጽቡቕ ፤ መገድታታ
ትኸ ዝበለ ብየማኑ ብጸጋሙ እውን ገሊኡ ኣእዋም ዝተተኸሎ
እዩ ። ሐደ መዓልቲ ኣብ ኣጋ ረፍዲ ኣቢሉ ናብ ምቓም ባቡር



ዝወስድ መንገዲ ብዙኅ ሰብ ይትኃላለፈሉ ነበረ ። — እንታይ ኤ
ሊዩ ኾይኑ ኣንታ ሎሚ ክንዲ ጸጕሪ ርእሲ ዝኸውን ሰብ ንየው
ኣቢሉ ዝኀልፍ ፤ ቢሉ ጠየቐ ሓደ ሰብ ንቱ ምሳኡ ዝነበረ ። —
ሎሚ እንድዮም እቶም ዓስከር ንትሩቡሊ ዝወርዱ። — ኣረግ በል
እስኪ ንዓናይ ንርኤ። – እንታይ ክንርእየሉ ኃዘንን ብኽያትን ኣውያት
ንዶ–ክንርኢ ክንከይድ ቢልካና ይባሃሃሉ ነበሩ እቶም |ክልተ ሰብ።
እሞ ብሐቂ እቱ ትርኢት እቱይ ርእዩ ዘይደናፈቕን ዘይበኪን ሰብ
ኣቦይዝጊ ዝደናፈቕ ልቢ ኣይፈጠሩሉን። ኣብቱ ጥቓ ምዕራፍ ባቡር
ሰብ ጭኽጭኽ ምስ በለ እዩ ፤ ኣብ ማእኸል እቱ ሕልኽልኽ እቱይ
ሰቦም ደልዮም ዝጻውዑን ቀቢጾም እውን ኣብቱ ማእኸል ሕዝቢ
ቃህመም ቢሎም ዝተርፉን ነበሩ ፤ ሓደ በቱ ሓደ ወገን ሰቡ ምስ
ዝርኢ ከይጠፍኦ ቢሉ ናብኡ ክገፉ እሞ ክንደይ ሰባት ክደፍእን
ክረግጽን ኣብ ማእኸሉ ኸዓ ጸርፍን ብኽያትን መርገምን ምስማዕ
ንልቢ ዝተፈጥሮ ሰብ ፍጹም የደንግጸ ። ገሊኣቶም ይዋኣት እዮም
ዝብላዕን ዝስተን ኂዘም መጺኦም ንሰቦም ይደልዩ ፤ ኣብቱ ደረት
ብጽሕ ቢሎምውን እቱ ክንድቱይ ሰብ ምስ ረአዩ ከመይ ኣቢልና
ክንኃልፍ ቢሎም ተስፉ ቑቢጾም ደው ይብሉ ፤ ሓደ ክልተ ኸዓ
ሻው ክራኸቡ ቢሎም ብጉያ ዝመጹሞ፤ ጊዜ ኸይኃልፎም ቢሉም
ጥሒሶም ቅሩብ ክሓልፉ እንተፈተኑ ኣብኡ ሀለዉ ዛብጥያታት
ብሹርማጋ (ብሹርማጋ እወ ኸም ኣእዱግ) መልጢጦም ለምጢ
ጦም የባርሩዎም ። በቱ ሓደ ወገን ብማዕዶ እንተደኣ ተራኣዩ ብም
ልክት ሰላም ክበሃሉን ክላበዉን ክማራረቑን ትርኢ ፤ መሸም ኣው
ራ ህውከት ዘብዝኃ ኸዓ እተን ጸለምቲ ማኪናታት እየን ። ከም
ጠምዩ ብልዒ ደልዩ ዝንቁ ኣንበሳ ፤ ንደቂ ሓበሻ ውኅጥ ፤ኣቢለን

ኂዘን ካብ ዓዶም ሃው ምባሎም ተረቢጾን በቱይ ይፋጽያ በቱይ
ደርጓዕጓዕ ይብላ፣ በቱይ የእውያ፤ ገሊኣተን ኣንስቲ ኸዓ በቱ ሐደ
ወገን ከይነን «ባቡር መጸት ትኪ ተኸዲና፤ ጓል እኖ'ኻ ትበኪ ደኒና»
እናበለ ዘብኪ ደርፌ ይደርፋ ። መሸም ኣብ የማነ ፀጋሙ ንቱ ምቓ
ም ባቡር ሰብ ጭክጭ'ኽ ምስ በሎ እዩ፣ ኣብ ማእኸል እቱይ ገሊኣ
ቶም ኣውያት ገሊኣቶም መልቀስ ይጋሮምሩ ነበሩ፤ እዙይ ዘይበሃል
ዕግርግር ነበረ ። ድኅሪ ቐሩብ ወዮም መኳንንቲ ጣልያን ገፊፍ ክብ
ሉ መጹ፤ ምንቃል ቀሪቡ እዩ ቢሉ ወዮ ሰብ ሻቡ ኣብዚኑ ኣዕገ
ርገረ፤ ሻቡ ዛብጥያታት ምውቃዕ ተላመዱ፤ ሻቡ «ኢእታን ዋይ
ታን» በዙይን በቱይን ኮነ፤ ብዙኃት ሰባት ተረግጹ፤ ብዙኃት ኣን
ስቲ ወዲቐን ዘልዕለን ሰኣና፤ ድኅሪቱይ ኃሙሽተ ደቂቕ ከይጸን
ሒ መለኸት ሩምሩም በለ ወዮ ሰብ ከም እምኒ ኸይኑ ንቕሩብ
ጊዜ ተዓኒዱ ሱቕ በለ፣ እቶም ዓስከር ናብ ባቡር ክድይቡ ምስ
ዠመሩ ከም ብሓዲስ ወዮ ሰብ ተሃውከ ግን ንቕሩብ ጊዜ ኾነ፤
እቱ ሐጹር ኅጺን ተዓጽወ ባቡራት ፊጽ ፊጽ በላ በብቕሩብ እው
ን ሰለል ሰለል እናበላ ክምቲኣቶም ዝመሰሉ ኣኾባዝ ብምጻረን
ኰሪዔን ኽከዳ ዠመራ፤ ወዮም ዓስከር ሻቡ መኣረምያታቶም ኣው
ጺኦም ከንበልብሉ ዠመሩ፤ “ዓደየ ድሓን ዓሊ ኣነስ ከይደ ትሩ
ቡሊ„ እናበሉውን ደረፉ በዙ ደርፌ እዙይ ንሃገሮም መወዳእታ
ጊዜ ኢድ ነሚኦምላ ክሳብ እታ ባቡር ትሃትፈላ ከምኡ ቢሎም
ከዱ፤ መወዳእታ ሰላምታኦም እወ፣ ከመይሲ ብዙኃት ካባኣቶም
ዓዶም ኣይክምለሱን እዮም፤ ድሪትንከ ኂዛቶም እቱ እምባ ሀት
ፍ ክትብል ከላ ከምዙ ሓደ ሰይጣን ንሓደ ሰብ ኂዙ ኣብ ውሽጢ
ጠረንጦስ ዘእትዎ እሞ ዘይመልሶ ከማኡ ትመስል ነበረት ። ምስ



ዞም ዝበልናዮም ትኳቦ ሃብተ–ሚከኤል ነበረ ። ኣቐጽልቲ ዓዶም
ኣዋሊዕን ኣጻሕድን ቈላቐልን ካብ ዓርበ–ረቡዕ ክሳብ ነፋሲት
እምበትካላ ድኅሪ ርእዮም ኪነው ጊንዳዕ ኣቢሎም ክበጽሑ ንቘጽ
በረ'ኻ ተቐረቦም፤ ድሪት ጓል ኣብያ በቱ ምድረ በዳ ዝመስል በረ'ኻ
ባሕሪ ዕንድር ኣምሲያ ኣማስያኡ ናብ ምጽዋዕ ደበ'ኽ ኣበለቶም ።

ድሪት ማለት ጸላም ባቡር ማለት እዩ። ቐላይ ባጽዕ ትኪ
ክመስል ኅብሩ ብግሜን ብዒግታን ተጐልቢቡ ኣብ ቅድሚ
ዓይኖም ለጥ ቢሉ ተራእዮም ። ሻቡ ትኳቦ እሞ እቶም ከማ
ኡ ዝበሉ መዠመርያ ዓመቶም ዝወርዱ ዝነበሩ ባሕሪ ብም
ርኣይ ዝገረሞም ግርማ ክንገር ኣይክኣልን ። እሞ ብሓቂ ባሕሪ
ንመዠመርያኡ ዝርእዮ ምስትንክር ነገር እዩ፤ እቱ ሻዑ ዝስምዓ
ካስ ምዕቃኑ የድልዮ እምበር እቱ እትትርኸሉ ሰብ ክርድኦ ኣይ
ክኣልን ። ለጥላጣ፤ ስፍሪ ዘይቢሉ፤ ሓደ ዝኅብሩ ሜዳ እዩ፤ ብም
ሽትን ብምኾሓትን ክትርእዮ ሓመ'ሹስታይ፤ ብቐትሪ ክትርእዮ
ግን ትትያ ዝመስል ለምዒ ። ኣብ ቅድሚ እቱ ራእይ እቱይ ልብ'ኻ
ዝሓስቦ ኣይፈልጥን ከምዙ ብሕልሚ ሓደ ጽቡቕ ነገር እትርኢ
መሲሉካ እውን ሀነን ኢልካ ትተርፍ፤ ሻቡ ዘይንገር ሓሳባትን ድላ
ያትን ንነፍስ'ኻ ይኅድሮ፤ ክትውስኖ ዘይት'ኽእል ሓደ ሀረርታ ይስ
ምዓካ፤ ጐዩ'ኻ ምንጣር እሞ ናብቱ ጌጽ እቱይ ምጥሓል ዶ። ሄ...
ፍርሂ'ኽ ናበይ ክት'ኸይድ፤ ነፍስ'ኻ ተናዊጹካ ድላይ ብ'ኽያትን (እን
ታይ እሞ ክብለኩም) ድላይ ስሓቅን ብሓደ ይወርሰካ፤ ንዙ ኸም
ዙይ ዝጽብቕ ነገር ዝፈጠረ ኣምላ'ኽ ከመስግን እውን ልብ'ኻ ናብ
ሰማየ ሰማያት በሪሩ ሓፍ ይብል ። ሻቡ እዙይ እዩ ክትብሎ እት
'ኽእል ተድላንከ ንኣይ ከምዝመስለኒ ኣባኡ ኸይንካ እቱ ባሕሪ ዘይ

ምኖን ዘይልወጥን ከይትልካ ንዘለዓለም ምርኣዩ እሞ ንቱ ጣዕሚ እቱይ በብንእሽቶ ምስትምቓር እዩ ። እቱ ጨርባሕ እናበለ ናብ ደረት ዝኣቱ ማይ ብድምጹ እንተዘየንቅሓካ ሕልሚ መሲሉካ ብሓቂ ሰልሀም ቢልካ ምደቀስካ፤ ጣዕሙ ብዘይ መጠን እዩ ። ብወጋሕታ ተንሢእካ ባሕሪ ክወፍር ከሎ ከም ታእላው ዘይቢለን ኣጣል ቀቅድሚት እናተጓነጸ ዝኸዳ እቶም መዋግድ እናተጻፍዑ ክኸዱ ክትርኢ እሞ ምስኡ ኸዓ በቱ ታህዋኽ ማይ ኣብቱ መቖሎ ዝኾነ ምጽዋዕ ፈስፈስ ዝብል ጥዑም ንፋስ ገገጽካ ክሃርመካ፤ በቱ ሓደ ወገን እውን ገሊኤን ጀላቡ ሽራዔን (ጋንጽላ እውን) ገቲረን ዓሣ ክገፋ ክነቕላ ፤ ሓደ ክልተ ገለ ዝብላዕ ኣብ ጥቓ ዓዲ እንተረኸቡ ቢሎም ዝመጹ ዓበይቲ ዓሣታት ምድሪ ኸይቐትሮም ጥንቅልዓሽው እናበሉ ክሃድሙ ምርኣይ ከመይ ዝበለ ይመስለኩም ። ሻቡ ብዛዕባ ባሕሪ ጥብርያደስ ብዛዕባ ጌንሣሬጥስ ኣብ ወንጌል ዘንበብካዮ ሻቡ ዝረኣየካ ይመስለካ፤ ጴጥሮስ እንድርያስ፤ ደቂ ዘብዴዎስ፤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኩሎም ይዝከሩኻ ። እዙ ዝበልናዮ ነገር ንኹሉም ተሰምዖም ። ንጽባሒቱ ሰዓት ፱ ናይ ምሸት ንቐል ንቐልከነ ፤ እታ ንኣታቶም እትወስድ መርከብ ሓዋ ኣጕዳ ትካ ቡፍ እናበለት ድሮ ከምተሰናደወት ነገረት ። መዠመርያ እቶም መኳንንቲ ማልያን ኣብ ክውን ዝበለ ሥፍራ ተቐመጡ ንወዲ ሓበሻ ግን ኣብቱ ጐልጐል ዝመስል ኩሉ ሰብ ዝረግጾ ማይ እንተ መጸ መስቀሊ ፀሐይ እንተ መጸ እውን መኸወሊ ዘይቢሉ ዝባን እታ መርከብ ከም ጨሉብጊዕ ዳጐኑዎ ። ንሳ መዘወሪ ኩሉ ብምዝውዋሩ ውሽጣዊ ነገራ ተንደቕድቐ ነበረት። ኖትያት ሻዑ ብዙኅ ይጽዕሩ ነበሩ፤ ገሊኣቶም ንቱ መውረዲን መደየብን መሳልል ጠቕሊሎም ይዓጽዋ፤ ገሊኣቶም ንቲ ሓፍ ዘይብል መልሕቕ እንካብ ዕመቕ ባሕሪ ብመዘዋወር ገቢሮም ይስሕቡ፤ እዙይ ክገብሩ በዙይን በቱይን ይወናጨፉ ነበሩ፤ ኣብ ኣጋ መወዳእታ ዘብዔይና ዛብጥያታት ገለ ተኃቢኡ ዝኸይድ ሰብ ከይረኽቡ ቢሎም ንታ መርከብ ይኹሉዋ፤ ኩሉ ተጨረሸ ። መርከብ ብወዮ ክንዲ ገለ ዝኸውን ናብ ኣማዑቲ ካውን ቍሪ ዘእቱ፤ ኑሓሪ ኡእ በለት በብቕሩብ ለመም እናበለት እውን ክትገዓዝ ዠመረት ። እቶም ደቂ ኢትዮጵያ ኽደርፉ ዠመሩ፤ ሓደ ጽጋብ እናኸረረሎም ድሉው ኣባ ግራይ እውን ከበሮ እናትምተመሎም ምድሪ ሰማይ ኣጽመሙ ። ትኳበ ግን ብብዙኅ ሓሳባት ተወረሞ ኣብዙ ጸወታ እዙይ ኣየቕለበን ። ኣብቱ ደሶ (ድኅሪት ማለት እዩ = poppa) እታ መርከብ ኮይኑ ንዓዱ ኣቢሉ ገጹ ገቢሩ ንኣቦኡን ንኣዴኡን ክሓስብ እንከሎ ምጽዋዕ ገዲፉዎ ክሂድም ረኣዮ፤ እሞ ብሓቂ ብጸልሚት እንካብ ሓደ በሪ ዝነቕል ሰብ እቱ ዓዲ ገዲፉዎ ዝርሕቕ እምበር እታ መርከብ እትኸይድ ኣይመስሎን። ምደረ ዓደቦኡ ገዲፈዎ ንድሕሪት ሃው ክብል ምስ ረኣዮ ሓዲስ ምድንፋቕ ኣተዎ፤ ሕንቕንቕ ቢሉውን ንብዓት ቅርብ በሎ፤ ኣናብ ልሙዕ ጐላጕልኪን ኣናብ ስሉም እምባታትኪን ዘዕበኽኒ ሃገረይ ድኅን ኩኒ፤ ምስ ከብተይን ምስ ጓሶትንን ዝኃድረልካ ዝነበርኩ ጸምጸም በረኻ ዓደይ ድኅን ኩን እናበለ እውን ተናገረ።

ንዓዱ ገዲፉ፤ ዝኸይድ ሃውቲቱ
ድኅሪ ጠዲ ጓና፤ ዝኸይድ ተዃቲቱ
ኣዩ ምእንቲ ሃገሩ፤ ኣይ ምእንቲ መሬቱ
ማዕሰ ኣይክወጽሉን ክሳብ ጊዜ ሞቱ ።

ዝብል ቅኔታይ ንዝተናገሮ ባህሊ እናሓሰበ እውን፤ እንታይ ቢለ
ተወለድኩ ዝብል ሓሳብ መጸ፤ "ኣትየያ እየ ባዕለይ ደጊምስ እጽገባ
ድኣ" እናበለውን ሓሩቖቱ የኲማስዕ ነበረ። ምጽዋዕ እንከ ምህዳማ
ትቐጽል ነበረት፤ እኒሆ ደጊምስ ወዮ መብራህቲ እናሰሖ ይኸይድ
ነበረ፤ እምባታት ጦብያ እውን ከም ሓደ ዓቢይ፤ ብድነ ዝተኸ
ድነ፤ ምንዋሖ ክስፈር ዘይከኣል መንደቕ ክመስል ይርኢ ነበረ፤
ደድኅሪ እታ መርከብ ግን እቱ ማይ እናዓፈረ ይጻፋዕ ድኣ፤ ከም
ዝኽተሎም ዝነበረ ውሕጅ እውን ይመስል ነበረ፤ ብየማኖምን
ብፀጋሞምን ከዓ ሓድ ሓደ ፋኑስ ቀይሕን ቈጻልን ዝዓይነቲ መጨረሻ
ናይ ዓዶም ዝኽሪ ይኣ ክኾኖም ቈለጭ ጥፍእ እናበለ ሰላም ደኣ፤
በሎም፤ ንኣኡ ኅልፍ በሉዎ፤ ክሳብ ዝጠፍእ እውን ድኅሪት ቀኊሊ
ሕ እናበሉ ረኣዩዎ፤ ቀሩብ ጸኒሑ ግብ በለ። ሻብቱይ ኵላቶም
እዙይ ክበሃል ዘይከኣል ሓሳባት ወረሶም፤ ኵላቶም ቃዘኑ፤ ወዮም
ዝደርፉ ዝነበሩ እንዲዒሎም ከይተፈለጦም ግድፍ ኣበሉዎ፤ ሃገ
ሮም ይገድፉ ከምዝነበሩ ተረዲኡዎም እዩ። ወዮም ቀሩብ ጊዜ
ኣቐድም ኣቢልካ ዝረኣኻዮም ጽጉባት ኣጕባዝ ሓደ ነገር እውን
እንካብ ታሕጓሶም ዘከላልኦም ዘይመስሉ ዝነበሩ፤ ሻቡ ኵሎም ዝን
በሉ፤ ኣብ ዘዘለውዎ ኾይኖም እውን (ዓራትዶ ወይስ ንእዲ ዝቐ
ረቦም ከይኑ) እቱ ዝነበሮም ባርኖስ ተኸዲኖም ጕልብብ ቢሎም
ኣብ ዝረኸብዎ ጸግዒ ተጸጊዖም፤ ድቃስ ኣምሲሎም፤ ኣባኡ ኾይኖ
ም ሓሳባት ዠመሩ፤ ወለዲን ኣኅዋትን ዘለዎ ወለዱን ኣኅዋቱን
ሰበይቲን ደቂን ዘለውዎ ከዓ ሰበይቱን ደቁን ክዝክር ዠመረ፤
ንሳቶም ዘይቢሉ ሓደ በይኑ ዝኾነ እንተሎ ከዓ ከዕሩኹን ነቶም
ብዝኾነ ይኹን ልቡ ምብኣቶም ተኣሲሩ ዝነበረ ሰባትን ዘከረ፤ ኵላ



ቶም ብኃባር ከዓ ዓዶም ተራእዮም ። ሻቡ ልቦም ከመይ ቢሉ ዝሀ
ወኸ ከምዝነበረን ከዓ እንካብ ምንጋሩስ ምሕሳቡ ይቀልል ። ናይ
ዓደቦ ዝኽሪ ፍጹም ኃያል እዩ ። ከምኡ ቢሎም ከለዉ ሓደ ድቃስ
ዝመስል ሰላምታ ወሰዶም፤ ምሉእ ለይቲውን ክዝክሩን ክሓል
ሙን ኅደሩ ። ንጽባሒቱ እውን ትንሥእ ምስ በሉ የማነ ፀጋም
ቀኊሊሕ እንተበሉ፤ ኣብ ፀጋሞም ደረታት ሓባብ ረኣዩ፤ ደስውን
ብሎም ከመይሲ ሽሕኳ ዝፈልጡዎ እንተዘይኮነ ግን ምስ ዓዶም ዝተ
ላገበ ምስ ዓዶም ብዙኅ ክፍሊ ዘለዎ እዩ። ካብኡ ኃሊፎምንክ ኣማ
ስያኡ ኣቢሎም ኣብቱ ባሕሪ ዝገፍሓሉ ስፍራ ኣተዉ እሞ ኣባኡ
የማነ ፀጋም ንታሕቲ ቀኊሊሕ እንተበሉ፤ ቀኊሊሕን እንተበሎ ንላዕሊ፤
እንተጠመቱ ማይን ሰማይን፤ እምበር ካልእ ኣይረኣዩምን ነበረ ።
ሃሩር ይስምዓቶም ነበረ፤ እንተኾነ ኣብ ልዕሊ ማይ ንዝኸይድ ሰብ
ንቱ ማይ ብምርኣይ ጥራሕ እውን ናይ ሃሩር ሓሳብ ዝመሰለ ይኸ
ደሉ እዩሞ፤ ብዙኅ ግዲ ኣይሞቱን ነበሩ ። ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ
ወጋሕ ክብል ከሎ በረ ሱዳን ዝተባህለ እንግሊዝ ገዚኣሞ ዘለዉ
ከተማ ኣተዉ፤ ኣባኡ እውን እታ መርከብ ደርጓዕጓዕ እናበለት ንቱ
መልሕቃ ደርቢያ ደው በለት፤ ናባኣ ኣቢሎም ብዙኃት ጸለምቲ
ሱዳን ከክንዲ ገለ ዝኾኑ ውርር በሉ፤ ኣባኡውን ክልተ ሕዝቢ
ኣፍሪቃ ሱዳንን ኢትዮጵያውያንን ገጽ ንገጽ ተጠማመቱ፤ እቲኣ
ቶም "ሆይ እዘን ሽዩጣት ምእንቲ ገንዘብሲ ትሩቡሊ ይወርዳ ኣለ
ዋ;, ብዝብል ሓሳብ እቲኣቶም ከዓ "እዘን ጸለምቲ እዚኤን እምበር
እየን ብምንታይ ይበልጻና,, እንክብሉ በብውሽጦም ይመዛዘኑ ነበሩ።
እንካብቱ በረ እቱይ ባቡሮ ገፊፍ ክትብል ነቐለት፤ እቶም ዓስከር
እውን ኣብቱ ወገን ባሕሪ እቱይ ብዙኃት <u>ከልቢ መሰል</u> (pescecane)

ዝበሃሉ ሰብ ዝበልዑ ዓበይቲ ዓሣታት ኣለዉ ዝብል ወረ ሰሚዖም ነበሩሞ እንተ ረኣዩ ይኣ ቢሎም ቅልቕል ቅልቅል ይብሉ ነበሩ፤ እንተኾነ ኣብ ክንዲ እቶም ዝደልዩዎም ዝነበሩ፤ ካልእ ደልፊንስ ዝበሃሉ ጥንቅልዓሸው እናበሉ ብየማን ፀጋማ ንታ መርከብ ዝስዕቡዋ ዝነበሩ ዓሣታት ረኣዩ። እዞም ዓሣታት እዚኣምንከ ፈተውቲ ሰብ እዮም ይበሃሉ፤ ደድኅሪ መራኽብ መምጽኢኦምውን ይኣ ገለ ሰብ እንተወደቐ ከልዕሉ ንማለት እዩ። ከምኡ ንሓደ ሲሞኒስ ዝተባህለ ቅኔታይ ጸላእቲ እንካብ መርከብ ምስ ደርበይዎ ሓደ ደልፊንስ ጸዊሩ ናብ ዓዱ ኣብጽሖ ይብሃል። ገሊኣቶም ግን ገለ ዝብላዕ እንተንጠቡሎም ስለ ማለት እዮም ይብሉ። ኣየናይ ሓቂ ምዃኑ ኣይፈልጥን። ዓስከርንሞ ናይዞ ኹሉ ባህሊ ሓደ ጽንጽንታ እኳ ኣይነበሮምን ሱቕ ቢሎም ድኣ ይጥምቱ ነበሩ፤ እንተ ደልፊንስን ከዓ «ኣፋኒና ሩብ ኣሳጊርና ኣቶናክን ሰብ ጕምበ ስዋና» እናበላ መርዓት ኣፋኒየን ከም ዝምለሳ ኣዋልድ፤ ከምኡ ቢሎም እናተጠልሓሙን እናወጹን ሰብ ከድኅኑስ ይኹኑ ዝብላዕ ክደልዩስ ይኹኑ ንበሪ ሱዳኖም ድኣ ተመልሱ። ምድሪ ጽልግልግ በለ፤ ሻዕቱይ እውን ሓደ ዝሑል ንፋስ መጺኡ ኣዝሕል ኣበሎም፤ ቀሩብ እውን ነፍሰም ተመልሶም፤ ኣብ ማእኸል እቱ ባሕሪ እቱይን በቱ ጸልማት እቱይን እታ መርከበም በይና ከምኡ ኸዓ ካልኣት ዝኃልፉን ዝገብኣን መራኽብ እንተ ተጓነፋኦም ይበርሃ ነበራ፤ እዞ ትርኢት እዙይ ፍጹም ዘደንቕ እዩ። እንካብ ኵሉ ዘደነቖምን ከዓ ሽዑ ኣብ ማእከል እቱ ባሕሪ ወርኂ ክትወጽእ ምስ ረኣዩ እዩ።

ምድረ ሰማይ ሃዲኡ ዝግ ቢሉ እንከሎ ብወገን ምሥራቕ፤ እንካብ ዓዲ ዓረብ ማለት፤ ሓደ ኽብ ዝበለ፤ ከም ፍርቂ ጣይታ



ዝኾነቱ፤ ቈጥቋጥ ዝመስል ዓይነቱ ነገር፤ እንካብ ቀላይ በሎኽ ክብል ረኣዩ፤ "በስመ ኣብ ወወልድ ወመፈስ ቅዱስ,, ቢሎም ገጾም ዐተቡ፤ ሓደ ዘደንግጽ ምትሀት (፩) ዝረኣዮም ዘሎ እምበር ወርኂ እትወጽእ ዘላ ይመስሎም ኣይነበረን፤ ኣንፉ ዝብሉዎ እኳ ኣይመጾምን። ኵሉ ቀልቦምን ሃሞምን ምሳኣ ኾነ፤ ወያ ወርኂ በብቀሩብ እናተላዕለት ንቱ ማይ ደም ኣምሰለቶ፤ ሻቡውንከ ገለ እንካብኣቶም ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዘንበቡሞ፤ ኤርትራ ቐይሕ ከምዝኾነ ትርጓሜኡ እንተዚፈልጡ፤ እቱ ምሳኣም ዝነበረ ባሕሪ ካን ንሱ ምመሰሎም፤ ብዕብየት ኣቦይዝጊ ተላዓዒሎም እውን ብመንፈሳዊ ልቢን ብታሕጓስን ንሴብሖ ለእግዚኣብሔር ስቡሐ ዘተሰብሐ ዝብል ድርሳን ሙሴ ክደግሙ ነገሮም። እታ ወርኂ ብምልእታ መሰስ በለት፤ ወይበ ዝመስል ዓይነት ለቢሳ እውን ብጊዜኣ ንቱ ማይ ኣወየበቶ፤ ንሱንከ በቱ ብርሃና ደስ ከምዝበሉ ኽርኢ ክትደርዞ ቢልካ ኅዝ ከምዘበልካየ እንስሳ እሞ ደስ ቢሉዎ ቈርበቱ እስር ዝርግሕ ዘብል ከማኡ ቀጥቀጥ ይብል ነበረ። ድኅሪቱይ ወርኂ ብብቅሩብ ቆሎ መሰለት ንቱ ኽዲኑዎ ዝነበረ ቆብር ኣርኂቓ እውን ንባሕሪ ኳዕ ቢላ ኣብርሃቶ። እታ መርከበም በርሀት እቱ ንሳቶም ዝነበሩዎ ስፍራውን በርሀ። እታ ሓመሮም እንክትከይድ ከላ ንሳ ወያ ወርኂ ብሓደ ዘይረአ ገመድ ኣባኣ ኽምዝተኣሰረት መማዕረኣ ትኸይድ ነበረት፤ ንቶም ዓስከርስ ትኸይድ ትመስሎም ነበረት ክብል እየ። ሽዑ ወዮም እንዶ ባሕሪ ዘይነበሮም ደቂ ጦብያ ኣብ እቱ ትርኢት እቱይ ሃሀ ቢሎም ተረፉ፤ ዝሓልሙ እምበር ዝርእዩ ኣይመስሎምን። ኣብ ማእኸል ኣንፉን ርእሱን ዘይትርእየሉ ቐላይ

(፩) fantasma ማለት እዩ፤ ኣብ ወንጌል ዘሎ ቃል ግዕዝ እዩ ።

ብለይቲ፤ እሞ ካብ ጸልማት ብሉብሉ ናብ ብርሃን ምስጋር፤ ልቢ ንዘለ ዎን ቅሩብ ናይ ጽባቑ ነገር ክኣትዎ ንዝኽእል ሰብን ፍጹም ሰማያዊ ራእይ እዩ ። ኣቦይዝጊ እንካብ ዝፈጠሮ ነገራት ኪለው ዝጽብቕ ባሕሪ እዩ ኣብኡውን እዩ ዕብየት ኣቦይዝጊን መስፈርትነት ዘይምህላውን ዝፍለጥ። ሃገረይ ባሕሪ ስኢና ኢያ ካብ ነገሥታት ዓለም ትሑታ ዘላ ሕዝባውን እንካብ ጥበባት ሱታፌ ርሒቑ ደንቀሩ ዘሎ ቢሉ ልቢ ዘለዎ ይኃዝን። ከምዙይ ቢሎም ክይድ ድኅሪ ኃዲሮም ንጽባሒቱ ኣጋ ምሸት ጥቓ ዓዲ ግብጺ በጽሑሞ እቱ እስራኤል ዝተሳገሩሉ ስፍራ በዙይ እዩ፤ በቱይ እብ እዩ ተበሃሃሉ፤ ብፍላይ እታ ስፍራ እንተዘይፈለጡ እውን ወገኑስ ንሱ እዩ። ንሱውን ንቱ ናይ ኣቦይዝጊ ዕብየትን ክእለትን ናይ ቅዱሳን መጻሕፍቲ ዝኽርን ኣፍልጦን ኣኽብሮን ዘለዎ ኢትዮጵያዊ ልቢ ፍጹም ደስ ኣበሎ። እንካበኣቶምውን እቶም መምሁራን "ፈረሰ ወመስተጽዕነ ወረወ ውስተ ባሕር„ ዚብል ቃል እናደገሙ ብውሽጢ ልቦም ንኣምላኽም ሰገዱ ። ብማዕዶኣም እውን እምባታት ዓረብ ምስ ደብረ ሲና ረኣዩ፤ "ኦ እንካብ ኵሉ እምባታት መውረድ ኣቦይዝጊ ክትከውን ዝተኃረኻ ቅዱስ ጠረር ሰላም ንኣኻ„ እናበሉውን ናብኡ ኣቢሎም ሰገዱ፤ ወዲ ኢትዮጵያ ብቅዱሳት መጻሕፍቲ ንዝስመዩ ስፍራታት ፍጹም ብባሕርዩ የኽብር እዩ። ዝኾነ ኾይኑ መርከቦም ንቕድሚት ትጕዓዝ ድእ ነበረት ። ወትሩ ካብ ዓዶም ዝርሕቁ ከምዝነበሩ እናሓሰቡ እውን ልቦም ድምብርጽርጽ ይብሎም ነበረ፤ ደጊም ራብዓይ መዓልቶም ወዲኦም ኣብ ኃምሳይ ኣቢሎም እዮም ዝሳፈሩ ዝነበሩ ። ወዮ ባሕሪ እናጸበበ ክንዲ ዝኸደ እውን ክልቲኡ ደረት እስያን ደረት ኣፍሪቃን ተራእዮም ። ልቦም ትልዕዕል ኣበሎም ። "ኦ ምስ



ሃገርና ጠቢቕኪ ዘሎኺ ብውኅጆ ኣባይና እውን ማይ እትሰትዩ፤ ብመሬት ዓድናውን እትፈርዩ ምድሪ ሰላም ንኣኺ„ ብዝብል ቃል እውን ሰላም በሉዋ ። ንጽባሒቱ ኣብ ሱወዝ ዝበሃል ከተማ ዓረብ ዓረፉ፤ ኣብኡ ግብጻውያን ወረሩዎም፤ ሰብ ነዋኅቲ ቐሚስ ሰብ ካኪ በብዓይነቱ፤ በብዓይነቱ ዝኅብሮም፤ ገሊኦም ተምሪ ዝሸጡ ገሊኦም ፉል ገሊኦም ሓለዋት ሽኳር ዝሸጡ ነበሩ ። ንቱ ብዘይካ ነጻላን ብኽዳን ብዘይካ ናይ ወዲ ሃገሩን ካልእ ገጽ ብዙኅ ዘይረኣየ ብዘይካኡ ካልእ ፍጡር ሰብ ዘሎ ዘይመሰሎ ወዲ ሓበሻ እዙ ነገር እዙይ ምስ ረኣየ ብዙኅ ኣደነቐ፤ ዓለም ክንደይ ይገፍሕ እዩ ዝብል ሓሳብ እውን መጸቶም ። እንካብቱ ከተማ እቱይ ነቒሎም መስኖ ሱወዝ ኣብ ዝተባህለ፤ ዓቢይ ውኅጆ ዝመስል፤ ቀጢን ባሕሪ፤ መርከቦም ኣተወት፤ ገፊፍ እናበለትውን ናብ በሪ ስዒድ ዝተባህለ ከተማ ግብጺ ደበኽ ኣበለቶም። ኣብኡ ባሕሪ ሮም (ሜዲተራነዩም) ብመላኡ ኣብ ቅድሚኦም ለጥ ቢሉ ሞገዳት እውን እናተዛበጡ ክኃየዩ፤ ኣብቱ እትወቱ ኸዓ ሓደ ዓቢይ ሰብ ቆይሙ መንዩ በዚ ዚኃልፍ ዝብል ዳርጋ ዚብል ዚመስል ረኣዩ፤ ንሱ ምስሊ እቱ ንመስኖ ምቕዳድ ዝኃሰበ ዓቢይ ብልሂ ዝኾነ ዴለሰጥስ ዝተባህለ ፈረንሳዊ ነበረ ። ንሳቶም ግን ኣይፈለጡዎን፤ ኣብኡ ኸዓ ካልእ ድንቂ እኒሆ ። ሰብ የማነ ፀጋም ክጻፋዕ ረኣዩ፤ ኣባኡ ገዛውቲ ብብዙኅ ደርቢ ዝቕመ፤ ሰጥ ዝበለ መንኰራኵርን ሠረገላታትን ዘሸከርክራሉ መንገዲ፤ ድሙቕ ብዙኅ ዝትርኢቱ ፋኑሳት ነበረ። ወይ ግሩም ዕጹብ፤ ወይ ኣምላክ ምባል ዠመሩ። እንካብኡ ተላዒሎም ናብ ባሕሪ ሮም ኣተዉ ኣብኡውን ወትሩ ንፀጋም እናተጠምዘዙ ትርኢት ኣፍሪቃ ከይተኸወሎም ብጥቓ እስክንድርያ ኃለፉ ግን ደው ኣይበሉላን ።

“እስክንድርያ መንበረ ማርቆስ እስክንድርያ ቅድስቲ ከተማ መንበረ ሊቀ ጳጳሳት„ እናበሉ ፍጹም ተሓጕሱ ወሪዶም ክርእዩዋን ክሳለሙዋን እውን ኣይምጸልኡን ግን ኣይከነሎምን ። ካብታ መንበር እቲኣ ኣቡናት ተተባሂሎም ንኢትዮጵያ መጺኦም እልፈ ባዕዳን ዘጎስሩዎም ከምዝነበሩ ግን ኣይፈልጡን ። ይዋእ ሓበሻ ወትሩ ንነገር እቱ ጸጽቡቑ ይርአዮ እምበር ከከፉኡስ እንካብ ዓይኑ ምስ ተኸወለ እዩ ። እንካብኡ ቅሩብ ንባሕሪ ኣቢሎም ስጥጥ ኣቢሎም ደኃር ግን ናይ ኣፍሪቃ ደረት ደረት እናተዳረቱ ዴርና ናብ ዝተባህለ ናብቱ ዝወርዱሉ ከተማ በጽሑ ። እኒሆ ደጊምሲ ናብ ዓዲ ስብእነቶምን ንብዙኃት ከዓ ዓዲ ሞቶምን በጺሖም እዮም ፤ እዙይ ምስ ፈለጡ እውን ነፍሶም ሽቑርር ቢሉ ቈርበቶም ግፍፍ በሎም ። ወረዱ ድኣ ። ኣቓሑቶም ጸዊሮምውን ገፊፍ እናበሉ ክሽዱ ሑጻ ምድረ በዳ ትሩቡሊ ቆለዎም ፤ ክዓርፉ ቢሎምውን ድኳን ተኺሎም ኣባኡ ግምስስ በሉ ፤ እቱ ባሕሪ ፍጹም ኣድኪሙዎም ነበረሞ ብኡ ብኡ ድቃስ ወሰዶም ።

ዕረፉ ኦ ንዕረፍቲ ዘይመጻእኩም ፍቑራን ደቂ ዓደይ ፤ ዕረፉ ዕረፍቲ የድልየኩም እዩ ከመይሲ ብዙኅ ሥራሕን ጸገምን ክትጸሩ የድልየኩም እዩ ኣብዙ ርሑን ሃገርʼዙይ ። ኣዕራብንከ ኣማዕድዮ ርእዮም ነንሓድሓዶም ቲርእዮዶም ኣሎኻ «እዙ ብገንዘብ ሕይወቱ ዝሸጠ ከልቢ ሓበሻ» ይበሃሉ ንግደሮም ፤ እዚኣቶምስ ጸላእትኹም ኣይከኑን እኳ ፤ ጸላእቲኹም ድኣ እንታይ ክብሉኹም እዮም ፤ ግን ንስኻትኩምስ ዕረፉ ድኣ ።



## በታ ጸብእን መከራን ።

ብጸላእ ወዲ ጓና ምእንቲ ጓና ቢሉ
ኣይ ምእንቲ ሰቡ ኣይ ምእንቲ ሃገሩ
ኣብ ውግእ ዝመውት ኣባኡ ተቐቲሉ ፤
ክመውት እንከሎውን ብጥይት ሓሪሩ
«ኦ ፍቅርቲ ሃገረይ ንዝሃብክኒ ነፍሰይ
እመልሰልኪ ኣሎኹ ተሓጒሸ እሰይ»
ብሞት ዝመውት ቢሉ ዘይክእለሉ
ይዋእ እዩ ኣካ እዝጊ ጸልኣሉ ።

እናበለ ሌዮፖርዲ ዝተባህለ ሓደ ውሩይ ቅኔታይ ጣልያን ደረሰ ።

እዙ ድርሳን እዙይ ካን ንእዞም ዓስከር እዚኦም ቢሉ ዝተናገሮ ይመስል ። እኒሆ እንካብ ዓዶም ንስድራኦምን ኣዝማዶምን ኣዕሩኽምን ገዲፎም ክንድዙይ ኣባሕር ተሳጊሮም ኣብዙ ደረቕ ዓዲ እዙይ በጽሑ ።

ኣንታ ዓርከይ እዙይስ እምበርዶ ዓዲ ሰብ እዩ ኣብዙ ሑጻ እዙይስ ሓቂ ሰብ ይሓድሮን ይነብሮን ቢሉ ትኳቦ ንሓደ ዓርኩ እዙ ነገር እዙይ ምርኣይ ገሪሙዎ ጠየቆ ።

እንታይ እሞ እበልካ ዓርኩኺ ከምዛ ኽማኻ ዓይነይ ዝሃበኒ እርኢ ኣሎኹ እምበር ፤ ኣነ እንታይ ፈሊጠሞ ቢልካኒ በሎ ። ድኅሪቱይ ዝን በሉ ፤ ኣብቱ መላእ ጭፍራ እውን ሓደ ወስታኽ ሓደ ደርፊኽ በይኑስ ሕሽኽሽኽን ዘይምሉእ ዘረባታትን ጥራይ ድኣ ይስማዕ ነበረ ። ኵላቶም ደንጊጾም ነበሩ ኣብ ገጻቶምውን ኃዘንን ተስፋ ቝርጸትን ምጽላእን ጣዕሳን ጥራሕ ይረአ ነበረ ። ትርኢት

ምድረ በዳ ፍጹም ዘደንግጽ ትርኢት እዩ፣ ሓንቲ ነነው እትብል
ኦም ሓንቲ ልምዕቲ ሣዕሪ ሓንቲ ኣሰር ማይ ዝብሉዎ እኳ ኣይር
ኣየሉን፣ ኣብ ቅድሚኻ ሑጻን ዒንደን ዝዕኸርን ኩምሪ ሓመድን
በይኑ ይረኣየካ ። ቅድሚት ድኅሪት በል የማን ፀጋም ኩሉ ሓደ
እዩ ። ምግፋሑ እንተርኤኻ ክም ባሕሪ ብኹሉ ነገሩ ግን ተጻይ
ባሕሪ ። ኣብ ባሕሪ ዓሣታት ትርኢ ድምጺ ማእበላት ትሰምዕ፣ ኣብ
ምድረ በዳ ግን ድምጺ ሓንቲ ዑፍ ዝብሉዎኽ፣ ዝነፍራ ኣዕዋፍ
ዝብሉወንከ፣ ዘይ ክምዞ መቐሎ ሓጺን ዝኸበዶ እዩ ዝመስል፣ ሰማይ
ወትሩ ምስ ተቐልዐ ኣሰር ደመና ዝብሉዎ ዜልቦ፣ ፀሓይ ወትሩ ምስ
መረረ፣ ንፋስ ዝብሉዎ ትውዝ ዘይብል፣ ዓቕልኻ ኣጽብብ የብለ
ልካ ዓዲ ሞት ድየ ዓዲ ሕይወት ዘሎኹ ኢኻ እትብል ። ወይ ኣፋ
ላላይ፣ ካብቲ ልሙዕን ንፋስ ወትሩ ወልወል ዝብለሉ፣ ዛራ ማያት
ዘንዣሕጋሕሉ ለምለም ምድሪ ኢትዮጵያ ። ንዙይ ቢለ እየ ዝመ
ጻእኩ እንቋዕ ኮንኩ እርከባ ድኣ፣ ዝብል ሓሳብ ንኹሎም መጻ
ቶም ። ብሓረቐት እንትርፊ ንኸንፈሮም ምርምጣዋ ግን ክልእ ክገ
ብሩ ኣይክኣሉን ። እንካብቱ ቀሩብ ደቂሰሞ ዝነበሩ ድቃስ ርሂጾም
ተንሥኡ፣ ሻዕቱይ ናይ ምንቃሎም መለኸት ተነፍሐ፣ ክምዝተኻ
እሎም ርሃጾም ሓናሲሶም ንምድሪ ኣቢሎም ገፊፍ በሉ፣ እንተኾነ
ቀሩብ ከይከዱ ኣእጋሮም በቱ ሑጻ ተመሸለቘ ንቱ ዋዒ እቱይ
ቀሩብ ክጾሩ ቢሎም እውን እናተሰራሰሩን እግሮም እናሓሰዩን
ክኸዱ ዠመሩ፣ ስኣኒ ዘለዎ ስኣኑ ኣእተወ፣ ስኣኒ ዘይብሉ ኸዓ
ዝገብር እንተሰኣነ ዘሎ ጩርቅን ዘለዎ ምኣረምያን ኣውጺኡ ኣብ
እግሩ ዠንዠኖ ። ዘይጠቅም ጥበብ፣ እሞ እዙ ሓዲሽ ስኣኒ እዙይዶ
ንደት እቱይ ክኸልክለሉ እዩ፣ ተገደርና ይበሃል ። ዘይ ረመጽ እዩ



እምበር እንታይ ኪበሃል ይከኣል ። ዘይሂዚ ሄዚ መሬት ዝበሰሎ
ማፍጢ እዩ ። ሓደ ጊዜ ይዝከረኒ፣ ብገርሄይ እናገዮኹ ብሓደ
ማፍጢ ክሓልፍ እንክሎኹ ወዮ እቱይ ለካ ኣይጠፍኣን ነበረ ። እግ
ረይ ኣብቱ ኃመኹሽቲ እቱይ ክሳብ ብርከይ ተዋኅጠ እሞ ሙኽ
ሉቕ ቢለ ወጻእኩ፣ ኵሉ እግረይ ፋዕፋዕ ቢሉ ቑሰለ ። ክምዙ
ኸማይ እዙ ነገር እዙይ ዝረኸቦ እንተሎ ክማኡ ይሕሰብ፣ ዘይረ
ኸቦ ግን ብገርሂ ባዕሉ ክስተንትኖ ዝኽእል ነገር እዩ ። ብኸምዙይ
ዝበለ ጐልጐል ከስ፣ ክንዲ ሓደ ማፍጢ ጥራይ ዘይኮነ ምንኣሱ፣
ደቂ ዓድና ይኸዱ ነበሩ፣ ንሓደ መዓልቲ በይኑ ዘይኮነስ ንኽልተ
ዓመት ኣበኡ ክነብሩ እዮም ። እቲ ንመኸልከሊ ቢሎም ገቢሮምዎ
ዝነበሩ ስኣኒ ወይ ጩርቂ ግን እኳ ኣይጠቐሞምን ከመይሲ ንቶም
ሰብ ኣሣእን እቱ ሑጻ ብማእኸል ስራኽም እናኣተዎም፣ ንቶም
ሰብ ኣጭርቕቲ ኸዓ መዠመርያ ኹሉ እግሮም ዘይሕዝ ብምኺን
ክልኣይ ከዓ ኣተኣሳስራኡ ሳንኩፍ ብምኺን እናሰተኸ ወዮ እግ
ሮም ክምዛ ጥራሑ ዝተረፈ፣ እንታይ እሞ ኪበሃል ረኸቡዎ ድኣ
ብእዝጊ ዝወረዶም ።

ኣርባ ‹ካብ ሎሚ ዝነቀወ ዝብኢ ኣየስረረንን› ከምዚበሃል
ካብ ሕዢ ክምዙይ ቢልና ዝተሣቐናስ ክልተ ዓመት ድኣ ኸመይ
ክንክውን ኢና፣ ይባሃሃሉ ነበሩ ። ክልተ ዓመት ክልተ ዓመት ኣብዙ
ብረስኑ ናይ ምድሪ ገሃነም ዝኾነ ቦታ እዙይ ምስኡ ኸዓ ክፉእ ንፋስ
እናነፈሰ ክም ሓርጭ ዝምድቃቑ ሑጻታት እናመጽኣ ኣብ ዓይኖ
ምን እዝኖምን ኣፍንጫኦምን እናኣተወ፣ ብእጅገኦም ብኸሳዶም
እናሰተኸውን ናብ ሰውነቶም ኣትዩ መከራ የጽግቦም ነበረ፣ ብሓ
ጺር ኵሉ ሰውነቶም ሓዊ ኮነ፣ ክሳብ ኩብዶም ከይተረፈ እውን

ይኣትዎም ነበረ ከመይሲ ንሱ ምድቃቹ እዙይ ክበሃል ኣይክኣልን
እዩ ፡፡ እዘ ናብ ሃገራትና መጺኡ ኣእካልናን ሣዕርናን ዜሕርር ከብ
ትናውን ዜዕብር ከም ግመ ዝምርቃቹ ኵልና እንፈልጦ ጣቓ ዝበ
ሃል እንካብኡ ዝመጽእ ደቂቕ ሖጻ እምበር ካልእ ኣይኮነን ፡፡ ትር
እዩዎ ኣሎኹም መገዲ ኣሽሓት መዓልቲ ካብ ዝምርኃቹ ሃገር መጺ
ኡ እሞ በቱ ጽሩይ ንፋስናን ለምዕናን ዝኒሉ ኽሎ እኳ ናይ ምን
ቃጽን ናይ ምሕማምን ኃይሊ እንካብ ረኽበ ፤ የግዳ ኣብ ማእከል
ዓዱን መሠረቱን ኣብ ማእከል እቱ ዝፈልሓሉ ምድሩ ምስቱ ሃሩር
እቱይ ብዘይ ሓደ ጽላል ኦምን ቈጽልን ምስ ረኽበካ ከመይ ይኸ
ውን፡፡ ክንደይ ዝሓሙ ኽምዝነበሩ ኣቦይዝጊ በይኑ ይፈልጦም ከም
ዝወረዶም ምሉእ መዓልቲ ክይድ ድኅሪ ውዒሎም ኣማስይኡ ኣቢ
ሎም ተሳፈሩ ፤ ኣእጋሮም በሲሉ ተረሚጹ ነበረ ፤ ክዓርፉ ቢሎም
ቅሩብ ደሞም ምስ ረግኤ እውን ሮቕሮቕ ቢሉ ማይ መዓንጦ፡፡ ኣበ
ኡ ኽምዝኾነ ተገማሲሶም ኣብቱ ሖጻ ብዘይ መንጸፍን ብዘይ ከዳ
ንን ዕጣቖምን ክዳውንቶምን ከይፈትሑ ድቃስ ይኣ እንተ መጸም
ቢሎም ኣብ ባይታ ለም በሉ ፡፡ ንቶም ብበቕሊ ክኸዱ ዝወዓሉ
መኳንንቲ ጣልያን ግን እንከብ ዛዕጊ ለይቲን እንካብ ደሮናን ክኸ
ውሎም ትብሂሉ ድንኳን ተተኸለሎም ፤ ዓራት ተነጽፎሎም ማይ
ተቀረበሎም ፡፡ ብዝተገብረ ገባረኡኽ መን? ወዲ ሓበሻ መከራ
ዝዕድሉ ግዲ፡፡ እቶም ካልኦትከ ዘይሕግዙዎም ኦሆይ ከኣላይ ጊላዋስ
ኣንጽፈለይ እንተበልካዮ ኣብርሃለይ ይብለካ ከምዝብሉዎ ምስላ
እዙ ኾሉ ምሕጋዞምን ደገፎምን ዝደሊስ ጊላዎኦምዶ ኣይኮነን፡፡
እቱ ኣብ ማእከል ድንኳን ከይኖም ኣብ ዝተሰናደወ ጠረጴዛ ግርም
ዝኾነ ድራር እንክድረሩስ መን ድዩ ኣበኡ ደው ቢሉ ዘገልግሎም



ዘይ እቱ ለሽብ ክብል ዝወዓለ ብሓሳቦም ውሩድ ዝነበረ ወዲ ሓበ
ሻ ፡፡ ንጽባሒቱ እንክትንሥኡ በቕሎም ጽዒኑ ኣቓሑኦም ኣሰና
ዲዉ ክጻንሖም ዝደሊስ ካብኡ ኃሊፉ መን ድዩ ፡፡ እሞ እንድዒ
እቱ ዝገርምሲ ወዲ ሓበሻ ንፈረንጂ ቐሪቡ ክንዲ ዘገልገለሉ መጠ
ን ዓራቱ ክንጽፍ ከይኑ ጋሻ ዛግረኡ ክኾነሉስ ከይኑ ጸብሒ ክገብ
ረሉስ ሽጋራኡ ክውልዓሉስ ከይኑ ፤ ክንዳኡ እንካብ እቶም ብጸቱ
ክሳብ ፺ ሰማያት ዝበጽሐ ይመስሎ፡፡ ስለዙይ ሓደ ዘይጠቅም ደድ
ኅሪ ሓንቲ በቕሊ ግብጣን ናይ ፋንድያኣ ሽታ እናጻገበ ክኸይድ
ዝወዓለ ባልጠገር ኣብ ልዕሊ ጠርቡሽ ቆብዕ ግብጣን እንተ ተሺ
ከመስ ከምዙ ኣብ ልዕሊ ብጸቱ ዝነገሠ እዩ ዝመስሎ ዝነበረ፡፡ ኣበ
ኡ ናይ ምሸት ሃሩር ድኅሪ ኣቝሲሉዎምን ንፋስ ዘልዓሎ ሑጻ
ድኅሪ ኣጽጊቡዎምን ዛዕጊ ለይቲ እውን ትልግጽ ድኅሪ ኃዲሩሎ
ምን ንወጋሕታኡ ተላዒሎም ካልኣይ መዓልቶም ክኸዱ ነቐሉ ፡፡
ወይ ሻቡ ንዝረኣዮም ገጾም መጽሊዉ ኣዕይንቶም ቀይሑ ከንፈ
ሮም ነቒጹ ነበረ ፡፡ ወዮም ብጠስሚ ዝተለክዩ ክመስሉ ወላህላህ
ዝብሉ ዝነበሩ ኣጕባዝ ኢትዮጵያ ብሓንቲ መዓልቲ ናብዙ ዕብራን
እዙይ በጽሑ ፡፡ ሻቡ ንዝረኣዮም ሓደ ዘይጠቕሙ ዘጕናፋት ሃገር
እምበር ኢትዮጵያውያን ይኾኑ ዝብል ሓሳብ ኣብ ልቡ እኳ ኣይ
ምመጸን ፡፡ ኣብ ዓዶም ግን « ኣቱም ኣቦይ ቀሺየ ፤ ዓገብ እንዶ ኣይ
ትብሉየ፤ ሓደ ጐበዝ ሰኣና ከይዶም ትሩቡሊየ » እናተባህለ ይብኩ
ነበረ ፡፡ ይዋእ ትኳብ ኣብ ገዛኻ ጻባ ዝሰትዮ ይስእን ጠስሚ ዝጼ
ብሖ ይስእን ፤ ስድራኻ ሃብቶም ንዝገብሩዎ ይስእኑ ንስኻ ግን ኣብ
ዙይ ብዕብራን ትመውት ኣሎኻ፡፡ እንካብ ሓደ መገሻ ምስ ኣቶኻ
ስድራኻ ብብሩህ ገጽ ተቐቢሎም ምርቓን በርከትን እናጽገቡኻ ፤

ሕብ ገዛኻ ማይ ውዑይ ንመሕጸብ እግርኻ፤ ስዋ ወይ ጭልቃ አን
ጣጢዕ ንመጥለል ጽምእኻ ልሳሉሰ ዓራት መደቀሲኻ ተሰናዲው
ልካ ይጸንሕ ልብኻ እውን ዓሪፉ ባህ ቢሉካ ትድቅስ ነበርካ፤ ሎሚ
ግን ክንድዚ ይ ለሸብ ክትብል ውዒልካ ኣበየን እዩ ምእታውካ። ምስ
ሕሱም ብዕራይ ውዒልካ ናብ ሕስምቲ ሰበይቲ ኣይትእቶ ዝብሉዎ
ምስላ ክበጽሓካ እኒሆ ፤ ብጽቡቕ ገጽ ዝቕበለካ፤ ድራርካ ዘሰናድወ
ልካ ዘደቅሰካ ሓደኳ ኣይትረኽብን። ምስ ስድራኻ ዝነበርካዮ ጽቡቕ
ንብራ ፤ ሻዑ እዩ ኣጸቢቑ ዝዝከረካ ሻቡ ትምንይ ከተብሎ ኢኻ ግን
ሕይክትረኽበን ፡ ኡፉየ ቢልካ እውን ንቲ ሓሳብ እቱይ እንካበኻ
ንምርኃቕ ክትጽዕር ኢኻ ።

ካልኣይ ምሸት ተሳፈሩ፤ ለይቲውን ከምቱ ቀዳማይ ለይቲ
ግስምስም ኮነ ። ምስ ጽምኢኻ ጥሜትን ሃሩርን ደሮናን ድኻምን
ክምዙ ዝበልናዮ እናኸዱ ፯ መዓልቲ ምሉእ ገስገሱ መረሹ ።
መረሸ ዝብል እዙይ ሓዲስ ቃል ናይ ድኻሞም ምስክር ባዕላቶም
ዘውጽእዎ እዩ ። ሻብቱይውን ኣብቶም ጸላእቲ ዘለውዎ ስፍራ
ቀሪቦም ነበሩሞ እቱ ዝጎልቖም መኰንን ጣልያን ኣብ ፈረስ ቈጭ
ቢሉ ኣብ ማእከሎም ኮይኑ ኵሎም ክምዝሰምዑዎ ገቢሩ ‹ኣይዞኻ
‹አ ጸሊም ዓስከር ኤርትራ፤ እዞም ክትዋግአም እትደሊ ዘሎኻ ጓሶ
‹ት እዮም እምበር ካልእ ኣይኮኑን፤ ጸዓዱ ምኺኖም ግዲ የፍርሃካ
‹ይኸውን እንተኾነ ከማና ኣይኮኑን፤ መድፍዕ የቢሎም ብዙኅ
‹ጥይት የቢሎም፤ ከማና መነጽር የቢሎም፤ ከማና ርኪት የቢ
‹ሎም ፡ ንሕና ጥራይ ኢና ንፉዓት ፀዓዱ፤ ንሕና ጣልያን ጐይቶ
‹ትካ ። ሕጂ ኸዓ በሎ ኣይትፍርሃዮ ፤ ኣጣል ኣግማል ኣሓ ኣእ
‹ዱግ ኣባጊዕ እንተ ረኺብና ካብኤን ሓሪድካ ክትበልዕ ክንህበካ



‹ ኢና ። ግን ወርቂ እሞ ብሩር ወይ ካልእ ንእሽ ዝመስል ኣቕሓ
‹ ረኺቡ ንኣኡ ዝኃዘ ግን ወይሉኡ፤ ሂጅን ኹርባጆ ኣብ ቅድሚ
‹ ኵሎም ብጥራይ መቐመጪኡ ክልምጥጠ እየ ። ሕጂ ኸዓ፤ ሰሚ
‹ ዓኩሙኒ ዶ ኵሉ ኣቕሓ ኣነ እየ ዋናኡ፤ ጐይታኹም ኣነ እየ ዝረ
‹ ኽብኩሞ ንኣይ ኢኹም እትህቡኒ ። ንስኻትኩም ኣብ ትሕቲ ሰን
‹ ደቅ ዕላማ (ባንዴራ) ጣልያን ኮይንኩም ብምውጋእኩም ደስ ክብ
‹ ለኩምን ክትኰርዑሉን ይግብኣኩም፤ ንሕና መንግሥቲ ጣልያን
‹ ዓበይቲ ኢና መራኽብ ባቡራት መዳፍዕ ጠበናጁ ነፈርቲ ባቡራት
‹ ኣለዋና፤ ምእንትዚ ይ ኣጸቢቕኩም ክትዋግኡልና ግዲ እዩ፤
‹ ሕጂ ከዓ ኵልኻትኩም ከምዚ ኣነ ዝብል ቪቫ ኢጣልያ፤ ኣማ
‹ ኑኤል ንጉሥና ኣቪቮ ቢልኩም ጨሪሑ › ቢሉ ነገሩ ፈጸመ ።
እዙይ እዩ ንቶም ኣብ ውግእ ዝቀራረቡ ዝነበሩ ኣጉባዝ ሓበሻ
ዝንገር ቃል ። ብገንዘብ ዝተሸጡ ወተሃደራት ድአ ኣይኮኑን ። እን
ካብኡ ዝዓቢ ቃላት ኪሰምዑ ምኣስ ይግብኣቶም ፡ ንሱ እንክናገ
ሮም ከምዙ ኻልእ ማንም ኣፍሪቃ ፤ ዓደቡ እንታይ ከምኾኑ ዘይፈ
ልጡ ፤ ምእንቲ ዓዶም እውን ንሳቶም እንተ ዘይኮነስ ኣቦታቶም
ብዙኅ ጊዜ ከምዝተራኸቡ ፤ ሓበሻውን ጨዋ ልቢ ከምዘለዎ ብዙ
ኅ ነገራት እውን ከምዝሓስብ፤ ጽሩይ ስምን ጋግንነትን ደልዩ እም
በር ምእንቲ ክልተ ፈረንካ ከምዘይመጸ ኣይፈልጥን ነበረ ።

ኣብ ውግእ ዝቀራረብ ወተሃደር ድኅነታ ወይ ዕብየታ ንዓዱን
ንወለዱን ንሰበይቱን ንደቁን እንተዘይተሰምዩሉ፤ ብልቢ ከምዘይዋ
ጋእ ንፈልጥ ። ኣብዙ ነገር እዙ ሹመይና ጣልያን እንክ ሓደኳ ንዙይ
ዝትንኪ ኣይነበሮን ከምዙ ካብ ዘይፈልጥ ስፍራ ቈላዑ ኣኪቡካ ኣም
ጺእካ ሓደ ነገር ክገብሩልካ ከምትገንሖምን እናሸምጠጥካ እውን

ክምትኀእዶምን ፤ መንፍዓትካ ዥሉ እናውረኻውን ክምተደራርዩ
ምን ክምኡ ቼጺሩዎም ነበር ። ኣብ መወዳእታ “ቪቫ ኢጣልያ”
በሉ ምስ በለንከ እቶም ኵሉ ዘይሓስቡ ብጋውሕታ ዝጥዕም ድም
ጾም ፤ ኡእ እናበሉ “ቪቫ” እንክብሉ ፤ እቶም ለባማት ፤ ምስ
ኦም ከዓ ትኳበ፤ ሕንቐንቕ ቢሎም ምረር ንብዓት ነብዑ ፤ ከመይሲ
እዙ ኣብ ላዕሊ ዝበልናዮ ነገራት ናብ ሓሳቦም መጾም ። ምስ እቶ
ም ዓዶም ከድጎኑ ዝቀራረቡ ዝነበሩ ጓሶት ኣብዳው ንርእሰም እን
ተጨማመቱ እውን ሕንኽ ይብሉ ነበሩ ። ሰብ ምድረበዳ ብዙኅ
መንፍዓት የቢሎምን ኣብ ውግእ ። ጠበናዥ ብዙኅ ኣይርህዎምን
ነበረ ፤ ጠያይት ዝገደደ ፤ ንጉሥ የቢሎም ሹመና የቢሎም እንከለ
ዉስ፤ ብዝከኣሎም ንታ ዓዶም እንካብ ኢድ ጓና ከድጎኑ ይዓጥቁ፤
ሓበሻ ግን ኣብ ዓዱ ንጣልያን ክኣትዉ ሱቕ ቢሉ ርእዩዎምስ፤
ከም ልቢ ዘይቢሉ እንስሳ እናሰገዱ ተገዚኡዎምስ ፤ እዙይ ከይእ
ኽሉ ከዓ ንቶም ንዓዶም ክከላኸሉላ ዝደለዩ ሰባት ክዋጋእ ይቐ
ረብ ኣሎ ። ተገዛኢን ንኻልኦት ክገዝኡ ኽዓ መጋበሪን ፤ ንኡ ሓን
ቲ ኣይክትኣትዎ፤ ዓዱ ሓንቲ ኣይክጥቀመሉ ፤ ንቶም ደቂ ምድሩ
ሽሕኳ ርጉቓት እንተኾኑ ፤ ደቂ ኣፍሪቃ ምኧኖም ዘይተርፎም
ጐረባብቱ ከግዝእ እዩ ዝመጸ ። ንሳቶም እንካብ ጥንቲ ዘመን ጸላእ
ትና እዮም ምስ ጣልያን ኮይንና እንተ ተዋጋእናዮም እውን ድሓ
ን፤ ጸላእትና እንካብ ምድሪ እንተተደምሰሱ ይሓይሽ ዝብል
ግዲ ኣይስእንን ይኸውን ፤ እንተኾነ እዙ ንስኻ ንኻልኦት እትገብር
ዘሎኻ ፤ ሓደ መዓልቲ ከምዝወድቀኻዶ ኣይትፈልጥን ፤ ጣልያን ወይ
ፈረንሳዊ መሪሑዎም ንኤኻ ኽዋጋኣካ ምስ ዝመጽእ ከመይ ዝበለ
ሒን ክፈድዩኻ ከምኧኖም ኣይትፈልጥንዶ ። ኣዕራብ ንደቆም ፡ ው

ልድ ክብሉ ከለዉ እቶም ደቆም ከዓ ንደቆም፤ ክትርስዕ ክትርስዕ
ደም ሓበሻ ኣይትረስዕ ከምዝብሉዎም ደምነት እዙይ ንዘለዓለም ክት
ተኽሉ ከምዝኾንኩም ኣይትሓስቡንዶ። (፩) ብዓል ትኳቦ ክምዙይ ቢ
ሎም ናብቱ ጸላእቲ ዘለውዎ እንክጕዓዙ፤ በቱ ሓደ ወገን ኣዕራብ ንዘ
ም ጸለምቲ ሽዩጣት ንዘም ዓብድ ማሳዋሕ (በራዩ ምዕዋዕ ማለት) ክዋ
ግኡ ይቀራረቡ ነበሩ። ንሳቶም ከምዙ ኣብ ዓድና ዘለዉ ትግረ [እሞ
ሳሆ ካብ ሓደ ዓዲ ናብ ሓደ ዓዲ እናተጓዓዙ፤ ኣብ ተወን ዘለዎ ኽይ
ዶም ማሎም ዘብልዑ ጓሶት ዘላን'ዮም ። ጥሪቶም ኣድጊ ገመል በጊዕ
ጤል ፈረስ እዮም፤ ኣፍራሶም ስሙያት እዮም ፤ ብጋልቦ ንፋስ ብዘይ
ምድካም ከዓ ኃይን እዮም ዝበሃሉ ። ኣውራ ዝጠቕሞም ማል ገመ
ል እዩ ፤ ንሱ ካብ ሓደ ናብ ሓደ ክኽዱ ኣቓሒኦም ጥርፍ ኣቢሎ
ተሰኪሙሎም ይኸይድ ፤ ማይ ብዙኅ ዘይጸምእ ብምኧኑ እውን
(ወርኂውን ይኣ ይጸንሕ እዩ ከይሰተየ) በቱ ነቐጻም ሃገራት እቱይ
ዋናኡ ተሰኪሙ ናብ ዝደለዮ ስፍራ የብጽሖ ፤ መሓመድ ዝባረኸ
ማል እዩ ዝበሃል እሞ ፤ ምእንቸዙይ ብመንፈሳውነት እውን የጥር
ይዎ እዮም ፤ ስለዚ ይኸውን ከስ ኣብ ሃገርና እስላም እምበር ክር
ስቲያን ዘየጥርይዎ፤ ጸባ ገመል ዝሰተየውን ከምዝመስለመ እዮም ዝቼ
ጽሩዎ ። ሓደ ጊዜ ይፍለጠኒ ኣነ ብእንሽቶይ ምስ ሓደ ብዓል ገመ
ል ተራኺብኩ እሞ ሓሊቡ ሓሊቡ ኣብ ሓርቢ ገቢሩ ክሰቲ ረኤ
ኹዎ « ሓሊብ ገመል ሰኒቱ ማመ “ቢለ ጠየቕኩዎ ፤ ኣፎ ፤ ትሓዘ
ኣና ግል ሃይበካ ንዓ” በለኒ፤ ኣነ ኽዓ ውጥምና ኽይተርፍ እስኪ ድኣ
ጸባኡ ክጥዕም ቢለ ምስ ቀረብኩ እቱ ጓሳ'ቱይ ከንፈር እቱ ሓርቡ

(፩) እዙይ'ውን ብ፲፱፻፳፰ ኣብ ሓመይ ዚበሃል ቦታ ንሠራሕተይናታት ምስ ቀተ
ሉሉ ፤ ጣልያን ነኣዕራብ ሹት ቢሉ ንሓበሻ ኣኅለቐም ።

ኣቕረበለይ ፤ ኣነ ምዕጕ ኣበልኩ ፤ ክውሕጦ ጋዛምር ምስ ኣበልኩ እውን ነፍሰይ ስኽፍክፍ ቢሉኒ ብጭ በልኩዎ። ወዮ ሰብኣይ ን'ቱ ቅዱስ ጸበኡ ዝደፋእኩሉ ደስ ኣይበሎን ፤ "እሀ" ቢሉውን ኣኽንፍር ኣበለለይ ፤ በይንና እንተ ንኸውንሲ ቊጥዓኡ መውጸኣለይ ነቢሩ ይመስለኒ ፤ ግን እቱ በረኻ ጽሙዋ ኣይነበረን ፤ ዝገድድ ግን ንዳኅ ራይ መጸልኩም ። ገዛይ ምስ ኣተኹ ናይ ስብእነት ነገር ይኣ ገቢ ረስ ነደይን ንኃውተይን ነጊርኪ ምግዳፍ ፤ ክበልዓኒ ቀሩብ ተረፊን ኣንታ ዓንዛል ኣንታ ሕማቕ ፤ ኣንታ ዓሻ ዘሎ ዝኾነ ጸርፊ ኣሰከ ማኒ ፤ ኣነ ኸዓ ወይ ኃጢኣት ምዃኑ ኣረድኣኒ ወይን ክዓ ብምን ታይ ምክንያት ከምዙይ እትብላኒ ምባል ፤ ኣባኡውን ብቱ ቅሩብ ናይ ትምህርተ ክርስቶስን ናይ ወንጌልን ኣፍልጦ ዝነበረኒ በ...ል ምባል ፤ ዘቕረቡልኩም ብልዑ ፤ ካብ ኣፍ ዝወጽእ እምበር ብኣፍ ዝኣቱ ኣይኮነን ንሰብ ዘርኵሶ ዝብል ጥቕስታት ወረደ ፤ ኣደይን ኃውተይን ንኣኡ ዝስዕር ኣብነታት ከምጽኣ ጊዙ ምባል ፤ ኣ ራብ ዝዓመሙዎም ሰባት ናብ ዓዶም እንክምለሱ ፤ ካልእሲ ዝገ ሩና የቢሎምን ጸባ ገመል ድኣ ኣመንጊጎም ኣስቲዮምና እምበር ዝበሉ እኳ ክንደይ ርቕየትን ጸሎትን ዘድለዮም ፤ ንስኻ ግዳ ኣይ ጠሚኻ ኣይተኃይልካ ዝገበርካዮ ነገር እንታይ ከምዝኾንካ ሕሰ በላኒ ። ወዮ ብሳላ ዝቶማህራ ምዃን ድኣ ብዙኅ ነገራት ሸለል ቢ ንኡ ነበራ እምበር እንተዘይኾናስ ኣደይ ክልተ ቑነ ወይ ኣብ እን ኣበ መጣዕ ወይ ክዓ ኣብ ካልእ መንጫዕጫዕታ ክትሰደኒ ነገራ ፤ ብዙይ ከምዝተሃወኻ ምስ ርኤኹ ፤ ኣደዋ ፤ ሰትየ ዝብለኪስ ጥዒ መዮ ማለት እየ እምበር ምኣስ ኣውሪደዮ በልኩዋ ፤ ሻቡ ኣደይ በዣኺ ድፍእ የብለኒ ገበር ወደየ ሱቕ ቢለኸ እየ ትቝይቝ ዘም



ብኹኺ ቢላ ስዕም ኣበለትኒ ፤ እንካብኡውን ተዓረቕና ። እዙ ኹሉ ታሪኽ ፤ ጸባ ገመል ክንደይ ዝፍራሀ ከምዃኑ ዜረድእ እዩ ። ኣብ ትሩቡሊ ግን ንሱ ኸምዝኾነ ቀለቦም ኣይፈለጥናን.ነበርና ። እዞም ብምድረ በዳ ኣብዳው ዝተባህሉ እዚኦም ዓዶም ንቑጽ ብምዃኑ ማይ ውን ሓጋዩ ምስ ክረምቱ ዘይነጥበ ብምዃኑ ብዙኅ ዘራእቲ የቢሎ ምን ፤ እተን እንስሳታት እቲኤን እንተዘይህልዋኦም እውን ጥሜት ምሞቱ ይመስለኒ ፤ ግን ኣበይዝጊ ብዅሉ ኣይድርብየካን እዩ ። ኣውራ ኣብ ዓዶም ቀሩብ ማይ ዘለዎ ስፍራ ዝበቊል ኦም ተምሪ እዩ ፤ ንሱውን ዓይነተይና መግበም እዩ ፤ እንካብኡውን ንቱ ዕጸ ይቱ ኣንኩሎም ዘስክር መስተ ይገብሩ ። እንተ ድኣ እቱ ዓይኒ ማይ ዘለዎ ስፍራን ክዓ ጉድ እዩ ፤ ገነት ድየ ዘሎኹዎ ምድሪ ኢኻ እትብል ይብሉ ። ንሳቶም ዝበዝኅ ጊዜ ኣብ ጥቓ ከምዙይ ዝበለ ስፍራ እዮም ምንባሮም ፤ ነጋዶም ከኣ ኣባኡ እዩ ምኅዳሮም ።

ዓረብ ትውልዶም ደቂ እስማኤል ወዲ ኣጋር ኣመቱ ንኣብር ሃም እዮም ፤ ኅብሮም ዝበዝኅ ቀያሕቲ እዮም ፤ ግን እቱ ሃሩር ቀሩብ ንቱ ገጾም ኣጸልም ምስ ኣበሎ እዩ ፤ መልክዖም ሠናይ እዩ ፤ ቁመቶም ኣብ ምንዋሕ ኣቢሉ እዩ ፤ ኣንስቶም ከምዘን ኣብ ዓድና ዘለዋ ሰብ መታሕት ዝኽደንኦ ኣከዳድና እየን ዝኽደና ፤ ወትሩ እተጐልበባ ብምዃን እውን እንካብ ሰበኡተን ኣብሊጸን ይቐይሓ ፤ ኣረገውቶም ኅፉራት ሰብ ግርማ ጭሕሞም ዘው ዝበለ ፤ ቈላዑኦም ደፍጫጫት ድምሉቕሉቕ ዝብሉ ጽጉባት ጸባ እያቶም ። ሰብኡት ክዳኖም እንካብ ርእሶም ክሳብ ኵርኵሮ እግሮም ምስ ተጨፍነኑ እዮ ም ፤ ዕማመት ኣብ ርእሶም ይገብሩ ፤ ምስኡ ኸኣ ብቱ ነጸላኦም ይጥልበቡ ። ሓደ ዓረበታይ ወይ ክዓ ካልእ በደው ጥራሕ ኢዱ

ክኸይድ ምርኣይ ከም ዕፁብ እዩ ፤ ጠበንዣ እንተዘይረኸቡ (እን
ካብ ዥሉ ዝፍተዎም ጾር እውን ንሱ እዩ) ወይ ኲናት ወይ ሰይፊ
ወይ ጻልቃ ጊዘም ይኸዱ ፤ ወትሩ ፤ ዝከኣሎም እንተ ድኣ ኾነ ፤ ማ
ለት እቶም ሰባኡት ዝመሰሉ፤ ኣፍራስ ተወጢሖም ይኸዱ ። ጠበ
ዮም ብሓቂ ዘይምስጉናት እዮም ፤ ዘይእሙናት ከዳዕቲ ተቐየምቲ
እንተ ድኣ ጠዓሞም ዘይመሓርቲ ጨካናት እዮም፤ ምስ ሓደ ዓረብ
ተወዓዒለ ኣብ ውዕሉ ረኺበዮ ማለት ሓሰት እዩ፤ ዝመሓሉ ምሒ
ሎም ፤ ኣሚንካዮም እንተ ኾድካ ስሒቐም እዮም ዘፋንዉኻ፤ ኣዕ
ይንቶም ሰም ከየበሉ እውን ዋላህ ዘይፈልጠካ ምባልካ ኣየጓፍር
ምን ቢሎም ፈረንዢ ይጸርፉዎም ።

ንዡ ዅሉ ዝደላደል ጽቡቕ ነገር ከዓ ብዙሕ ኣለዎም ፤ ሃይማ
ኖቶም ቀጥ ኣቢሎም ምስ ኃዙ እዮም ብዝኾነ ይኹን እውን ጸሎ
ቶም ኣየብኩሩን፤ ምስኣምኳ ትዛረብ እንተሎኻ ጥንጥን ኣቢሉ
ምኻ ናብ ስግደቶም እዮም ዝኣትዉ፤ ከምኡ ካልእ ሕዝቢ ኣይ
ምገበረን ፤ ንጋሻ ተቐበልቲ እዮም ፤ ኣብ ርእሲ እዙይ ከዓ እቱ
እንካብ ዥሉ ዝበልጽ ናይ ነጻነቶም ፈተውቲ እዮም ። ወትሩ ኣብ
ኣበይዝጊ ምስ ተኣመኑ ፤ ዝኾነ እንተኾነ ንሳቶም ግዲ የቢሎምን፤
ምእንትዙይ ሥራሕኳ ምሥራሕ ንኸብዶም እንተኾነ እውን ግዲ
ኣይሞቱን ፤ እዙ ግዲ ዘይሙማት እዙይ ብዙይ ጥርጥር እንካብ
ሃኬቶም ዝመጸ እዩ ፤ ከመይሲ ሃካያት ይኣ እዮም ። ንዙይ ዘረድእ
እውን ሓድሓደ ታሪኽ እኒሆለ፤ ታሪኻቱን ነገራቱን ካብ ሓደ መጽ
ሓፍ ወረ ብጣልያን ዝተጻሕፈ ዝቐዳሕኩዎ እዩ ። ሓደ ሰብኣይ ሰበ
ይቱ ክትወልድ ምስ ቀረበት ናብ ሓደ ጻራቢ ኸይዱ ገንዘብ ሂቡ
በዣኻ ቀልጢፍካ መደቀስ ቈልዓ ሥርሓለይ በሎ ፤ ሕራይ ቢሉ



ተቐበለ ፤ ተመሊስካ እንተገደፍካስ ኣልቦ ፤ ከልኣይ ሣልሳይ እንተ
መጻእካስ ቀባጭ፤ "ኣይገበርኩዎን" ይብሎም፤ ወዮ ቈልዓ ተወሊዱስ
እግሪ ተኺሉስ ዓብዩስ ወዲ ፰ ዓመት ክዊኑ ድኅሪ ተመርዒዩ
ነበኡ ፤ "ኣበ ሰበይተይ ክትወልድ ደልያ እሞ ፤ መደቀስ ቈልዓ የድ
ልየኒ እዩ" በሎ ፤ ኣቦኡ ኸዓ "ንስኻ ከይተወለድካ ንኣኻ ዝኸውን
ንእከላ ወዲ እከላ ሥርሓለይ ቢለዮ ነቢረ እየሞ ሎሚስ ሠሪሑዎ
ይኸውን እዩ ኪድ ወደይሲ ካብኡ ኣምጽኣዮ" በሎ፤ ኬድካ እንተ
ገደፍካ ወዮ ጻራቢ «እረ እንታይ ኢኹም ክንድዙይ እልበተይ እተ
ጽግቡኒ ፤ ኣነ ቀልጢፍካ ዝግበር ሥራሕ ኣይፍተወንን እዩ ፤ ሕጂ
ኸዓ ክሠርሓልካ እንተዘይደሌኻ እንካልካ ገንዘብካ» በሎ ፤ ብ፳፩
ዓመት ዝሃቡዎ ሥራሕ ከይፈጸመ ጸንሐ ።

ከማኡ ኸዓ ኣብ ሓደ ገዛ ሰብኣይን ሰበተይን ከፍ ቢሎም ቃሊ
ቦም ስትይ ድኅሪ ኣምሲዮም ፤ ሰበይቲ ድራር ገቢራ መጸት፤ ድራ
ሮም ግርም ነበረ ፤ እቱ ማዕጾ ከይዓጸወት ክንዲ ዝረሰዓቶ እንከ፤
ንሰብኣያ ሕጂስ ከፍ ቢለ እየሞ ኪድ ንስኻ ዕጸዎ በለቶ፤ «ባዕልኺ
እንተደለኺ ዕጸዊዮ»፤ «ንስኻኸ ዘይትዓጽዎ» ንስኺ እባ ዘይትዓጽዊዮ
ክበሃሃሉ ነዊሕ ድኅሪ ተኻሊሖም፤ ወዮ ሰብኣይ በሊ ፋጥማ ዘረበ ከየ
በዛኅናስ ሱቕ እሞ ንበል እንካብ ክልቴና ቅድሚት እተዛረበ ይዕጸዎ
በላ ፤ ሕራይ በለቶ ። ማእዶም ኣብ ቅድሚኦም ተቐሪቡ እንከሎ ወስ
ከይበሉን ከይተዛረቡን ቃሊቦም ቡቕቡቕ እናበሉ ሱቕ በሉ። ሻብ
ቱይ ሓደ ለማኒ መጺኡ "ሃብቲ ውህበት ረቢ እዩ ሕጂ ኸዓ እንካ
ብኡ ንኣይ ንመንገይደና ትኾኑቡለይ" ቢሉ ለመነ ፤ ሓደኸ እንተዝ
ምልሰሉ ፤ ኣንቱም ገዛ ርጉማት ኢኹም ይርዳእካ እኳ ኣይበልኩ
ምንን ቢሉ ባዕሉ ተደርገመ ፤ እቱ ኣብ ቅድሚኡ ኣበይዝጊ ዘጽን

ሓሉ ማእዲ ዝነበረ እውን በል ቢሉ በሊዑ፤ ጸጊቡ፤ ንቱ ሥጋ ፍሒ.
ቑ፤ ኣዕጽምቱ ናብ ክሳድ እታ ሰበይቲ ኣንጠልጠሎ፤ እዙ ዅሉ
ክገብር ሓደ ዘረባኸ ። ንሱ ተበሊጹ ከብዱ መሊኡ ወጸ ። ብድጎ
ሬኡ ሓደ ከልቢ ትሙስሙስ ክብል ናብቱ ገዛ መጸሞ ፤ ተራጊዉ
ምስ ረኣየ ኣተወ፤ ውጻእ ዝብሎ ዘይቢሉውን ኣብቱ ውሽጢ ህሙ
ስሙስ ይብል ነበረ ፤ ደኃር ናባኣቶም ቀረበ ፤ ዘይዛረቡ ምስ ረኣየ
ነፍሱ ኣሚኑሉ ወዮ ኣብ ክሳድ እታ ሰበይቲ ተኣሲሩ ዝነበረ ኣዕ
ጽምቲ ርእዩ ፤ ክበልዖ ውጥም በለ፤ ሽዑ ወያ ሰበይቲ ኪድ ኪድ
ቢላ ሰጐጐቶ ። ሰብኣያ እናሰሓቐ “ተናጊርኪ፤ ኪዲ በሊ ዕጸዊዮ„
በላ ። ሓቕኻ ተዛሪበ ከዓጽዎ እኽይድ ቢላ ዓጸወቶ ። ብጥሜት
ዕኾልል ቢሎም ከብዶም እናሓሰዩ ኃደሩ ፤ ንምጓሒቱ ሰብኣያ እና
ላገጸላ፤ ርኢኺዶ ወይዘሮ ፋጥማ ምሳና ምስ በዓል ኣያኺ ይኣይ
ክትዋረዲ፤ ኣነ እኳ ኣይተዛረብኩን፤ ንስኺ ግን ተዛሪብኪ በላ ።
ሓቕኻ ተዛሪበ፤ ግን እቲ ኸልቢ እቱይ መጺኡኒ እንተዘይኸውን እኳ
ኣይምተዛረብኩን ነቢረ ፤ በለቶ ። ክምዙይ ቢሎም እታ ትንሥእ
ቢልካ ማዕጾ ምዕጻው ተሃኪያቶም ጸምም ኃደሩ ።

ከማኡ ኸዓ ሓደ ሰብኣይ በለሱ ክቕንጥብ ምስ ወፈረ ፀሓይ
ወቒዑ እንተገደፎ ተጸሊኡዎ «ኢና ሊላህ» እዚኣስ ምስ ረቢ ድኣ
ንጸንሓ እምበር ክምዙይ ቢልካስ ኣይሥራሕን ቢሉ ኣብ ጽላል ተቐ
መጠ። ሻቡ ሓንቲ ሰበይቲ እናበኸየት ክትሓልፍ ረኣያ ። ንሱ ሓደ
ጋዕጋዕ ኣረጊት ነበረ ፤ “እንታይ ኮንኪ ኢኺ፤ ጓለይ” ቢሉ ሓተታ፤
“ውሉድ ስኢነ ፤ ኣቦየ ፤ ሰብኣየይ ከዓ ወትሩ ይወቕዓኒ ከይፈትሓ
ኒን እሞ ምምናን ኣብዩኒ” በለቶ። “በለሰይ ድኣ እረይለይ እምበር
ኣነ ውሉድ ኣውሀበኪ„ በላ ፤ ሕራይ በለቶ ። ክትኣርየሉ ምስ ከደት



እውን ንሱ ንቱ ጥርቡሹ ኣውጺኡ ሰኪኑ (ካራ) ገቢሩ ንቱ ረር
ስሓቱ ቅርፍ ኣቢሉ፤ ወዲኣ ምስ ተመልሰቶ «እንኪ ንዙይ ብማይ
በጽቢቢጽኪ ስተዩዮ» ቢሉ ሃባ ። ንሱ እንከ ቀታሊኣ እምበር
መውለዲኣ ኣይኮናን ። ርኣዩ ትህኪት ናበይ የብጽሖም ።

ክምዙይ እዩ በሉዎ ጠባይ ዓረብ፤ ሎሚ ግን ሓደ ጺላኢ ወተሃደ
ር ይመጸኩም ኣሎ ም ስበሉዎምስ፤ ትህኪቶም ገዲፎም ናብ ውግኦም
ይዕጠቑ ነበሩ ፤ ኣብ ማእከል ዝንቅዋ ኣባጊዕን ኣጣልን ኣጽዋሮም
ዘማኣዛዝዉን ጕራደኦም ዝስሕሉን ጠበንጃኦም ዝወላውሉን ፤
ሥርዓት ኣፍራሰም ዝተበትከ ዝኾነ ዝሰፋፍዩን ምርኣይ ክንደይ
በበይኑ ዝኾነ ነገር እዩ ፤ ኣብ ማእከል እቱ ህድኣት ምኅዳር፤ ናይ
ውግእ ጫውጫውታ ፤ በቱን ኣሳብኡት ሓኸትከት ዝብሉ፤ በቱይን
ኣንስቲ ንብዓተን እናሓሰሳ ስንቆምን ኣቓሖምን ዝቐራርባሎም ፤
በቱይን ቈላዑ ኣቦታቶም ከዕገርግሩ ብምርኣይን ኣዴታቶም ክበ
ኸያ ብምስማዕን ጫጭ ክብሉ፤ በቱ ኣዅታት ንሕናውን ንዘም ከፍር
ክንዋግኦም ኢና እናበሉ ክፍክሩ፤ በቱይን ዓበይቲ ሽማግለታት
ኣይዘኹም ደቀይ እናበሉ ኸደራርዑ ፤ በቱይን ገሊኣቶም ሸኻት
ንመዲና ኣቢሎም ገጾም እንካብ መሓመድ ረድኤትን ስዕረትን ክህ
ቦም ክልምኑዎን ፤ ብሓደ ወገን ከኣ ኣፍራስ ክሕምሕሙ ርእዩ፤ ልቡ
ዘይለዓዓሎ ሰብ ፤ ኣቦይዝጊ ልቢ ኣይፈጠረሉን ማለት እዩ ።

ብዅሉ ድኅሪ ተሰናዲዖም ንቑል ንቑል ኮነ፤ ደቆምን ወለዶምን
ኣዝማዶምን ስዒሞም፤ ፈረስ ዘለዎ ናብ ፈረሱ ፈረስ ዘይቢሉ ኸዓ
ብእግሩ ኸይኖም ነቐሉ ፤ እቶም ኣውራ ተባዓት ቀቅድሚት እና
ኸዱ “ላኢላህ ኢላላህ መሓመድ ራሱል ኣላህ„ ዝብል ደርፎም ሒኒን
እናበሉ ይኸዱ ነበሩ። ሓደ እንካበኣቶም ኣይዘኹም ደቂ ዓድና እዘም

ክፍር እዚኣቶም ከዓ ሎሚስ ናብዙይ መጺኦም ንኣና ክደፍሩና
ኣይነገር እኳ እዙይስ፤ ደቂ መሓመድ ናብ ካልእ ዓዲ ኸይዶም
ይገዝኡን ይዘምቱን ነበሩ ይበሃል እምበር፤ ካልኣት እንካብ ካልእ
ሃገር መጺኦም ይዘምቱዋቶም ነበሩ ኣይበሃልን ። በበታትናን በበ
ሓጎታትናን ዘይተገብረ ነገር፤ ሎሚ በኣና ኣይገበር፤ እምበኣር ሎሚስ
ጎፍረት ንበል፡ ሓደው ዓድና ኣውጺእና ሓደው ኣባኣ ተቐቢርና፤
ሰብና ወይ ናይ ስዕረትና ምልክት ኂዝናሎም እናፈከርና ምእታ
ዎም ፤ ወይ ከዓ ወረ ሞትና ምስማዖም ፤ ሓንቲኣ እያ ይብል ነበረ።
በዙ ባህሊ እዙይ ተለዓዒሎም ኩላቶምውን ኣይዘ እናተበሃሃሉ
እንደገና ኣድሚቖም ይደርፉ ነበሩ ፤ ጕራደኦምን ሰይፎምን መመ
ዚዘም እውን እናምበጥበጡዎ እዚኣ ሎሚ ብደም ሓደ ከልቢ እን
ተዘይቀዲሰያስከ ሰብኣይ ኣይትቐጸሩኒ ፤ ኦ ጋርንጕላ ፈረሰይ ሎሚ
ምሳሕና ደም ክርስቲያን እዩ ይብሉ ነበሩ ። በዙይን ወዲ እዙይን
እናተደራርዐ ንመንገዲ ጥምም የብሉዋ ነበሩ። ለይቲ ክይድ ድጎ
ሪ ኃዲሮም ንወጋሕታኡ ምስቶም ዓሳክር ብማዕዶ ተረኣኣዩ፤ ብወ
ገን ጣልያን ተዓጠቕ ተሰለፍ ቢልካ መለኸት ምትርታር ፤ ኩላቶም
ወተሃደራት ከም ኣሠራርዓ ኤውሮጳ ክልተ ሰልፊ ቐዳማይን ዳጎ
ራይን ኮይኖም ተሰለፉ ፤ ብየማኖምን ብጸጋሞምን ከዓ ሰብ መዳ
ፍዕን ሰብ ምትሪየስን ቆሙ፤ ሻብቱይ እቱ ኃለቓኦም ጣልያን ንኩ
ላቶም ኣብ ሰሰፈሮም ድጎሪ ኣትኂዙ ፤ ብምድረ ሰማይ ዝግልብጥ
ድምጹ «ሓልዉ» ዝብል ትእዛዝ ኣዘዘ፤ ብኡ ንብኡ ሻንቘኣቶም
ኣብ ኣፍ ጠበንጃኦም ክሰቕሩ ኣዘዘ ፤ ደድጎሪኡ ኸዓ ኣብ ምድሪ
በጥ በሉ በሎም ፤ እዙ ነገር እዙይ ኣብ ሓበሻ ተገቢሩ ዘይፈልጥ
ብምኟን ፤ እንታይ ነገሩ እዩ ፤ ኣንታ በጥ ኣቢሎዶ በፍራስ ክርግ



ጾና እዩ እናበሉ ይሓስቡ ነበሩ ፤ ግን ንሸዑስ ዝበሉዎም ክገብ
ሩ ግድነት ኮኖም ። ሻብቱይ ልቦም ፎቐፎቕ በሎም ፤ ሸዑ ኣዲኦ
ምን ኣቦኦምን ዘከሩ ፤ ሻቡ ዓዶም ተራእዮም ፤ ኣብዙይ እንተሞት
ኩስ ዝቐብረኒ የብለይ ዝፈልጠኒ የብለይ ዝብል ሓሳብ መጻቶም ፤
ሻብቱይ ናብ ዓዲ ጓና ከይድካ ምእንቲ ሃገርካ ሓደ ጥቕሚ ዘይት
ረኽበሉ ውግእ ምግጣም ክንደይ ዕሽነት ከምዝኾነ ተፈለጦም ።
ውግእ ኣሽምባይ ይኣ ኣብ ካልእ ሃገርን ምእንቲ ሓደ በዕዲ መን
ግሥቲ ክትዋጋእ ቢልካ ምስ ተቐረብካስ ፤ ኣብ ሃገርካን ምእንቲ
ሃገርካን ክትዋጋእ እንከሎኻ እኳ ኣብ ኣንፈ ሞት ከምዘሎኻ፤ ሓን
ቲ በራሪት ዓረር ዕድሜኻ ከምተሕጽሮ ምሕሳብ ፤ ወትሩ ዘፍርሀ
እዩ። ሻቡስ ትቡዕ እኳ ይኹን ቀሩብ ከብዱ ሕብጭብጭ ዘይብሎ
ሰብ የለን፤ ሃገርና ንዙ ፍርሃት እዙይ ብፍከራን ብዋዕዋዕታን ቀሩ
ብ ይገላብቡዎ እዮም ፤ እንተ ድኣ እዘም ኣብ ትሩቡሊ ክዋግኡ
ተቐሪቦም ዝነበሩ ዓስከር ግን እዙይኳ ክገብሩ ኣይተኻእሎምን ፤
ከመይሲ ኣብ ታዕሊም ጣልያን መዠመርያ ዝተኣዘዘ ነገር ስቕታን
ኃለቓኻ ከይኣዘዘካ ኸዓ ወስ ዘይምባልን እዩ ። ኣብ ልቢ ዓረብ
ዝነበረ ሓሳባት ግን ተጻዩ እዩ፤ ንሳቶም ኣብ ምድሮምን ምእንቲ
ምድሮምን ክዋግኡ ኸምዝኾኑ ይፈልጡ ነበሩ፤ እንተተሳዕሩ መህ
ደሚ ይፈልጡ ፤ ማይ እንተጸምኡ ወገኑ ይፈልጡ፤ ናብ ሓደ ዓዲ
እንተኣተዉ ዚጎድሮምን ዚዕቁቦምን ኣይስእኑን፤ እዙይ ኩሉ ነገር
ኣብ ውግእ ንወተሃደር ፤ ዓቢይ መደራርዒኡ እዩ ኣብ ርእሲ እዙ
ይ ከዓ ኣስላም ከምኟኖም መሓመድ ንክርስቲያን ክንዲ ዝቐተል
ኩሞ መጠን ክንዳኡ ዓስብኹም ኣብ «ጀነት» ዝበለጸ ክኸውን
እዩ ፤ ኣብ ከምዙይ ዝበለ ውግእ ዝሞተውን ተር ኣቢለ ናብ ገነት

ከእትዎ ኢ.የ ቢሉዎም'ያ ዝነበረ ዘኪ.ሮም ፤ ውግእ ንኣታቶም ከም
መርዓ ነበረ ፡፡ ብሓንቲ መዓልቲ፤ ሽሕኳ ቀደም ቀ-ርዓን ኣጸቢ.ቐም
ዘይሓለውዎ እንተ ነበሩ፤ ንመሓመድ እውን ሽለል ቢ.ሎሞ እንተነ
በሩ ፤ ብታ ሽዓ መዓልቲ ንኣእምን ንደቆምን ዝኣክል ናይ ጽድቂ
ማዕረር ክዓጽዱ ፤ እንተሞቱውን ናብቲ መዓርን ጻባን ኣንስትን
ዝመልኣኦ «ጀነቶም» ክኣትዉ. ፍጹም ይርበጹ. ነበሩ ፡፡ እንተደኣ
ንቐሩብ እዋን ግን ንሳቶም ሞት ኣብ ጥቓኦም ከምዘላ ፈሊ.ጦም
(ወዮ ኸታ ንዛ ሞት ክንፈርሃ ፤ እሞ ናበይኪ ከነብል ኪ.ይና፤ ዘይው
ዒልና ኃዲ.ርናስ ናባኣ ኢ.ና) ንሳቶምውን ሰብ ምኺኖም ከይተር
ፎ.ም ከስ ቅሩብ ቀዘዝ በሉ ፤ ደኃር ግን ንመሓመዶም እናተማኅ
ጾኑ ብዓቢ.ይ ክላሕን ጽራኅን ናብ ኲናት ኣተዉ.፤ ኣተኣታትዎኦም
ንቕድሚት ድፋእ እዩ እምበር መራሒ.ን ሠራዊ.ን የቢ.ሎምን፤ ዝብ
ኢ. ከምዘግለበን ኣሓ ተኣኪ.በን ዱድ እናበላ ዝገልባ እዩም ፡፡ ከም
ኡ ቢ.ሎም እናዳሮኑ እንክመጹ ዓስከር ጠያይቲ ከም ማይ ኣፍሰ
ሱሎም ፤ እቶም ቅድሚተ ቅድሚት ዝነበሩ ይዋኣት እዮም ዳርጋ
ኩሎም ከምቄጽሊ. ረገፉ ፤ ገሊ.ኣቶም ንባዕላቶም ተወጊኦም ገሊ.
ኣቶም ግን ኣፍራሶም ምስ ተወግኡ እናሓምሓሙ ትኽል ፍግም
ቢ.ሎም ኣባኡ ንዋናታቶም ኂ.ዞም ተጠባሊ.ሎም ወደቑ ፤ ናይ ቀዳ
ሞት ሞቲ ንዳኅሮዎት ስግጽ እኳ ኣይበሎምን፤ ኣኅዋቶም እናረገጹ
ድኣ ንቕድሚት ኣቢ.ሎም ይወናጨፉ ነበሩ እምበር፡፡ እንካባኣቶም
ውን ብዙኃት ወደቑ ፤ ግን ገሊ.ኣቶም ምስቶም ከም ነብሪ ዝናጠሩ
ኣፍራሶም ኣብ ማእከል ዓስከር ተኸቱ ፤ ነቶም ኣባኡ በጥ ቢ.ሎም
ዝነበሩ እውን ረጋጊጾም ኣስይፍቶም ብኸልተ ኢ.ዶም ኂ.ዞም
ጕሃድ ፈ ሰፈል ኣላህ እናበሉ ኣባኡ ሰባት ወድኡ ፤ ወዮ ኃለቓ



ኦም ጣልያን ክሳብ ዝእዝዞም ድኣ ኣይጸንሑን እምበር ‹ሓፍ
በሉ» ዝብል ኣዋጆ ሃበ ፡፡

ኣብ ርእሲ. እቶም ዝኣተዉ. ኣዕራብ፤ ብየማነ ፀጋም ካልኦት
ይኣትውዎም ነበሩ ፤ ሻብቱይ ኣብ ማዕዶ ኾይኑን ዝተመልከተ ሰብ
እውን ፤ እቱ ውግእ እቱይ በየናይ መዝመርያኡ በየናይስ መእተ
ዊኡ ም'ኺ.ኑ ክፈልጥ ኣይምተኻእሎን፤ ሰልፊ ጣልያን ኣበይ፤ ዓረ
ብን ኣበይ ከምዘለዉ. ኣይምፈለጠን፤ ብዙኃት ብሓደ ተኣኪ.በም
ዝወሳወሱ ሰብን ዝናጠሩ ኣፍራስን ዘንጸባርቕ ኣጽዋርን፤ ዝትኮስ
ጥይትን ዝዳርን ደሮናን ጥራ.ይ ምረአ፤ ናይ ዝተወግኡ ገዓርን ናይ
ወጋእቲ ፍከራን ናይ ኣፍራስ ሕምሕምታን በይኑ ምሰምዐ ነበረ፡፡
ደቂ ሃገርና መዝመርያ እቱ ኣጽዋር ዓዶም ዘይነበሮም ብም'ኺ.ን
ብሻንዣ ክዋግኡ ጸገሞም ፤ ደኃር ግን ነገር ዘይትቐንዕ ምስ ረኣ
ዩዋ ጕራደኣቶም መሊ.ሖም ክትዓጻጸዱ ዝመሩ፤ እቱ ጠዋይ ጕራ
ደ ሓበሻ ንክልተ ሠለስተ ሰብኣይ ብሓደ ኽዓጽድ ዝኽእል ፤ ንብ
ዙኃት ሰባት ኣርግፍ ዘብል ኢ.ዩሞ፤ ንቶም ኣዕራብ ናብ ከብዶም
ማይ ኣእተወሎም ፤ በብቕሩብ እውን ፈንተት ክብሉ ዝመሩ ፤
ሓበሻ ኣያ ኃውቱ ፈኪ.ርካ በሎ ምባል፤ ኣዕራብ መመሊ.ሶም ምን
ድኅርኃር ፤ ኣብ መወዳእታንከ ምስ በዝኖም ምስ በዝኖም ኣጻዕ
ዲ.ኻ ምህዳም ኮነ፡፡ ኣይሰዶ በል ተበሃሉ፤ ንደቂ ኢ.ትዮጵያ ብጕያ ዘር
ክቦም የቢ.ሎም እሞ ኣረርኪ.ብካ ንቶም መዓት ዝወረዶም ደቂ ዓረ
ብ ዕጽድ ኣቢ.ሎም ኣፍለሱዎም፡፡ እቲኦም እንተሃደሙ ዓስከር እንተ
ገየዩዎም ጣልያን በቱይ ዓል እንተበለ፤ እዙይ ዘይበሃል ትርኢ.ት
ነበረ፤ ሠለስተ ሕዝቢ. እኮ እዮም ጠጠባይ ዓዶም ኂ.ዞም ኣብቱ
ውግእ እቱይ ዝወዓሉ ፤ ደቂ ሓበሻ ዝጸንሔ እኳ እንተጸንሓኩ

ንቐድሚት ምድፋእ ፣ ጣልያን ንዥሉ ነገር ብትእዛዝ መራሒ ኻ
ግበር ፣ ሽሕኳ ጸላኢ ጸሩ ኒዙ ክተት እንተበለካ ዝኾነ እንተ ኸ
እውን ባዕልኻ ወስ ኣይትበል (ንሳቶም ከምዝብሉ)፣ ኣውራኻ ተዝ
ብሉ ከይበለካ እኳ ኣይትተዥስ ፣ ሱቕ ቢልካ እውን ተሓረድ፣ ዝ
ሉ ኢያቶም፣ ዓረብ ከዓ መዠመርያ ንሂርካ ምጻእ፣ ኣብኣዶ ምቕና
ትኣብየካ ኣየላን ፣ እግረይ ሃብኒ ቢልካ ተመላጠጥ ኢዩ ። ብሓጺ
ቃል እንከ ሓበሻ ዓቀን ብዘይቢሉ ጉልበት ፣ ጣልያን ብስምም
ዓረብ ከዓ ብምግባርን ኃደጋን፣ ሃብኒ ዝብሉ እዮም። ኣብዳው ይ
ኣት እዮም ክሃድሙ እንከለውንከ ሓበሻ ደም ዝሰተየ ግርጉር ነ
ሬ ከይኖም ኃዘ ኣይትስደዶ ተባሃሉ ፣ በዙይን በቱይን ክልቢን ሰ
ሓን ከይኖም ተሻደዱ ፣ መሸም ሓቂ ይሓይሽ ብጉያስ ንሓበሻ ዝተ
ኻኸል የልቦን እዩሞ ፣ ኣረርኪቦሞም ሕርድ ኣበሉዎም ፣ ብዙኃ
ኮይኖም እውን (ይዋኣት እዮም) ኣብቱ ምድረ በዳ እቱይ ጸፍ በሉ
ከመይሲ ፣ ወዮም ኣስላም ዓንጸዓንጽረ ሞት ኮይኑዎም ካባኻ ዘይ
ኃልፍ ጋሻስ ጠቢቃ ሰዓሞ ዝብሉዎ እዩሞ ፣ ሞት ዘይተርፈና
ለኪምና ንሙት ቢሎም ብድኅሪኦም ሓደ ጸላኢ ክጉዩ ከርከበ
እውን ደልዩ ከምዘሎ ምስ ዝፍለጦም ፣ ግልብጥ ቢሎም ንሓ
ተማሊኦም መሓመድ ኣቦኦም ናብ ዘሰፈዎም ጸባን መዓርን ናብ ገ
መልኣኣ ጀነት ዝበሃል ስፍራ ስግር ይብሉ ነበሩ ። ኣብ ርእሲ እዚ
ይ ከዓ ፣ ዓረብ ሓደ ጥበቦም ኣድቢኻ ምጽናሕ እሞ ኣባኡ ምቅ
ታል እዩ ። ከምኡ እናገበሩ ኸስ ንብዙኃት ደቂ ሓበሻ ቀተሉ ፣
ኣብ መወዳእታ ፈረስ ዘለዎ ብፈረሱ ሃዲሙ ኣምለጠ ፣ ፈረስ ዘይ
ቢሉ ከዓ ወይ ተቐትለ ወይ ተታኂዘ ። ምሉእ ሥዕረት ፣ ከስ ንሓ
በሻ ፣ ኣይፋለይቦ ተጋጊየ እየ ፣ ንጣልያን ከነ ።



ንሳቶም ምስ መሰየ ተሳፈሮም ሓዊ ኣእጉዶም ንቶም ዓስከር
ድራሮም ብካልእ ኣሰናደውሎም ፣ ኣብኡ ሻቡ መዓልቲ ገለ ኣጣል ዘማ
ሚቶም ነቢሮም እዮም እሞ፣ ሥጋ ከም ድላዮም ጸገቡ። ትድርር ምስ
ኣበሉ ኸስ፣ ብዙኅ ደኺሙዎም ነበረሞ፣ ክድቅሱ ዂርስ ዂርስ በሉ፣
ብኡ ብኡውን ድቃስ ወሰዶም። ትኳቦ ሻቡ መዓልቲ ምስ እቶም ውዕ
ዮም ዝወዓሉ ኣጉባዝ ነበረ ፣ ብጋዋግንነቱን ብንጥፈቱን እውን ቅያ
ኣቢሉ ፍጹም ተወዲሱ ወዓለ። ኣማስያኡ ክኸውንከ ክትድቅስ ቢሉ
እንክሰናዶ ከሎ ፣ እንካብቶም ሻቡ ለይቲ ፍቕያታት ዝኾኑ ሓደ
ወጻ ፣ ዕጫኡ በጺሑዎ ። "ክላ ከላእ ይግዓዮ ኣብ ሕሱም ብዕራይ
ውዒልካ ናብ ሕስምቲ ሰበይቲ ኣይትእቶ ዝብልዎ ምስላ ፣ እዙ
ዥሉ ክጽዕርን ከደክምን ውዒለስ ድቃስ ለይቲ ኸዓ ክስእን ?
ኤህ ኣካ ድኣ" ቢሉ ብሓዘን ሕርር በለ ፣ ግን እንከ ናይ ወተሃደር
ነገር እንታይ ከምዝኾነ ፣ ወይ ብምክንያት ወይ ብልማኖ ወይ ከዓ
ደንጊጸም ከምዘይገድፉኻ ክንዲ ዝፈለጠ ንሓዘኑ ቍርጥም
ኣቢሉዋ ነቐለ ። ፍቅያ ምግባር ማለት ኣብ ሓደ ስፍራ ወጺ
እካ ዝኣቱን ዝወጽእን ሰብ ምርኣይ፣ ኢዩ ጸላኢ ብሃንደበት ከይመ
ጽእ ምስትውዓልን ምጥንቃቕን ኢዩ፣ ወይለኡ ኸው ምስ ካልኣት
ዝዛረብ ፣ ወይለኡ ክፍ ቢሉ ዝርከብ ፣ ወይለኡ ድቃስ ጠሊሙዎ
ዝጸንሕ፣ ብዘይ ጥርጥር «ኪሞት በቃ» ፈሪዶም ክርሽኑዎ እዮም።
ኣበኡ ኸስ ቍሪ ይኹን ወይ ሃሩር ይኹን ክልተ ሰዓት ዝኣክል
ኣብ ሓንቲ ስፍራ ቀዊምካ ኢኻ እትነቅጽ ፣ ዝረኸበ ይርከብካ፣ እን
ካብኣ ፍንትት ክትብል ወይ ከዓ ሥፍራ ክትለዋውጥ ኣቀማምጣ
ክተዘናብል እኳ ኣይከኣለካን። እዙ ሥራሕ እዙይ ንዓስከር ክንደይ
ዝዓቢ ስኽፍታ ከምዝኾነ ምፍላጥ ፣ «ልብያ ልብያ፣ ልብያ ልብያ፣

ቀትሪ ጕያ ለይቲ ዋርዲያ፤» ዝበሃል ደርፊ ኣውጺኦም ዝደርፉ
ኽምዘለዉ ምንጋር ይኣክል ።

ትኳበ ኸስ ምስ ኃያሎ ብጾቱ እንካብቱ ምኅዳሮም ምጻእ ቀል
ቀል ዝኣክል ፍንትት ቢሎም ንዙ ዝበልናዮ ሥራሕ ክገብሩ ወጹ
ኣብኡ በብታራ ብቕያር እዮም ዝኅልዉ፤ ትኳበ ዘብርየሉ እዋ
ክስ ጊዜኡ ምሽ ምስ ኣኸለ ኸነ፤ ጠበንጃኡ ተሓንጊጡ ዝናሩ ጠ
ይቲ ተኸቲኹ፤ ሻቡ ዛዕጊ ክወርድ ዦሚሩ ነበረሞ፤ መንጠሊናእ
ተጨፍሂኑ ኣብታ ከሳድ ደው በለ። ምድረ ሰማይ ኵሉ ጸጥ ም
ብለ እዩ፤ ንቅዋ ኣራዊት የቢሉ፤ ጭጭ እትብል ዕንጭራር የቢሉ
ኣብዙ ዓድናስ እምበር እኳ ኣይጽምወካን እዩ፤ ድምጺ ኣራዊት
እውን ዘፍርሀ እኳ እንተኸነ፤ ቀሩብ ልብኻ ኣፍኵስ የብለልካ እዩ
ካልእ እንተ ተረፈስ ምድረ ሰማይ ንበይንኻ ዝውኅጠካ እኳ ኣይመ
ስለካን። ትኳበ ግን ንበይኑ ኣብኣ ከምዛ ቃውማ ዕንጨይቲ ደሪቑ
ነበረ፤ ኣብ ቅድሚኡ ብየማኑ ብጸጋሙ ለጥ ዝበለ ጐልጐል እም
ብር ካልእ ኣይርእን ነበረ፤ ከምቲይ ቢሉ እንከሎ ዓዱ ተዘከሮ
«ሄዚ ወለደይሲ እንታይ ኮን ይገብሩ ይሀልዉ» ኣነ ዝድቅሰሉ
ንእዲ ጥራዩ ተሪፉ እናረኣዩ ግዲ ይበኽዩ ይሀልዉ፤ ኣነ ግን ኣብ
ዙይ እንካብ ሰብ ተፈልየ ኣንፋ ብዙይ ክትብሎ ዘይክኣል ኣ
ብረኻ ተደርቢየ ጭልም እብል ኣሎኹ፤ ኣብዙይ እኔኹ በይነይ
እንታይ ሃገሩ እዩ ኃወይ እዙይ፤ ነነው ዝብል ኦም ኣይትርእየሉ
ሣዕሪ ዝብሉዎ ኣይትረግጸሉ፤ ሓዊ ቈለጭ ዝብል ወይ ትኪ ሓደ
ምኅዳር ዘይትርእየሉ፤ ንቅዋ ኣራዊት ዘይትሰምዓሉ፤ ብዘበልካ ኣበ
ልካስ ሑፃ፤ ለይቲ ምስ መዓልቲ እንተኸድካ ወትሩ ዘይውዳእ
ሑፃ፤ ሃገር ክዓ ኣሊዩዎ እዙይ፤ እሞ እዘም ኣዕራብ እዚኦምስ ም



ንቲ እዙ በደው ዝኸነ ምድሪ እዙይ ከምዚ ቢሎም ይዋግኡ፤ ወይ ኣካ በሓቂ ንሕናስ ኣይንወለድ ድኣ ናብ እቱ ለምለም ዓድና ክኣቱ ንጣልያን ሱቅ ቢሉ ርኢናዮስ፤ ኣረ ንሱ በይኑ ዘይኮነ ከም ዕዉር መሪሕና ከም ዕሽል ኣታቲና ናብ ዓድና ኣእቲናዮስ፤ ሎሚ ኸዓ ንዙ በረኻ እዙይ ክኅይዝ ንድግፎ ኣሎና፤ ዓድና ኣትኂዝናስ መትኃዝቲ ካልእ ዓዲ፤ ሃገርና ኣጥፊእናስ መጥፋእቲ ሃገር እማትና ንኸውን ኣሎና ። ከምዙይ ሃገርና ጽቡቕ ሃገር እንተዝሀልዎም ድኣ እዚኣቶምስ ኃወይ ከመይ ምገበሩ፤ እሞ ምስዙይ ኵሉ ኸዓ ንሳቶም ካብ ሓደ ወገን ናብ ሓደ ወገን እናኸ০ብለሉ ዝነብሩ ጓሶት መሰልቲ እዮም፤ እሞ ጣልያን እንተኃዘስ እንታይዶ ኣእተዎም፤ ዘይ ኣብ ዝዓረበም በረኻ እዮም ዝኃድሩ፤ ምእንትዙይ ክገዝኦምስ ኣይክ ኣሎን ነበረ ።

“ቀደም ከምዙ እዋን ዙይስ ግዲ ድቃሰይ ወዲኤ እነብር፤ ወይ ክዓ ገለ ጓይላ እንተሎ ምስ ኣዓየታተይ ኮበሮና ዧር እናበልና ሳዕ ሳዒት ንኣትዎ ነበርና፤ ኣዋልድን ኣወዳትን እናተቓባበልካ በዙይን በቱይን ኮይንካ እንክትደርፍ ክንደይ ይደምቕ ነበረ፤ «እዝጊ እመንየ እመንየ፤ እዝጊ እመንየ እንታይ ከይትኸንየ„ ሙዝየ ሙዝየ ማይዶ ኽማልኣልኪ ብጥርሙዝየ፤ እንክትብል እሞ ጓይላ ምስ ሃገገ ፊጽ እናበልካ ክተጣቕዕ፤ ኣህ ወይለይከ ድኣ። ‹ዉብ ጕዕ ለሚነየ ጕዕ ለሚነየ ዉብ ጕዕ ለሚን… ሄ… ምሕዳር እንተ[illegible] ጻእካ እብ ጸበ ጽግብ ኣምሲኻ፤ ኣሓ ዓይመን ዒሕ እናበላ መጕሰዔን ክመልሳ፤ ወጺእና ኣብ ሑጻሑጹ ኽይንና ኣስቲ ክንጻወት፤ «ኣስቲ፤ ደም ዓለቕቲ» ተበሂልካ ጠለፍ እናበልካ ክትተሓናኸ০ል እሞ ወይ ትስክም ኣቢልካ ካብታ ጕድጓድ ከተውጽኣ ወይ ፈንጠረው ኣቢሉ

ንድኅሪት ክመልሰካ ። ኣብኡ ቅልስ ክትጠማጠም ወይ ሕንቆ ክት
ተሓሓዝ፤ ሕልኻ ኣእቲኻ እውን ፈለስቲ ቢዘን ተርእዮ፤ ደብረ ቢዘ
ሰማይ ዚትኵር ቁመቱ ነዊሕ ደብሪ እዩሞ ከዋኽብቲ ሰማይ ከተርእየ
ወይ ከርእየካ ማለት እዩ ። ኣዓየ ኃይለ ብሕልኻ ሰይጣንነበረ፤ ኣዓ
ተወልደ ኣሳብራ ዓበይቲ ይኽእል ነበረ ። በዙይን ኣዛብእ ሩ
ክብሉ በቱይን ኣኽላባት ኽጣርዑ ምስማዕ፤ ወርኂ ኳዕ ምስ በለት
ከዋኽብቲ ውሪሕሪሕ እናበሉ ኣማእኪሎማ ምርኣይ ኣብ ልብኻ
ጠሰስ ይብለካ ነበረ ። ሽዑ ዓርከይ እንካብ ቅልስ ተመሊስካ ጸ
በሪዳ ምስታይ፤ ሽዑ ልምሉም ወለላ ሣዕሪ ኣብ ዘንጻፍካሉ መ
ቐሰ ግምስስ ኽትብልን ድቃስ ክወስደካን ሓደ ነበረ ።

ድቃስ ምስ ሰመየ ንሱ ሽዑ ኣበይ ከምዘሎ ተዘክሮ፤ ዳርጋ ኽምዙ
እንካብ ድቃስ ዝትንሥእ እንካብቱ ሓሳባት እቱይ ምስ ተባራበረ
ቊሊሕእንተበለ በይኑ ድኣ ኣብኡ ሱቕ ቢሉ፤ ሽዑ ብሓረቖት ንብዓት
ቅጽር ቅጽር በሎ፤ እቱ ጊዜ እውን ምኅላፍ ኣበዮ፤ ኣይ ምእንቲ
ኣቦኻ፤ ኣይ ምእንቲ ኣደኻ፤ ኣብ ጥራይ ጐልጐል ትነቅጽ ኣሎኻ
ኣብ ዘይትፈልጦ ዓዲ በይንኻ ተደርቢኻ፤ እናበለ እውን ደርፊ ተተ
ኃዘ፤ ደኃር ግን ኣብ ማእኸል እቱ ጽሙና እቱይ እንተደረፈ እቱ
ደርፉ ኣሰምቢዱዎ ሱቕ በለ። ቀሩብ ጽንሕ ቢሉ እቱ ዝቕይሮ (ቃል
ዓስከር) መጸ፤ «ክንደይ ድኣ ደንጐኹም ኃወይ» ቢሉ ንቱ ገረድዋቲኦ
(ቃል ዓስከር) ትኳብ ተዛረቦ፤ መሲሉካ ድኣ እምበር ሰዓቱ ሕጂ እዩ
ትኳቦ ፍጹም ርኅሩኅ ነበረ፤ ምእንትዙይ ንቱ ኃለቓ ኣነ ጥዒመየ
ኸይነ በይንኻ በዙ ለይቲ እዙይ ኣብዙ ቕሩብ መዘናግዒ ዘይብለ
በረኻ ምጽናሕ ፍጹም ዘጨንቕ ነገር እዩሞ፤ «ኣነ ምስዙ ኃወይ
መሰነይታ ክኾኖስ ኣብዙይ ኽተርፍ በሎ»፤ እቱ ብንጣዝ ብዙ



ኽምዙ ዝበለ ግብሪ ተለዓዒሉ፤ ከምዝደለኻዮ ግበር በሎ፤ ንድኅ
ሪት ምልስ ቢሉውን፤ ይዋኣት ደቂ ሃገርና እዙ ኽንድዙይ መንፍ
ዓትን ጋሮግንነትን ፍቕርንስ ምእንት ዓድኻ ቢልካ ኣብ ሞያ ይው
ዕል እምበር፤ እዙይ ዝመስልዶ ንባዕዲ ይሸየጥ፤ ቢሉ እናበኸየ ናብ
ስፍራኡ ተመልሰ ። ክልቲኦም ኣባኡ በይኖም ተረፉ፤ ጉጋሮም
እናበሉውን ወጋሕ ኣበሉዋ፤ ብዙ ኽምዙይ ዝበለ ኣገባብራ ትኳብ
ንቱ ብጻዩ ክንደይ ከምዝተፈተዎ ክንገር ኣይከኣልን። እንካብ ሓደ
ዓዲ ናብ ሓደ ዓዲ እናመረሖ ብበረኻ ንቑጽ ብፀሓይን ብደሮናን
ብዘይ ማይን ሄል ክብሉ ቐነዩ ።

## ጽ ም ኢ. ሞ ት ።

ሓደ ምጉሓት እቱ ጠቕላሊ ሓለቃኦም "ሃያእ ንኺድ ዕጠቑ,,
በሎም፤ ንሱ ንርእሱ ኣብ በቕሉ ማይ ጸዓነ፤ ከማኡውን እቶም
ካልኦት ብጾቱ ጣልያን ገበሩ ። ንዓስከር ግን መን ክሓስበሎም፤
ብጽምኢ እርይ እንተበሉስ ንእታቶም እንታይዶ ግዶም ። ነቐሉ
ድኣ ። መንገዶም ኣበይ ምኳኑ ኣንፉን ወገኑን ከይፈለጡ፤ ለሽብ
ክብሉ ውዒሎም፤ ብዝኃለፉሉ ሓንቲ ኣሰር ማይ ዝብሉዎ ከይረ
ኸቡ ኣማስያኡ ክኸውን ተሳፈሩ፤ ማይ እንተበልካ ማይ ትክል
ኣኒ ። ኣንታ ኣበይ ኣሎ እቱ ኃለቓ ዝበሃል እንተበልካስ፤ ንሱስ
ድኳኑ ተኺሉ ድኣ ማዩ ሓቝፉ፤ ኣብ ዙርያ ድኳኑ ዝተዓጥቁ ዘብ
ዔይናታት ገቢሩ ኣብኡ ኣጽቀጠ። እንካብ ምስ ማእዲ ምትሕልላ
ውሰ. ምስ ኩናት ምትሕልላው ዝብል ምስላ ኣሎ ። እቶም
ዓስከር ይዋኣት እዮም ብጽምኢ ኣምዑቶምን ጐረሮኦምን ነቒጹ
እንከሎ ፤ ንቱ ማይ ዘለዎ ድንኳን ምሕላው እሞ ፤ እንካብኡ

ቕሩብ ክትጥዕም ዘይምክኣል ክንደይ ዝጽንክሮም ከምዝነበረ መ
ክርድኦ ይኽእል ። ሻዑ ከምቲ እቲ ሃብታም ኣብ ገሃነም እሳ
ከይኑ ንኣልዓዛር ማይ ጥምዕ ኣቢሉ ኣንፈ ኣጽባዕቱ ልሳኑ ክዝ
ልሉ ዝምነ ዝነበረ ፤ ከማኡ ቅሩብ ማይ ነጥቢ እኳ ትኹን ክህ
ዎም ምደለዩ ፤ ግን ንኣታቶም ሰብ ከይቐርበ፡ ክልክሉ በሉዎ
እምበር ፤ ማይ መን ክህቦም ፤ እዚ ሓሳባት እዚዩ ሲ ከመይ ቢ
ይመጾም ። ጨርበሕታ ማይ ስምዕ ብዘበሉላ ልቦም ምስኣ ቍል
ትብል ነበረት ። ከምዚ ክትበልዕ ክሎኻ፤ ከልቢ ኣብ ጥቃኻ እ
ተሎ፤ እታ ዓይኑ ምስታ ኢድካ ሓፍ ለጥ እትብል፤ ርኢኻ ርኤ ክ
ኡ ነበረ ። ብዝተረፈን ከዓ ምስ ጣልያን እንተመዛዘንኮዮም ዘ
ከም ኣኽላባት እዮም፤ ኤረ ኣኽላባት እባ ይሕሹ ፤ ዳርንጎት ወ
ተረፍ ጉይታኦም እኳ ዝበልዑ ።

እቶም ኣብ ግዳም ተደርቢዮም ዝነበሩ ማይ ዝኸላእካያ ህበ
ዝመስሉ እኩባት ዓስከር ከ እንታይ ይገብሩ ነበሩ ፤ ገሊኣቶም ተ
ንጢዮም ብዓቕሊ ጽበት ድኅሪትን ቅድሚትን ይዛበጡ ነበሩ
ገሊኣቶም ኅበ ኽይኖም ይሰሓሉ ነበሩ ። ገሊኣቶም ዝገብሩዎ እ
ተጠፍኦም ንቱ ትርኩስ ሐፃ ስያክ ፋሕቲሮም ሕፍኒ ማይ ይ
እንተረኽቡሉ ቢሎም ከም ሑፃ ሩባ ዓዶም መሲሉዎም፤ በእዳዎ
ይፍሕሩ ነበሩ ፤ ግን ካብቱ ላዕላዋይ ዝውዒ ከይኑ ምስ ጸንሖ
ዓቕሎም ጽብብ ቢሉዎም ኣብ ሰማይ ፤ ናብቱ ኣብ ጭንቅና ዘበ
እንምኅጸኖ ኣምላክ፤ ቈላሕ ይብሉ ነበሩ። ኤህ ትርኢ ኣሎኻ ኦ
ሉ እትርኢ ኣምላኽ ። ርኣዮም እዞም ደቂ ዓድና ከመይ ዝበ
ኃሣር ዝረኽቡ ከምዘለዉ። ገሊኣቶም (ሓደ ክልተ ኣይኮኑን) ቅሩ
ተዓጊሆም ነበሩ ፤ ንቶም ዓቕሎም ዝጸበም ዝነበረ እውን ክጻን



ምደለዩ ፤ ግን ዘረባ ተሳእኖም ፤ ከመይሲ ጐረሮ እንድኅሪ ነቐጸ
ልሳን ዘተርከሶ ጥፍጣፍ እንተድኣ ሰኣነ ፤ ዘረብዶ ይክኣል እዩ ።
ኰላቶም ከናፍሮም ነቒጹ ኣዕይንቶም ፈዚዙ ገጾም ኃዲን ተኸዲኑ
ዓይኖም ሓመድ ተደፍዲፉ ነበረ። ዛዕዛዕታ ለይቲ እንተወደቐሎም
ትስፉ ይገብሩ ነበሩ ፤ ግን ኣብቲ ምድሪ እቲይ ዛዕዛዕታ የልቦ
ኣውሊ የልቦ ኣስሓይታ የልቦ ፤ እንተዝወድቕከ ሣዕሪ ወይ ቈጽሊ
ዘይቢሉ ንቑጽ ምድሪ ንጥብ ምስ በለ ረሲኑ ዝነበረ ሑፃ ምሰተዮ
እምበር፤ ኣብ ምንታዩ ክዓቍሮ ነገሩ ፤ ከምቱይ ቢሎም በሲሎም
ኃደሩ ። ንወጋሕታኡ ንቐል ንቐል ከነ ፤ ከምኡ ኸዓ እቱ ቕሩብ
ኃይሊ ዘለዎም ገቢሮም ገፊፍ ክብሉ ኀ᎐መሩ ፤ ፀሓይ ቀርቀር በለ፤
ሑፃ ረሰነ ፤ ዶሮና ተላዕለ ፤ ንብዙኃት ልቦም ጠለውለው በሎም፤
ካብኡ ንደኃር እውን ሥርዓት እንታይ ምኺኑ ተረስዔ ፤ ጠበንዣ
ኦምን ኣቓሑኦምን ዘልሓጥ ኣበቢሎም ከውድቑ ኀ᎐መሩ፤ ኣብ ኣጋ
ፈረቓ መዓልቲ ኣቢሉ ምስ ኮነ ንብዙኃት ርእሶም ዘዊሩዎም ተተ
ላዒሎም ጥቕልል በሉ። ካብ ዝወደቑዎ ከይተንሥኡ እውን ነቐጹ፤
በኡ ብኡውን ብኣፍንጫኦም ጸሊም ደም ዘረር የብሉ ነበሩ፤ እተ
ን ዝተረፉኦም ቅሩባት ደም ብጻዕሪ ሰደዱወን። ገሊኣቶም መንገ
ዲ ኣይከኣለናን ቢሎም ኣብ ዝኃለፉዎ ስፍራ ዘርጋሕ ቢሎም ተረፉ
እሞ ፤ እንካብኡ ከይተንሥኡ ቀለብ ራውያታት ኪይኖም ቀረዩ ።
ወዮ ሹመይና ጣልያን እዚይ ምስ ረኣየ ጠንጢኑዎም በቕሉ ሰረሩ
ተዘርጠጠ ፤ ከይቐትሉዎ እኮ ፈሪሁ እዩ ፤ እንተኸነ ዝደፍሮ ኣይ
ምረኽበን ። ሓቂ ወዲ ሓበሻስ ደፊሩ ንጣልያን ክቐትል ቢሉ ክሕ
ልን? ኣየ ጉድ ዘይመስል ነገር ኢዩ ። ከምዚ ዝደኸመ ኣድጊ እሞ
ሓሪድካ ሥጋኡ ክትበልዕ ጠቢሕካ ቈርበቱ ክትንጸፍ ዘይትኽእል

እሞ ኣብ በረኻ እዝጊ ዝፈተወሉ ይኹን ቢልካ ገዲፍካዮ እት
ይድ ከማኡ እዙ መላጥ ጨካን ንቶም ጸብደል ዝመስሉ ኣጉብ
ሓበሻ ኵርዓቱን ትሕብንቱን ዝነበሩ፤ ብጽምኢ ሓሚቖም ም
ረኣዮም ጠንጢኖዎም ሃደመ፤ ዘይሽዩጣት እዮም ክልእ እንታ
ከይኖም ። ፋሕ ጨንበሕ በሉ ፤ ናብ ዝኸዱዎ ከይፈለጡ ናብ ዘ
መስሎም መንገዲ ኣቕንዑ፤ መዓል ትኳበ ዝኃዘ ብሓደ ወገን ም
ከዱ። እዝጊ ግምባሮም ኣጸቢቑሎም ናብ ዒላ ማይ በጽሑ ። ን
ንቑጽ ነበረ፤ እንተኾነ ንቱ ናብኡ ዝነበረ ሊን ክሰትዩ ቢሎ
ኵሎም ኣበኣ ጽድፍድፍ ክብሉ ደለዩ፤ ግን እንከ "ኵላትና ክ
ንጸቓቑጥሲ ሓደ ክልተ ብመገድ ነውርድ" ቶበሃሃሉ፤ ምሰውረ
ዎም መገምርያ ንርእሳቶም ንቱ ጸብሪ ኣብ ኣፎም ኰሊሶም ም
ይ ኣበሉዎ ደኃር ከዓ ኸምኡ ክገብሩ ቢሎም ንብጾቶም ብታ
ታት መመሊኣም ሃቡዎም፤ ኣብኡ ይዋኣት እዮም ርእሶም መ
ሶም ምጽጽ ምስ ኣበሉ፤ ወዮም ኣብ ውሽጢ ኣትዮም ዝነበ
በእዳዎም ሃሰስ እንተበሉ ከምዙ መወተፍ ማዕከን ዝመስል ድ
ዳር ጨርቂ፤ በቱ ሓደ ወገኑ ንቱ ዒላ ተወቲፉ ረኣዩ፤ ስሒቦም እ
ተገደፉስ ማይ ቡሕቡሕ በለ ። "ተመስገን ኣምላኽ" ቢሎም ተ
ደቢሮም ስትይ ምስ ኣበሉ፤ ንቶም ኣብ ርእሶም ጽድፍድ
ቢሎም ክወድቁ ዝደልዩ ዝነበሩ ሰብ ሃቡዎም፤ ኵሎም ሰተዩ
ርእሶም ተሓጻጸቡ፤ በቕሊ ዝነበሮም ቡሉቕባሽ እሞ ሹምባሽ ከ
ኣበቕሎም ኣስተዩ ። እዚኣቶም እዝጊ ዝበረኸም ጽቡቕ ዕጫ ዝ
ዓደሉ እዮም፤ ራብዓይ ኣፎም ንቶም ኵሎም ኣይኾኑን፤ እዙ ማ
ዝረኸቡዎ ከኣ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ እዩ ። እንተ እቶም ክልእ
ግን ዓንዘር ክብሉ ኣብ ዝወድቁዎ ኣይፈልጡን፤ ገሊኦም ኣብ ኢ



ጸላእቶም ወዲቖም ተታኅዙን ተቐትሉን፤ ኣብ ፈቀዶ መገዲ ጸሕ ቢሎም ቀረዩ፡ ገሊኦም ከዓ ኣብ ዒላታት ምስ በጽሑ ከምዙ ኣብ ዳጉድ ጸባ ዝረኣየ ጽንጽያ፡ ከይሓሰቡዎ ብዘይ ልቦም ጠርበስ ጠርበስ ቢሎም ኣብኡ ኣብ ረርእሲ ተጸቓቑጡ ። ሻቡ ዝተራእየ ትርኢት እንከ ሔ....ው ጸላኢና እኳ ኣይርኣዮ፤ ወዮም ብታሕቲ ዝነበሩ ዓስከር ዓቕሎም ጸቢቡዎም፤ ሻንገርኦም መመሊሖም ንቶም ብላዕሊ ዝወድቁዎም ዝነበሩ መቓርስቶም ተቐበሉዎም፤ እዚኣቶም ከዓ ኣማዑቶም ተዘሪቑ ኣብ ልዕሊ እቶም ዝቐተሉዎም በድንን ጥዑይን ከይኖም ብሓንሳእ ኣብኡ ሞቱ ። ኣይንርኣዮ፤ ወላዲትን ወላዲን ኣይርኤ፤ ልቢ ዘለዎ ሰብ ኣይርኤ ።

ወዮም ጸብደላት ኣጉባዝ ኢትዮጵያ ከምዙይ ኮነ መወዳእታ ኦም ። እቱ ናብዙ ኵሉ ጥፍኣት ዘብጽሖም ጣልያን ከዓ ኣብ ክንዲ ቕጽዓቱ ንዓዱ ናብ ቤተ ሰቡ ኸይዱ በጥ ቢሉ ኪድቅስ ኢዩ'ም በር ካልእ ኣይረኸበን፤ ኵሉ ናቱ ከይኑሉ ።

ወይ ልግጫ፤ እቶም ካብዙ ኹሉ መዓት ዝወጹ ቅሩባትክ እን ታይ ኮነ መወዳእታኦም፤? ከምብሓዲሽ ንቶም ድቃስ ከሊኦምዎም ዝነበሩ ኣዕራብ እናተዋግኡ በብሓደ በብኽልተ እናወደቑ መመሊሶም ወሓዱ "በብሓደ ክንደይ ሰብ ወሓደ" ይብል ሰንቃዊ ብዛዕባ ንጉሠ እንክስንቁ ። ሓቂ እዩ ወዲ ሓበሻ ወትሩ ንፉዕ ምኳኑ ኣይ ተርፎን እዩሞ፤ ንቱ ወዲ ዓረብ ብዙኃት ይቐትሉሉ ነበሩ፤ ግን እንታይሞ ክኸውን ተተዓጺፉ እንድኣሪ መጸም። ከምዙይ ቢሎም ናብ ደረት ባሕሪ ወጹ፤ ግዝያቶም በጺሑ ነበረሞ ክምለሱ እውን በቡር ተሳፈሩ። "ትሩቡሊ ጸላኢና ይኺዶ፣ ንሕስያ ዘይቢሉ መሓመዶ፤ ብሻንገር ገዲፉ ብገሊዶ" ዝብል ዘስቆንቅን ደርፊ እናደረፉ

እውን ዝረኸቡዎ ጸበባን መከራን ውርደትን ዝሞቱዎም መሓዞ
ቶምን መቓርስቶምን እናሓሰቡን እናዘከሩን ይበኽዩ ነበሩ ።
እቶም ኣብ ዓዶም ዝነበሩ ወለዶምን ኣኅዋቶምን ኣዝማዶም
ከ፣ እዞ ኸሎ ኣብ ትሩቡሊ ዘኅለፉዎ ጊዜ እንታይ ይገብሩ ነበሩ
ምእስ ኮን ይምለሱና ፣ መዓልቱስ ኮን በጺሑዶ ኣይኸውንን እ
በሉ ልቦም ወትሩ ሰንፈላል ከይኑ፣ ለይቲ ምስ መዓልቲ ኣብ ፍ
ሃትን ኣብ ብኽያትን ይነብሩ ነበሩ። ከልኣት ደቂ ዘለውዎም እን
ኸኑስ እኳ ንቶም ከልኣት እናረኣዩ ንቱ ዝረኃቐ ብዙኅ ኣይዝከ
ዎን ፣ ከምኡ እናበሉ እውን ይዘናግዑ ፣ እንተ ከም ወለዲ ትኳ
ዝመሰሉ ሓደ ንሱ ዝወዶም ኩብ ክንደይ ደቂ ኣበይዝጊ ኃድ
ዝገደፈሎም ፣ ወዲ ክንደይ መብጽዓን ወዲ ክንደይ ምህልላን ዝ
በረ፣ ገዲፉዎም ንቶም ክልተ ኣረገውቲ ኣብ ዝኅልኅል እትብል ገ
ንዘይወለዱዎን ንዘይቀለቡዎን ንባዕዳን ከገልግል እሞ ከዓ ሕይወ
ክሳብ ምጥፋእ ክበጽሕ ዝኸደ፣ ከመይ ዝበለ ዘኅዝን ነገር እዩ። ወ
ኣካ ልቢ ጐበዝስ ኣብ ደረቱ ዝብሉዎ ምስላስ ኮን ክንደይ ሓቂ እዩ
ፍቕርኻ እምበር ከልእ ዘይልምኑኻ ፣ እንትርፈ ክጥዕመካ እምበ
ካልእ ዘይደልዩኻ፣ ትርፈ ቕድሚኻ ይስጥሓኒ ቕድሚኻ ይግበረ
ምባል እምበር ካልእ ዘይፈልጡ ወለድኻ ጠንጢንካ ኸዓ ፣ ኩብ ከ
ቢ ኣብሊጹ ንዘይርእየካ ሓደ ወዲ ጓና ኸተገልግል ምኻድስ ኣ
ደቅስን እኳ ። ናብ ነግዲ ናብ ሃድን ናብ ካልእ ድንገት ዘይቢ
ነገር እንተኸድካስ ኣይምኸፍኤን ፣ ናብ እንታይ ድአ፣ ናብ ውግ
ናብ ጽምኢ ናብ ጥሜት ናብ ሞት ናብ ምኹርማጋር ናብ ውርደ
ኢኻ እትኸዶ ዘሎኻ ። ንኰላቶም ወለዲ ዳርጋ ሓደ እንተተሰም
ቶም ወለዲ ትኳበ ኢና ፈሊና ንሰሚ ዘሎና እሞ፣ ናባኣቶም ን



ለስ። እተን ክልተ ዓመት እቲኤን ከመይ ዝመራን ከመይ ዝነውኃን ኮይነን ተራእየናኦም ከምዝነበራ ኸዓ እንኩብ ክትዛረቦስ ክትሓስቦ ይቐልል ። ይዋኣት እዮም ፣ ኣብ መወዳእታ ሕይወቶም ክንድዙይ ጻዕሪን ክንድዙይ ኃዘንን ረኺቡዎም ጥዕናኦም ወትሩ እናሓመቐ ይኸይድ ነበረ ፣ ምሸት መጸ ቅድሚ ምድቃስ እግዚኦ መሓረነ ክርስቶስ እናበሉ “ጐይታየ ንዞ ዝተኸቡብካልና እንኮ ወዲ ብድሓን ስሓበልና ፣ ኣዕይንትና ንኣኡ ኸይረኣየ ኣይትቕተለና„ ጥራይ ምህልላኦም ነበረ ። ኣዲኡ ፣ ይዋእ እየን ብሕልሚ ለይቲ እናተራእየን ብስሙ እናጸውዓእ ሃተፍተፍ ክብላ ይኃድራ ነበራ ፣ ሓድሓደ ለይቲ ኸዓ እቱ ሕልሚ ብዘይ መጠን ኃዪሉ ከምዙ ሓቂ ኸይኑ እናተራእየን ምስ ወደን ዝተራኸባ ይመስለን ነበረሞ ፣ ኃዝኩኻ ቢለን ክስዕማእ ኣእዳወን ዘርጊሔን ብድድ ይብላ ነበራ፣ ኩብ ድቃሰን ድኅሪ ተበራቢረን እውን ካልኣይ ጊዜ ድቃስ ከይመጸን እህህ ክብላ ንዛ ለይቲ ወጋሕ የብላኣ ነበራ ። ዝኸነ ይኹን ነገርስ ወደን የዘኻኽረለን ነበረ ። ሓደ ጐበዝ ኅልፍ ክብል እንተራኣያ ፣ “ወይ ኣነ ግዲ ወደይ ኣብዚኣ እንተትህልውለይስ ከምዙይ ቢልኪ ግዲ ክትከዲ ዓይነይ ምመላእክለይ።„ ገሊኤን ኣንስቲ ብዛዕባ ደቀን ገለ ክዛረባ እንተሰምዔኤንስ ልበን ናብቱ ስግር ቀላይ ዘሎ ይኸይድ ነበረ ። ኣሓ እምብሕ ክብላ እንተሰምዓስ፣ ዋናኸን ዘየሎሞ እንታይ ክትጠቅማ ኢኸን፣ ጸባ እንተተሓልበ ጠስሚ እንተተሓቑነስ ካልእ ክሰትዮ ካልእ ክጸብሖ እዩ፣ ኦ ትኳበ ትኳበ ።.... እኸሊ እንተኣቶስ ንመን ክኸኖ እዩ መን ክበልዖ፣ ትኳበ ወደይ ጸጊቡ ዘይሃጥረሉ ንኣይ እንታዩይ ዘይመባዝኅ ኃዘነይ እዩ፣ እናበላ እንታይ ክበሃል ዘረባኤን ምስ ወደን ጥራይ ነበረ። ጐረባቢተን ኩሎም ብዙኅ የደንግ

ጻኦም ነበሩ፤ ኣምላኼ ክፉእ ኣይተርእየና ወደን ብድሓን ስሓበለ
እናበሉውን ብልበም ይጽልዩ ነበሩ ። ብዓል እንዳኤን ከዓ ከይጸ
ለላኦም ብዙኅ ይፈርሁ ነበሩ ። ሓድሓደ መዓልቲስ እኮ ከም ጽል
ልቲ እየን ወደን ከጽውዓ ዝውዕላ ዝነበራ ። መዠመርያ መል
ክቲ ምስ መጸም'ንከ፤ ንታ ወረቐት ክበልዓአ ደለያ፤ ሓደ ጊዘ
ናብ ኣፈን ሓደ ጊዜ ናብ ገጸን ሓደ ጊዜ ናብ ልበን እናበላ እው
ይስዕምኣን ይሳለማኣን ነበራ ።

እቲ ሓደ መዓልቲ ወደን ተሳኢሉ ምስ ሰደደለን ግን፤ በሓ
ዳፉ ዝገብራኦ ሰኣና፤ ኣብ መዠመርያኡዶ ንዓይነን ምእማን ስኢነ
ከምቲይ ቢልካ ገጽ ሰብ ኣብ ወረቀት ከምዝስኣል ኣይፈልጣን ነ
ራሞ፤ ከምዙ ሕልሚ እምበር ሓቂ ኣይመሰለንን፤ ንታ ስእሊ ከ
ነፍሰን ምፍላይ ኣበያኣ፤ ንኣዳኖታተንን ከዓ እቲ ስእሊ ወደን ም
ኣይን ብዛዕባኡ ወትሩ ምዝራብንን ደስታኤንን ኵርዓተንን ነበረ
ከምዙይ ክኸውን ከሎ ይኣትዉ ይኣ ኣለዉ ዝብሃል ወረ ተሰምዒ
እቮ ወረ እዙይ ከምዙ ሓደ ዓቢይ ንፉስ ክጠፍእ ቢሉ ንዝነበ
ቀልዒ ቅሩብ ቈለጭ ከምዝብሎ እሞ፤ ዝርው ኣቢሉ ከምዘጥፍኦ
ንኣኤን ከማኡ ኮነን። እቲ ደኺሙ ዝነበረ፤ ብናፍቖት ወደን እው
ሰልኪዩ ዝነበረ ልበን ቅሩብ ሕይወት ሀብ ኣበሎ ልበን ብብዝ
ታሕጓስ ብዘይ መጠን ትግ ትግ በለ፤ ንቲ ትርግታ እቲይ ምጽዋ
ሰኣኖ እሞ (ከመይሲ ንሰን ኣብ እርጋንነን እየን ዝነበራ) ጠረ
ቢሉ ሡር ልበን ተበትከ፤ ብኡ ብኡ እውን ወደይ እናበ
ዓረፉ ። ናይ ብዓል እንዳኤን ኃዘንን ከዓ ልቢ ዘለዎ ሰብ ባዕለ
ይሕሰበ፤ ምርኃቕ ወዶም ከይኣክሎምስ ከዓ፤ ሰበይቶም ሞታኦም
በይኖም ኣብ ጥራይ ቤት ተሪፎም፤ ኣብቲ ዓቢይ ቤት ተደርቢዮም



ምስ ተራእዩ እንታይስ እንታይ እሞ ክበሃል ይከኣል፤ ክበርን ተሓ
ጐስን ዘይበሎ እርጋን፤ ሰብ ኣብ ሽበቱ ኣብቱ ፍቕርን ክብርን
ዝደለየሉ እዋን ብውሉዱን ብበዓልቲ ኪዳኑን ድኅሪ ተታሕዘ እዙ
ይ እዩ መወዳእታ መርገሙ ንሰብ ። ከመይሲ ሰብ ንእሽቶ እንተ
ድኣ ኾነ ዕድሚኡ ዓለም ሓሳዊት እያሞ፤ ንሳ ኣይዘኻ እናበለት
ከተጸናንዖን ከተስሕቖን ትኽእል፤ ሰብ ዕድሚኡ ምስ ኃለፈን ናይ
ዓለም ሓሶት ምስ ፈለጠን ከዓ፤ ብምንታይስ ብምንታይ ክጸናናዕ
ይኽእል፤ እንተኾነ ወዶም ይኣቱ ኣሎ ምስ ሰምዑ ተጸናኒዖም
ደኸን ከዓ ይበሃል ይኸውን፤ ኣይፋሎምን፤ እቲ ወረ እቲይ ንኣኦ
ምውን ሽሕኳ ሰብኣይ ብምኚኖም ናብ ሞት ክብጽሖም እንተዘይ
ክኣለ፤ ንኣኦምውን ብዙኅ ደኣ ኣሸማሚዑሎም ነበረ። እቲ ጋና ክህ
ሉን ከይህሉን ዘይምፍላጦም እቲ ማይ ኣሎ ክራማት ኣሎ ከምዝ
ብሉ ዓድና፤ መገዲ ቐላይ ድንገቱን መከራኡን ዘይፍለጥን ዘይውዳ
እን ከምኚኑ ምስማዖም ደኃር ከዓ ንወዶም ብድሓን እንተ ድኣ
ኣተወስ ሞት ኣዲኡ ክርድኡዎ ምስ ኮኑ ክንደይ ከምዝኃዝንን
ምሕሳቦም ብዙኅ ህውከት ኣእቲውሎም ነበረ ። ብልዒ እሞ መስ
ተ'ውን ኣበዩም፤ ድቃስ ተቐብጾም፤ ምስ ሰብ ምኻድን ምዝራብን
ሓረሙ ተጸልኦም፤ ጥራይ ኣብታ ገዛኦም ተጸቒጦም ምውዓል እሞ
ብኽያትን ምስቍርቋርን ጥራይ ኮነ ሥራሖም፤ ኣብቲ ገዛ እውን
ዘልዕሎምን ዝፋቕዮምን ኣይነበሮምን፤ እተን ጐረባብቶም እወ፤
ድሓን ሰባት ነበራ እሞ ሓድሓደ ጊዜ ክረድኣኦም ቢለን ይመጻ
ኦም "እንታይ ብልዕኹም እንጌራ ክንገብረልኩም ማይ ክነምጽኣል
ኩም„ ይብላኦም ነበራ፤ እንተኾነ ሰብ ምስ ነፍሱ ምስ ተበኣሰ ኃያ
ል እዩሞ ንኣኦም እዙ ነገር እዙይ መመሊሱ ድኣ ይኸብዶም ነበረ

እምበር ሓንቲ ዘጸናንዖም ነገር ኣይነበረን ። ብይኖም ክገድፉኦም ጥራይ ይደልዩ ነበሩ ። በይኖም ከይኖም ኃዘኖም ክኰማስዑ ምው ዓል ጥራይ ይፍተዎም ነበረ ። ዘይ ብሥጋኦም እዮም ኣብዙ ዓለም ዝነበሩ እምበር ልቦምስ ኣብ ካልእ እዩ፤ ኣብ ሰበይቶምን ኣብ ወደ ምን ጥራይ ብምሕሳብ ሃለዋቶም ኣይፈልጡን ፤ እቲ ዝነበሩዎ ስፍ ራውን ኣይዝክሩን ነበሩ ። ልቢ እንተዘይረኣየን እንተዘይ ሰምዔን ዶ ዓይኒን እዝንን ዝጠቅም ኮይኑ ። ኣብ መንጎ እዙይ ዓስከር ይእ ናብ ባጽዕ ኣትዮም ዝብሃል ወረ ተሰምዔ። እወ ዓስከር ኣብ ባጽዕ ኣትዮም ነበሩ። ክልተ ዓመት ድኅሪ ቀላይ ተሳጊሮም እቶም ግም ባር ዝሃቦም ቅሩባትስ እወ ዓዶም ክምለሱ ናብ ባጽዕ በጺሖም ነበሩ ። እቲ ሽዑ ዝስምዖም ዝነበረ ሓሳባትንከ መን ክፈልጦ ይኽ እል ። ወዮ ብናፍቖቱ ክሞቱ ቢሎም ዝነበሩ ዓዶም፤ እኒሆ ሎሚ በጺሖምዎ፤ ወዮ ዘረባ መዓልቶምን ሕልሚ ለይቶምን ዝነበረ ኣበይ ዝጊ ባዕሉ ዝሠርሖ ዓቢይ መንደቅ ዝመስል እምበታቶም ተሰሊ ፉ እንክረኣዮም ፤ ንብዓቶም ምዕጋት ሰኣኑ ። ልቦምን ቀልቦምን እኮ ጥራይ ኣብኡ እዩ ዝነበረ። መሬትካ ይትረፍ ይእ ኣብ ጸገምን ኣብ ጭንቅን ዘለዎ ዓዲፍካዮ ኼድካስ፤ ኣብ ጣዕምን ኣብ ጕትነትን እኳ እንተኾነ ኣይርሳዕን እዩ ። ኣብ ባጽዕ እቶም ንእታቶም ዝመ ስሉ ከደሮት ዝኅብሮም ጨርቂ ዝኸዳኖም ተሰከምቲ ምስ ረአዩ ኵሉ ሰብነቶም ተደናፈቐ ፤ ምስኡ ኸኣ እዙይ ዘይበሃል ታሕጓስ ወሪሱዎም ስሒቕን ብኽያትን ብሓንሳእ ይሰዱዎ ነበሩ ። ኣብ ባጽዕ ብዙኅ ሰቦም ዘይነበሩዎ ኸሎ ክንድዙይ ዝተለዓዓሉ ድኣ ኣብ ኣሥ መራ ምስ ወጹ እንታይ ክኸውን እዩ ። ሕገር ንርእዮ ።

ወዮም ሰቦም ዓስከር ይኣትዉ ይእ ኣለዉ ምስ ሰምዑ ዝከኣሎን ዘይከኣሎን ብእግሩን ብበቕሊን፤ ቈልዓን ሰበይትን ኣረገውትን ኣጕባ ዝን ካብ ኵሉ ዓዲ ኣብ ኣሥመራ ተኣኪቦም ነበሩ ። እንክበኣቶም ገሊኦም ይዋእት እዮም ሰቦም ክህልዉን ዘይኪህልዉን ወረ ዘይነበ ሮም ብፍርሃትን ብተስፋን ልቦም ሓቝፎም ይጽበዩ ነበሩ ። ብፍ ርሃት፤ ከመይሲ ሞይቱ ዝብል ወረ ኣይሰምዑን፤ ብተስፋ፤ ከመይ ብድ ሓን ክኣትወሎም ይጽበዩ ነበሩ ። መቾም ኣብ ደቂ ዓዲ ባቡር እትኣትወሉ ሰዓት ኣይፍለጥን እዩሞ፤ ዓሠርተ ጊዜ ናብቱ ምዕራፍ ባቡር ተተመላሊሶም ክጥይቑ እንክትርእዮም እሞ፤ እቶም ኣብኡ ዘለዉ ሰባት ሸሕ ጊዜ ብተለምኖ “ብሩንቶ„ ክብሉ ዝውዕሉ ንወዮ ኃዎም ወዲ ሓበሻ ገዮይትቶሙሉ ብኾርዓት ክጥምቱዎ እሞ ባቡር ምኣስ ትኣቱ እንተበሉዎም እውን ሓደው ከይመለሱ ሱቕ ቢሎም ሓደው ከዓ ዘይጠቅምን ዘጕሂን ዘረባ ተዛሪቦም ረጊጸሞም እንክ ኃልፉ እንክትርኢ ክንደይ የኅዝን። ኤረ ብኡ ኣይኣኽለሎምን፤ ሓድ ሓደ ጊዜስ እባ ድኣ ማህረምቲ ኣሎ፤ ኵርማጋር ኣሎ፤ ምድፋእ ኣሎ።

“ኣብየት ኣብየት መሓረኒ ገዮይታይ ፤ ነዓቕ ዓጽሙ ከይኑለይ ዓቀይታይ„ ተብሂሉ ዝተደርፈ እዙይን ክምዙይ ዝመስልን ነገር ምስ ተራእየ እዩ ። ባቡር ካብ ምጽዋዕ ንወዮም ዓስከር ጎዛ ናብ ኣሥ መራ ኣውጺኣቶም። ሻብቱይ እቲ ንሳ ክትኣቱ ኣብ መዓርፎእ ብዙኅ ሰብ ተኣኪቡ ነበረ ። እቶም ምእታዋ ዘይፈለጡ ዝነበሩ እሞ ኣብ ሥራሖም ወይ ኣብ ገዛኦም ክለዉ ምስ ሰምዑ ዝብላዕን ዝስተን ጎዚዎም ናብኣ ኣቢሎም ይዛባዘቡ ነበሩ ። ሻዑ እቲ ኹሉ ሓጹር እታ ባቡር ተዓጽወ ፤ ዛብጥያታት ገዮታይ ፡ ኃሙሽተ እመት ዝም ንዋሑ ኵርማጋር ጠቕሊላ፤ ሽጉጣ ብጸጋም ዘው ኣቢላ፤ ክምዙ ናብ፤ በዓል ዝተዓጥቀ ሰብ ኸይኖም ኣብ ኣኣፉ ክትት ቢሎም ነበሩ ።

ሻቡ ናብኦም ኣቢሉ ቅርብ ዝበለ ወዲ ሓበሻ ኣልዒልካ ምድርጋመ
እዩ እምበር ዘረባ የልቦን ፤ ከመይሲ ንኣታቶም ንሱ እዩ ዕዮኦም
ንሱ ትእዛዞም ። እሞ ንወዲ ሓበሻ ጥራይ እዩም እምበር በደና
ጉሳ ዝበሊኡስ ወዲ ባሕሩስ ኣይድፈርን እዩ ። ወዲ ሓበሻ ድኣ

ባቡር እናፋጸየት ደበኽ በለት፤ ወዮም ዓስከር መኣረምያኦም ኣወ
ጺኦም ከንበልብሉ ዝመሩ ወየን ኣብኡ ዝነበራ ኣንስቲ ገሊኤን
ሕልል ክብላ ገሊኤንን ክበኽያ ዝመራ ። "ባቡር መጺት ትኪ ተኽ
ዲና ፤ ጓል እኖኻ ትበኪ ደኺና ፤ ጕብዝ ከደ ንንጌራ ሃደና"። ቢለን
ደረፋ። ወዮ ሰብ ተለዓዒሉ ዕግርግር ምስ ኣብዝኄ ዛብጥያታት ብኸ
ርማጋ ዓይኒ ኣይብሉ ስኒ ኣይብሉ ተተኃኃዙዎ። ድኅሪ ኃያሎ ጊዜ
ወዮም ዓስከር ወሪዶም ተሠሪዮም ብሓደ ወገን ምስ መጹ፤ እቱ ሰብ
ናብኦም ፍስስ በለ ፤ ሽዑ ዝረኣየ ከምዙ ኣባጊዕ ወይ ኣጣል እንክ
ሓትዋ እሞ ውላውደን ብምሉኣቶም ምስ ፈኖኻለን ወወደን ከና
ድያ "ብዓዕ„ "ሜዕ„ እናበላ ናብዙይን ናብቱይን ዝዛበጣ ፤ ወደን
ንዘይኮነ እውን ሓደው ጕኺጸን ሓደው ወጊኤን ከምዘርጎቖኣ
ሕቶም ውላውዲ ኸዓ ኣደዲኦም ከናድዩ እናነቀዉ ብወገኖም እዙ
ዶ ዘይበሃል ጫውጫውን ሕልኽልኽን ከምዝኸውን፤ ከምኡ ወዮም
ሕዝቢ፤ እቶም ካብ በረኻ ዝኣቶዉን እቶም ኣብ ዓዲ ዝጸንሑን
ብሓዳፉ ከምዙ ሹሉ በብሽምካ እናተጸዋዕካ እዩ እምበር ወይ ንስ
ወይ ንኣኡ ዝመስል ሓደ ምስ ትርኢ እውን ከይኸውለካ ክትጎዘ
ክትብል እናተጻረፍካን እናተበኽኻን እዩ እምበር ዝተገብረ። እቶም
ዝተራኸቡ ኣብኡ ክሰዓዓሙ ተተኃኒዞም ከለዉ፤ ካልኣት እቱ ናይ
ፍቕሪ ምልክት ክገብሩ ኣይገድፉዎምን፤ ከምኡ ድኣ ሰበም ከናድዩ
ይጓነጹን ይጻፍዑን ነበሩ ።



ኃዋን ከዓ ከምዘየሎ ምስ ረኣየት ኣዕይንታ ንንብዓት ኣፋ ንኣው
ያት ከፈተቶ ። እቱ ትርኢት እቱይ ጸላኢና እኳ ኣይርኣዮ ። ብኃ
ዘን ተጸሊላ ከምዙ ኸብዱ ዝተቖርጸ ሰብ ክትልሎ ዝመረት "እን
ታይ እኳ ይብሉኒ እቶም ዓደይስ እንታይ እኳ ይብሉኒ ፤ ኃወይየ
ምሳኻ ተሰዲደስ ፤ በይነይ ክምለስ ፤ ኣበይ ወደቐ እንተበሉኒ ዘይ
ፈልጠ ፤ ኣበይከ ተቐብረ እንተበሉኒ ክቕበር ከይቕበር ዘይፈልጠ፤
እንታይ እኳ ይብሉኒ ። ዓድይ ገዲፈ መጺኤ ብዝካኻ መጸናንዒ
ዘይነበረኒ ፤ ሎሚስ ናብቱ ዝኸዶ እኳ ጠፍኣኒ፤ እንታይ ከምዝገ
ብር ንገረኒ„ እናበለት በቱ ኸም ካራ ከይኑ ንልብኻ ዝኣትዎ ድም
ጺ ጓል ኣንስተይቲ እንክትበኪ፤ ንሰብ ብብኽያት ክትውድእ ደለ
የት ። ሽዑስ እቶም ካብ እምኒ ዝጸንዕ ልቦም እኳ ምተለዓዓሉ ።
ናይ ሽዑ መዓልቲ በይኑ ኣይኮነን እዙ ትርኢት እዙይ ወትሩ ዓስ
ከር እንክኣትዉ ዝግበር ነገር እዩ ።

ድኅርቱ ጫውጫውን ብኽያትን ፤ ሰብ ነናብ ዓዱ ኸደ ። ኣበ
ትኳበ ግን ክቕበሉዎ ኣይከኣሉን ፤ ከመይ ሓሚሞም ነበሩ ። ንሱ
ብኡ ብኡ ፀርመሶ ጠሊሙ ንዓዱ ኸደ ። ምስ ኣቦኡ ዝተሰዓዓሙ
ዎንከ፤ ኣብኡ ኸሎኻ በዕልኻ ምሕሳቡ ይሓይሽ፤ ከመይ ንፍቕሪ ክት
ጽሕፎ ቀለም የቢሉን።

ኣደይከ፤ ኣደይ ናበይ ከይዳ፤ በሎም ፤ ንሰም ከመኻንዩ
ዝመሩ "ናብዙይ ከይዳ ኣላ ጽበሕ ክትመጽእ እያ„ ገለ
በሉዎ ። ልቡ እኳ ኣይዓረፈን ። ኣደይ እንተትህሉዶ ምእታወይ
እናሰምዔት ናብ ካልእ ከይዳ እናበለ እውን ልቡ ነጊሩዎ ክበኪ
ዝመረ ። ኣበኡ ኸዓ ምስኡ ተተኃኒዞም ጭጭ በሉ ። ኣጻዕዲ
ዮም ሞተን ነገሩዎ፤ ኣብቱ ኣጋ ዓዱ ክኣትወሉ ጊዜ ከምዝሞታ

ኣብ መወዳእታኡንከ እቱ ሰሰቡ ዝረኸበ ወወሰኑ ጊዙ ግልል ምስ በለ ፤ እቱ ህውከት እናዘኃለ ኸደ። እናዘኃለ ኸደ ዶ? ኣበይ። ወዮም ሰበም ዝስኣኑ እቶም ሰበም ሞይቶም ሰሚዖም እሞ ከይቀ በጹ ጸኒሖም በዕላቶም ምስቶም ብጾቶምን በጠሎኒኦምን ክደልዩ ዎም እሞ፤ ሻዑ ክቐብጹ ቢሎም መጺኦም ዝነበሩ ብኸያትን ኣው ያትን ልቕሰን ዝመሩ ። ኃዘኖም እውን መጸናንዒ ዘይቢሉ ኸነ፤ ከመይሲ ደቆምን ሰበምን ስኢኖም ፤ ንሱ ጥራይ እውን ኣይከነን፤ ሬሳታቶም እኳ ኣይረኸቡን፤ ኣብ ዕመቕ ባሕሪ ዓሣ በሊዑዎ ይኸ ውን፤ ወይ ኣብ በረኻ ቆለብ ራውያታትን ፤ ጊደ ኣዛብእን ከይኑ ይኸውን፤ ዝብል ሓሳብ እናሓሰቡ እውን ጸላኢና ይርኣዮ ዝበኸ ዩዎ ዝነበሩ ።

እዙ "ሰቲሞ„ ክውድኡ ጊዜ እሞ፤ እቶም ዝተረፉ ኣትዮ ምስ ሰብ ክቕበሎም ምስ ከደ ኣብ ዓይነይ ዝገጠመኒ ትርኢት፤ እኳ ኣይርስዓንን። ሓንቲ ኣምሓረተይቲ እያ፤ ካብ ዓዳ ካብ ንየው ምስ ሓደ ኃዋ ተሰዲዳ ናብ ኣሥመራ መጺኣ፤ ክልቲኦም ጥራይ ድኣ ይመስለኒ ካልእ ሰብ ኣይነበሮምን። ደኃርንከ ወዮ ኃዋ ገዲ ፉዋ ተዓስኪሩ ኣብ ትሩቡሊ ኣዕራብ ቀቲሎሞ። ወረ ቀደም ድኣ ሰሚዓ ይመስለኒ። ኵሉ ነፍሳ ካብ እግራ ክሳብ ርእሳ ኃዘን ጥራይ የልዕል ነበረ፤ ጸጕሪ ርእሳ ሰዲዳቶ፤ ኣዕይንታ ብብኽያት ኣንኰሊሉ፤ መዓጕርታ ብንብዓት ተተሊሙ፤ ገጻ ብምምላጥ ማዲዩ፤ ጨርቃም ክዳውንቲ ተኸዲና፤ ኣብ ርእስኡ ሓደ ኣረጊት መንጠሊና ናይ ኃዋ ዝተረፉ ዋርሳ ገቢራ መጸት። እታ ባቡር እንክትኣቱ ቀስ ቢላ ጢኒን ትብል ነበረት፤ ደኃር እቶም ዓስከር ምስ ወረዱ፤ ኃዋ ብሽ ሙ ክትጽውዖ ዠመረት። ኵሉ ሰሰቡ ጊዙ ክኸይድ ምስ ነቐለ



ሰሚዑ እውን ኃዘኑ መስፈርቲ ዘይቢሉ ኸነ። መዓንጣ ኸብዱ እና ተቘርጸ ድኅሪ ነዊሕ ቡኸዩን ኣስቈርቍሩን ከምዙይ በለ፤

ርኁቕ ሃገር ከይደ፤ ምእንቲ ዘይዓደይ
ክልተ ዓመት ኣብኪየ፤ ክቡራት ወለደይ
ካልእ ከይተርፈኒስ፤ ቀቲለያ ነደይ
ገፈፍ ክብል መጺኤ፤ እኔኹ ጥራይ ኢደይ
ይርገሙኒ ኵሎም፤ ሰባተይ ኣዝማደይ ።

ኣይ መግቢ ስኢነ፤ ኣይ ጠሊ ሃሪፈ
ኣይ ክዳን ዓሪቀ ዝባነይ ተገፊፈ
ጸው ቢለ ዓበድኩ፤ መሬተይ ገዲፈ
እኔኹ ተመለስኩ፤ ብኸንቱ ሃፊፈ
ይርገመኒ ኸሉ፤ ዝተዋህበ ጸፈ ።
ሃብተ ጻጋ፤ ኣምላኽ ዘይከልኣኒ
ኣብዙ ኸሉስ፤ እንታይ ሰደደኒ
ብኣይዶ ሞትኪ፤ ኣደይ ምዓረኒ
ጠሊመኪ፤ ሠይጣን ኣስሒቱኒ
መርገም ቃልኪ፤ ኣሜን ይብጻሓኒ
ብዘይ ኣካል፤ ብዘይ ዓይነ ስኒ
ባኺነ ኪተርፍ፤ ከምዛ ግኒ
ካብኡ ዝዓቢ እኳ እሞ፤ ምተገብኣኒ
መርገምክስ ኣይፋል፤ ቶሎ ድኣ ይብጻሓኒ
ደጊም ይትረፍ፤ ጥርቡሽን ትዕቂትን
ደጊም ይትረፈኒ፤ ጣልያንን ህውከትን
እንካብ ዓደይ ወለደይ፤ ዘበለኒ ብትን

ንየው ይበል፤ ጠበንጃን ጥይትን
ንዮ-በል ክታበት፤ ናይ ጣልያን ሽመትን ።

ኣብ ዓድኻ ምጽባይ፤ ንሞትን ሕይወትን ። — እናበ
ድኅሪ ኣልቂሱን በኽዩን ተመሊሱ ርፍቲያ ሃቡኒ ቢሉ ተረፈተ እ
ኣብ ዓዱ ተቐመጠ ። ኣበኡ ድኅርቱይ ነዊኅ ኣይጸንሑን። ካብ ኰ
ንከ ናይ ኣዲኡ ሞት ሥቓይ ከይኑዎ ነበረ ።

። ። ። ። ። ። ።

ጐበዝ ከዶ ጋር ነፍሲ ከእቱ
ኣበ በልዔን እንቐዓ ሽሚቱ
መልሓስና እምበር ሕሊናናስ ምይቱ ።

ብሓቂ ሕሊናናስ ሞይቱ እዩ ። ኣይ ስለ መንግሥትኻ ኽይ
እሞ ሞያን ክብረትን ኪተርፈካ ማዕረ ሰብ ተቈጺርካ ኣፍካ መሊ
ካ ሓሳባት ልብኻ ክትዛረበሉ ። እንታይ ድኣ፤ ክትፈርህን ወትሩ ሽ
ጥቍጥ ክትብልን፤ ኣብ ቅድሚ እዘም ፀዓዱ ከመ ኢ.ምንት ተ
ጺ.ርካ፤ ሽመት ተሸምካ ኣይትኅፈረሉ ቆቡዕ መሊስካ ኣይትኽ
ረሉ፤ ብዕድመ.ሽምጊልካ ቀሩብ ዘይርኅርኑልካ፤ ከምዙ ካብ ካል
ፍጥረት እንስሳ ዝተፈጠርካ እምበር ከማታቶም ካብ ኣዳም ዝበ
በልካ ዘይመስሎም ።

ንሕና እንተኾነስ ከባታቶም ንገድድ፤ ከምዙ ኣማልኽቲ እ
በር ከም ካልእ ዘይንቈጽሮም፤ ከመይ ንሳቶም እንተወቐዕናን እ
ተዋረዱናን ብዙኅ ዘይስምዓና ። ወየ ወዲ ሓበሻ ንናይ ብጻዩ ን
ንቲ ጸርፍን ንሓንቲ ማህረምትን ክንደይ ነገርን ህውከትን፤ ካሕሳ
ሒነ ደምን ዝደልየሉ ዝነበረስ ሎሚ ጣልያን እንተዋረድዎን እ



ተዘበጡዎን ሱቕ ይብል፤ ኤረ ገሊ.ኣቶምስ ከም ናይ ፍቅሪ ይምሰ
ላቶም ። ሕሊናና ሞይቱ እንድዩ ። ጣልያን ደቅያት ከኣ ካልእ ኃሊ.
ፉዎምስ ከምዙ ጽንጽያ ዝቀትሉ ብሠረገላኦም እንክኸዱ ኣብ ፊት
መንገዶም ጸሊ.ም እንተገጠሞም ሓንሳእ ደው ምባል ጸጊሙዎም
ንሰበት ረጋጊጾም ይኃልፉ ።

ኣብ ርእሲ እዙይ ከኣ ብኅልፊ ምድሪ ተበኣሰና፤ እንተዘራእናዮ
ንሃጕን ነንበጣን ኮነ ። "ዝዘራእናዮን እንተሓረረ፤ ዝተኸልናዮን
እንተተሰብረ፤ ዝወለድናዮን ባሕሪ እንተሰገረ፤ ኣንታ ንሕና እንታ
ይሞ ንግበረ„ ቢሎም ሓደ ኅፋር ሽማግለ ኣልቀሱ ። ናይ ናብራና
ነገር ኣየደቅሰን፤ መመሊ.ሱ እውን ንያትካን ሕሊ.ናኻን የዕርብ ።
እዙ ኵሉ ረኺብናን፤ በዙ ኹሉ ተጠቒዕናን ከዓ ናብቱ ንኽዶ ስኢ.ና
ኰሊ.ልና ኰሊ.ልና ኣብታ ዕስክርናን ኣብታ ሽቕሊ. ኮንና፤ ጣል
ያን ከዓ ከምዝደለየ ይገብረና ኣሎ፤ ከመይ ዝፈርሃልና ዘይቢሉ
ኽይኑ። "ዋና ዘይቢሉ ዋና ዘይቢሉ፤ ዋና ዘይቢሉ ሓበሻየ ከምኡ
እንድኣሉ„ ሕሊ.ናና ሞይቱ እዩ ። ግን ንኡ ዘልዕል ዘመን
የምጽኣልና ።

፲፱ መስከረም ፲፱፻፳ ።

፤ — ሓደ ዘንታ ።

## ሓድሓደ ሥርዋጻት ።

### እንካብ ማሕላ “ፓንቲዳ„ (ናይ በርሽ ድርሰት ።)
### ዝተጠቕሰ ሓድሓደ ቓላት ።

<u>ቀደም ተማሒሉ</u> ። ዝተማሕለ ነገር ኣይጥለምን ፤ ማሕ
ካብ ኵሉ ዝዓቢ ማእሰርቲ እዩ ፤ ኣቦይዝጊ እኳ ብርእሱ ይ
ሕል ፤ ሰብ ከኣ ብስም ኣቦይዝጊ ምስ ዝምሕል ዳርጋ ኣቦይዝጊ ይ
ስል ፤ ማሕላ ከኣ ኵሉ ከምዝፈልጦ ወይ ወንጌል ከይጠቃዕካ ወ
ስም ኣቦይዝጊ ከይጸዋዕካ ኣይግበርን ። ማሕላ ዝጠልም ከስ ባዕ
ሖነኔኡ ይኃሪ ። ከመይ ንኣምላኽ ይኽሕድ ፤ ንኣምላኽ ዝኽሕድ ከ
ካብኡ ክርጓቕ ግዲ እዩ ፤ ካብ ኣቦይዝጊ ዝረኃቀ ናብ ሰይጣን እ
በር ናብ ካልእ ኣይኣቱን ። ክልተ በይነን እየን መንገዲ ሰብ ።

<u>ተኣኪቦም</u> ፤ ካብ ደጕዓ ካብ ቈላ ካብ ኵሉ ስፍራ ። ካልኣ
ከኣ ልዑላትን ሽዩማትን (እምባ) ሓረስቶትን መገልገልትን (ቈ
ሓደ ከይኖም መሓሉ ። ካብ ኵሉ ዝበልጽ የማናይ እዩ ፤ እንክት
ሕል ከስ ብየማናይካ ትትኃኃዝ ።

<u>ኣብ ሓንቲ ማኅበር ተጠሚሮም</u> ። ማእሰርቲ ሓደ ይገብ
ብማሕላ ተኣሲሮም ሓደ ከይኖም ጥሙራት እዮም ፤ ነዙ ማእሰር
እዙይ ከኣ ሓደ ዝርኢ ምልክት የድልዮ እዩ (ሰንደቅ ዕላማ) እ
ምልክት እዙይ ከኣ ናይቱ ድላዮም ገላጺ እዩ ድላዮም ከኣ ንጓ



ክቖትሉ እዩ እምበር ። እዙ ጓና እዙይ ብደሙ ሰንደቕ ዓላማኡም ክቐብኦ እዩ ።

<u>መበለት ኣብ ዝሓረረ ዑናኣ</u> ። ኣየ ፤ ከምዙይ ዘደንግጽ ትርኢት የልቦን ፤ ኣብ ገዛኻ ኵሉ ጥሪትካ ኣሎካ ፤ እኽልኻ ገንዘብካ ክዳንካ ፤ ገዛኻ ድኅሪ ሓረረ ኸስ ኵሉ ጠፊኡ እዩ ። ንኵሉ ጭንቂ ገዛ እዩ ዝሰትሮ ፤ ገዛ ዘይብሉ ግን ኵሉ ሽጋሩ ይገሃድ ። ከም ጥራዩ ዝወጸ ሰብ ይኸውን ። እታ ድኻ ማእምን ኣብቱ ዝሓረረ ቤታ ሓመኹስቲ ለቢሳ ብዘይካ ኣውያት ክልተ ዓይና እናውሓዝት መሪር ኃዘና ከተውጽእ እያ ። ከመይ ገዘበለ እዩ ። ተንሚኣ ! “እንታይ ከይነ እየ ኣነስ ኣቦዶ የቢለይን ኃዊዶ የቢለይን ሰብኣይዶ የቢለይን ወዲዶ የቢለይን ። እዘም ናብዙይ መጺኣም ዝዘምቱኒ ዘለዉስ ዘይከማይ ኣንስቲ ዝወለዳኣም እዮም ፤ ኣነስ ኣየዕበኹን ዶ ኣይወለድኩን ዶ„ ትብል ። ግርም እዩ ኣንስቲ ከምዙይ ቢለን ምስ ዝለዓላ ። (ኣብ ሒነ ኮነ ኣብ ውግእ ኮነ ኣንስቲ ኣገርኻ እንቲብላ ሰብኣይ መልሲ የቢሉን ።)

ወዲ·መን ኢኻ ቢልካ ጠይቕካዮ ኣቦኡ ዘይነግረካ ሰብ ኣብ ምድርኻ ርስቱ ከምዝኸነ ደቂሱሉ ዓይሙሉ ምርኣይ ወይ ኃዘን ወይ ጓሂ ። ንሱስ ዓዲዶ የቢሉን ። ኣምላክ ሕያዋይ ኣበ ንኵሉ ዘዝኣክሎ ሂቡዎ ፤ ናይ ካልእ ዝዝርፍ ርጉም እዩ ፤ ከመይ ኣቦይዝጊ ንዝሠርዖ ፈንጢሑ ንኣምላክ ይጻላእ ፤ ክዝርፎ ሱቕ ዝብል ግን ካብኡ ሽሕ ጊዜ ይርገም ፤ ከመይሲ ሕይወትካ ንምንባር መናበሪ የድሊ ፤ መናበሪኡ ዘጥፍእ ነብራኡ የጥፍእ ፣ ነብራኡ ዘጥፍእ ነፍሱ ይቐትል ፤ ነፍስኻ ምቕታል ካብ ኵሉ ዝኸፍእ ኃጢኣት እዩ ፤ ምእንትዙይ ፎጉም ትበሀል ። ኵሉ ሥርዓት ብኃይሊ ተቓወመሉ ።

ዝሀር ወዲቑ ፣ ካብ ሕዢ ዝጠራጠር ። “ፈራህ ኣይሞተ ተብ አይሞተ ፣ ላንጋ ላንጋ ሞተ„ ይበሃል ። ቀደም ከም ሕራይ ምሓ ሎ ወዲኡዎ ደኃር ብግብሪ ምስ ከነ ዝጠራጠር ማሕላኡ ከ ርስ ዝደለ እዩ ፣ እዙይንከ ከዳዒ ማለት እዩ ።„ ዘይገብሩ ይናገሩ

ፈደሪክ ። ? ይምሰል፣ ሰብ እዩ ከማኹም ። ጻዕዳ ቢልካ ንሰ ኣይትፍርሃዮ፣ ቈርበቱ ናይ ዝጻዕደወ ከማኻ ፍጡር እዩ ። ኢትፍር ለሰብእ ሶበ ይፀዐዱ ፣ ወሶበ ያበዝኅ ኀይለ ቃሉ ።

ኣሽሓት እዮም ። . . . . ከባኻ ነይበዝኁ፣ ኣደታትና ወላዳ እየን ፣ ካብ ባዕዳን ነይሓምቃ ።

ቅልጽም ኣሎካ ፣ ካብ ናቶም እኳ ይነጥፍ ።

ዝተበደልካ ዝመሰልካ ሎሚ ተዘከሮ ። ምዝካር ምርሳዕ ዠ ጽቡቕ እዩ በለ ሓደ ግሪክ ። እቱ ምንታይ ጸርፌን ክትርስዕ ፣ ጽ ቕ ነገርን ክትዝክር ። እዙይ ጽቡቕ ባህሊ ፣ ሕዢ ግን ስብእነ ኬሥርሕ ዚደሊ ምዝካር እዩ ። ንዝደለዩዋ ነጻነት ኣይትእብዮ ጽጉም እዩ መገዳ ፣ ብርቱዕ እዩ ዓቐበ ፣ ኣብ ላዕሊ ምስ ደየብ ግን ጥዑም እዩ ኣየሩ፣ ወልወላ ዘራእታ ማያ ሰማያ። ዓቐብ ከሉ ኣብ እግሩ በጥ ቢሉ ንዝዓይም ዘይውጻእ ነገር እዩ ፣ ምርሃ የድሊ እምበር ድላይ ኣይኣክልን ።

ዓይን ቤዛ ዓይን፣ ስን ቤዛ ስን ። ናይ ጐይታና ትእዛዝ ወት ክፍጸም ዝክኣል ኣይኮነን። ፍቕሪ ወንጌል እዙይ እንተዘይፈቐደል እኳ ፣ ርትዒ ይፈቕደልካ እዩ ።



## ድ ር ሳ ን ዓ ደ በ ።

ኣምላክ ዝኃረያ ዓለማት ክፈጥር
ኢትዮጵያ ተሰምየት ብዘይካ ጥርጥር
መንግሥቲ ሰብ ካብዙይ ናብዙይ እንክነጥር
ኣግዓዚት ኣይበለትን ፣ ናብ ገለ ቅብጥርጥር ።
ኣብ መጽሓፍ ፍጥረት፣ ቀዲማ ተሰምየት
ኢትዮጵያ ተብሂላ ፣ ካብ ካልእ ተፈልየት
ጊዮን ከቢቡዋ ፣ ብኅልፌ ተለልየት
ካብ ዘመን ናብ ዘመን ወሲኻ ተወርየት ።
ናብ ርእሲ ካልእ ሰብ ፣ ግፍዒ ዝዓጠቑ ፣
ናብ ዘይዓዶም ከይዶም ፣ ድኻ ዘንጠቕጠቑ
ካብ ዝነበሩዎ ግርማ ፣ ናብ ታሕቲ ወደቑ
ኣግዓዚት ግን ቆመት ፣ ወትሩ ብጽቡቑ ።
ዘይናታ ነይደለየት ፣ ካልእ ኣይገኃሠት ፣
ንምድሪ እማታ ፣ ደፈራ ኣይጠሓሰት
ብመገዲ ዓመጽ ፣ ዘይናታ ኣይኰለሰት
ምእንትዚ ነበረት ፣ እኳ ከይተገሠት ።
ሮማዊ ፐትሮንዮስ ፣ ምሳኣ ፈተነ
ከም ካልእ መሲሉዎ ፣ ብገርሂ እትግነ
ንግብጺ ጥሒሱ ፣ መጺ እናዛወነ
ኣብ መወዳእታ ግን ፣ ቡቑጻ ተበተነ ።
ግብጻውያን ብዓቕሞም ፣ ኣልቦ ዝነሓፉ ፣
ብኖብያ ኣቢሎም ፣ ክሳብ ገዳርፉ

ሐሰቡ ኪኣትውዎ ፣ ንሰሜናይ ኣፉ
ኢትዮጵያዊ ረኣዮም ፣ ኣውደቖም ጠሊፉ
ሓሳቦም ኣብ ባዳ ፣ ምስ ነፍሶም ገደፉ ።
ትርሖ ተላዕለ ፣ ብሰንኪ ባሕርነጋሢ ፣
ብኽድዓት ይሁዳ ፣ ንዓዱ ኣግሓሢ
ናብ ምጽዋዕ መጺኦ ፣ ኪውዕል ኬምሲ
ካብ ንጉሥ መለክ ሰገድ ፣ ረኺበ መላሲ ።
ምስሪ መጺኡ ፣ ዓጢቆም ሰራሩ
ብኣጽዋር ኤውሮጳ ፣ ኣጊጾም ኣጕረሩ
ኣይጠቐሞምን ደኣ ፣ ኣብ መረብ ተሳዕሩ
ተዋሪዶም ከዱ ፣ እናንደኃርኃሩ ።
ብቐዳማይ ህዳም ፣ ስለ ዝኃፈሩ
እንደገና መጺኡ ፣ ደልዲሎም ብሠሩ
ወዲ ንጉሦም ጊዘም ዕርድታት ሰፈሩ ፣
በዝብዝ እንኪመጾም ፣ ሃደሙ በረሩ ፣
ኣብዝኖኦም ግና ፣ ኣብ ሓመስ ተቐብሩ ።
ጣልያን ከኣ መጸ ፣ ብዓቢይ እምነቱ
መድፍዑ ኣጽዋሩ ፣ ስሒቡ ጕቲቱ
ጌና ዘየሰንበዱዎ ፣ ተዳዕሊ ዝሞቱ
ናብ ደጕዓ'ሞ መጸ ፣ ሰሊፉ ኵናቱ
ዓድዋ ተቐበለቶ ፣ ኀልቀት ናይ ሕይወቱ ።
ኣላትኒ ሃገር ፣ ንዚኣ ትመስል
ብወቕዒ ጸላኢ ፣ እኳ ዘይትቜስል
ብኃይሊ ኣጽዋራ ፣ ጠጢቓ እተብስል



ንገፋዒኣ ዝበለ ፣ እኳ ዘይተሰልስል ።

* * *

ዓቢይ እምባ ሰሜን ፣ ይነውኖም ነርእስታ
ተከዘን ኣባይን ፣ ዓበይቲ መስኖታታ
በሕረ–ጻና ብሩር ፣ ዕንቋ ሽልማታ
ባሕረ–ኣፍሪቃ ምሉእ ፣ ዕጣቓ ደረታ ።
ኣብ ጕልጕል ኣብ ጨረር ፣ ኣብ ጎበ ኣብ ሕሉማት
ኣበኺ ዚርከብ ፣ ናይ ኪለው ለምለማት
ኢትዮጵያ ዓደየ ፣ ናይ ዓለም ሽልማት
ንስኺ ዕጫየ ፣ ካብ ኵሎም ዓለማት ።
ምስዙ ኹሉ ተፈጥሮይ ግና ፣
በጽዋር ወዲ ጓና ኣነ ተቖጥቂጠ
እቲ ዓቢይ ግርማኺ ፣ ኣነ ተቐንጢጠ
ካባኺ ተፈልየ ፣ ሽም'ውን ለዊጠ
እናበር ኣሉኹ ፣ ፈሪሄ ኣንቀጥቂጠ ።
ብናይ ኣምላኽ ሕጊ ፣ ዘይግደፍ ሥርዓተይ
ካባኺ ተፈልየ ፣ ዓበይ ወላዲተይ
ትርእዩ እሞ'ሎኺ ፣ ብኽያተይ ንብዓተይ
ናባኺ ክምለስ ከም ቀደም ፍጥረተይ ።
ንስኺ እተዕቍብኒ ፣ ኣብ ኵሉ ጸገመይ
ንስኺ ጽንዓተይ ፣ ኣብ ኵሉ ሕማመይ
ኪፍለ'ሞ ኣይክእልን ፣ 'ቱ ደምኪ ካብ ደመይ
ኣበይዝጊ ይፍለዮ ፣ ን'ቱ ለዋጥ ሽመይ ።

ካባኺ ተፈልየ ፤ ማዕዶኺ ሰፈረ
ልበይ ኪደልየኪ ፤ ብፍቕሪ ሓረረ
ብሥጋ እንተሰኣንኩ ፤ ናባኺ ሰጊረ
ሕሊናይስ ወትሩ ፤ ናባኺ ይውርወረ ።

ወግሐ ጸብሐ ስምኪ ፤ እንተ ዘይጸዊዔ
ብዚኸኣለኒ ፤ እንተዘይ ኣልሚዔ
ንኣኺ ዓባይ ኣደይ ፤ እንተድኣ ረሲዔ
ይርገመኒ ኵሉ ፤ እዙ ነገር ዝሰምዔ ።

ኦ ኣምላኽ ብባሕርይኻ ፤ ግፍዒ ዘይትፈቱ
ንዝተዓመጸ ሰብ ፤ ንስኻ ድኅነቱ
ርኂቑ ንዘሎ ፤ ካብ ሕቝፎ ወላዲቱ
ምለስ በይዛኻ ፥ ናብ ቀደም ሥርዓቱ ።

## ካብ ትራጀዲ ቴዎድሮስ ።

### ከሮስ ፩ያ ።

ኦ ሥላሴ ቅድስት ንዓለም እትገዝኡ
ብብዝግብኦ እውን ንሃገራት እትሠርዑ
ብሓንቲ ወስታኹም ንዓለም እተጽንዑ
ብልኡኽ ኪሩቤል ንቓልኩም እተስምዑ
እግዚኦ መሓሩና በዝኻትኩም ንዑ ።
ርድኡና ስምዑና በዝኻትኩም ምጹና
እንካብ ጓና ኣድኅንዋ ንዛ ጡብያና
ዘኽበረትኩም ወትሩ እንካብ ጥንቲ ምኺና
ኣይተሰልጥኑውን ኣብየት እንካብ ዘይወገና
እምብርምብርንከ ብፃዕዳ ብጓና
ክትግዛእ ክትርገጽ እዛ ኣግዓዚት ሃገርና ።

### ወተሃደራት ።

ምቕታል ምሥዓር በይኑ ደስ ኣየበሎን
ንቕድሚት ድኣ ጠሓሰ ከም ንፋስን ኣውሎን ።
ሞት ጥራሕ የናዲ ነበረ ሞት ጀጋኑ
ምእንቲ ዓደበኣም ነፍሶም ዚምንኑ ።
ኪሓልፍ እንከሎ ከም ሓደ ሃልሃልታ
ከም ሓደ ፈረስ ዝሰምዔ ናይ ውግእ እምብልታ ።
የማነ ጸጋም ሰሊዑ እንከውድቆም
ኵሎም ጠመቱሉ ኣዕይንቶም ኣድቂቆም ።
ኵላቶም ጠበንጃኣም ናባኡ ተኸሉሉ
ኵላቶም ተመነዩ ንኣኡ ክቐትሉ
ኵላቶም ጠያይቲ ከማይ ኣፍሰሱሉ
ኀብሪየ ወደቓ ፤ ኣብሪል ኢትዮጵያ ቢሉ ።

### ኮሮስ ፪ይ ።

ብብዙኅ ኣገባብራ እዩ ወዲ ሰብ ዚውረ
ወይ ክኸውን የድልዮ ጻላእቱ ዝሰበረ
ምሥራቅ ምዕራብ ሰሜን ደቡብ እናዞረ
ብዙኃት እንተመለኸ ኣእላፋት ሃገረ ።

ወይ ብጽቡቕ ምኽሪ ዓዱ እንተ ኣሰልጠነ
ወይ ምእንቲ ታሪኽ እንተ ኣብ መጽሓፍ ማህመነ
ናይ ኮኾብ ናይ ወርኂ ዙረት እናመዘነ
ንሰብ እንተምሃረውን ፍላስፋ ኣከዋነ
ወይ ብሓዳፉ ኣብ ደብሪ እንተድኣ መነነ ፤
ብንስሓኡ ብጸሎቱ ንዓዱ እንተድኃነ
ናብ እግዚ.ኣብሔር ናብ ማርያም ክንዲ ተማኅጸነ ።
ከምዙይ ዝመሰለ ግን ዕጹብ ኣገባብራ፡
ንቀደም ዘዋረደካ ይቕረ ኣበህላ
ንኡ ዚ.በቅዕ ምስጋና የቢ.ሉን ኣብዙ ዓለም ክላ ።

(ቴ ዎ ድ ሮ ስ   ን በ ይ ኑ ።)

እኔኹ ኸስ ሕዱስ ፤ ንበይነይ ተረፍኩ
እንኩ ደጊምስ ፤ ሥራሔይ ፈጺ.መ
ምእንቲ ዓደይ ቢ.ለ ፤ ብዝኸእሎ ደኺ.መ
ብዙ ነገር እዙይውን ፤ ሕሊ.ናይ ኣዕረፍኩ ።
ሊ.ባኖስ ወደይሲ. ፤ ኣበይ ኮን ትህሉ
ድሓን ኩን ወደይ ፤ ኣብ ዘሎኻዮ ኣሊ.ኻ
ኣቦይዝጊ ባዕሉ ፤ የጽልልካ ብኃይሉ
ዝሓይሽ ዕጫ የሃብካ ፤ እንካብ ናይ ኣቦኻ ።
እኔኽልኪ. ሃገረየ ፤ ብዙኅ ደኺ.መልኪ.
ኢ.ትዮጵያ አደየ ፤ ብዙኅ ጽዒረልኪ.
ብቐደም ዝገበርኩዎ ፤ እንተድኣ ኣኅዘንኩኺ.
መወዳእታ ይቕረታይ ፤ ይልምን ንኣኺ. (ይስዓማ)



ኣብ ውግእ ኽመውት ፤ ምእንታኺ. ደልየ
ብደመይ ሓጺ.በኪ. ፤ ክኽሕስ በደለይ
ንኣቦይዝጊውን ፤ ክንደይ ሳዕ ጸልየ
ብዅለንትናይ ፤ ዝከኣለኒ ኃይለይ ፤
ኣቦይዝጊ ነዙይ ፤ ዘይብቑዕ ርእዩኒ
ንጸሎተይ ምስማዕ ፤ ቀ.ሊ.ሕ ማለት ኣብዩኒ ።
እኔኹ ሕዩ ደጊም ፤ አ ኢ.ትዮጵያ አደይ
ዅለንትናይ ናትኪ. እየ ፤ ንኣኺ. እወሃብ
እንተሞትኩውን ፤ ኣብዙ መሬት ዓደይ
ልበይውን ይብለኒ ኣሎ ፤ ንሕይወትካ ሃብ-ሃብ
ንኣኺ. ደስ ኣብል ፤ ንርእሰይ ኣዓርፍ
ኣዕጽምተይ ተቐቢ.ሩ ፤ ኣብ ዓደበይ ይተርፍ ።
ቀደም ዘሰፈኹዎ ፤ ዅሉ ነገራተይ
ምስኡ መወዳእታ ፤ ፍቕረይ ተቐበሊ. ዅሉ
በጺ.ሑ እዩ ደጊም ፤ ዕረፍቲ ሕይወተይ
ምእንቲ ነጻነትኪ. ፤ ሕይወተይ ዝሀበሉ ።
ሰላም እብለኪ. ፤ ዘለዓለም ኢ.ትዮጵያ
ንቕሩብ ጊዜ. ኣዕይንተይ ፤ ንኣኺ. ኽርእያ
ከም ኣዕይንቲ ቈልዓ ፤ ንኣዲ.ኡ ዝደልያ
ቀበሕባሕ ይብላ ኣለዋ ፤ ናብ ዝኾነ ዙርያ ።
ድኃን ኩኒ ዓደየ ፤ ኢ.ትዮጵያ ክብርቲ
ብዅሉ ዝኸበረት ፤ ኣብ ዓለም ስብሕቲ
ወትሩ ዝዓምበበት ፤ እኳ ዘይዕርቕቲ
ንሳ ንበይና ፤ ኣብ ዓለማት ሓንቲ ፤

ቍጭ ቢላ ዝነበረት ፣ እንካብ ዘለዓለም ጥንቲ
ኣብ እግሪ ወዲ ጓና ፣ እኳ ዘይትሕቲ
ሰላም ንኣኺ ኦ ኢትዮጵያ ቅድስቲ ።
ድኅን ኩኒ ፣ ንኣይ ዘክርኒ
ንኣኺ ኽድኅን ፣ ዝተንሣእኩ
ምኽሪ ግብጻዊ ፣ እኳ እንተሰወረኒ
መወዳእታ ሥርዓተይ ፣ እኳ ዘይረሣዕኩ ።
ኦ ኹሉ ዝከኣለካ ፣ ኣብ ሰማይ እትነብር
ብሓደ ወስታኻውን ፣ ንዓለም እትገብር
እግዚኣብሔር ኣምላኽ ፣ ዘለዓለማዊ
መዠመርያ ወይ ደኃር ፣ ዘይቢልካ ጥንታዊ ፣
ንሃገረይ ኣብኻ ፣ ኣማኅጽና ኣሎኹ
ኣምላኽ ኣቦታተይ ፣ ቢላ ንትሰምየካ
ኣብ ኢድካ ኣቐሚጠውን ፣ ኅድሪ እህበካ ኣሎኹ
ብምሸት ብምጉሓት ፣ እተኽብር ንስምካ ።
ኣነ ገብርኻ ፣ እቱ ትሑት ባርያኻ
ካብ መገዲ ሓቂ እኳ ፣ ቐደም እንተተኣለኹ
ሕገር እሰናዶ ፣ እመጽእ ናብኻ
ክንዲ ሃገረይውን ፣ መሥዋዕቲ ኣቕርብ ኣሎኹ ፣
ኵሉ ቍጥዓታትካ ፣ ናብ ርእሰይ ኣኅልፎ
ምእንቲ ዓደይ ቢሉ ፣ ኵለንትናኡ ንዝውሮ
ንቴዎድሮስ ገብርኻ ፣ ብሰላም ኣዕርፎ ።
ንስኺንከ ኦ ኽጉጠይ ፣ መወዳእታ ብጸይተይ
ኣብ ጸገመይ እትረድኢ ፣ ኦ ርኅርኅቲ ኃውተይ



እንካብ ባርነት እተድኅንኒ ፣ እምንቲ ሓጋዚተይ
ንዒ ቕረቢ ውጺ ፣ ንዒ እንካብ ቅናተይ
መወዳእታ ጊዜ ፣ ኽጸቕጣኺ ኣጻብዕተይ ።
ኦ ኣምላኽይ ኣብ ኢድካ ንነፍሰይ ኣማኅጽና
ብዓቢይ ምሕረትካ ፣ ባዕልኻ ኣድኅና
ባዕላ እትመጽእ ዘላ ፣ ተኹኒና ፣ ትሒታ
ትእመን እውን ኣላ ፣ ናይ ቀደም ስሕተታ
በዚ መሥዋዕቲ እዚይ ፣ ትልምነካ ይቕረታ ።
ንስኺ ኽዓ ሃገረየ ፣ ኣበኺ ዝተወለድኩ
ንኣበይዝጊ ምፍታው ፣ ንምኽባሩ ዝለመድኩ
መወዳእታ እስትንፋሰይ ፣ ንስኺ ተቐበሊ
ተቐቢልኪውን ፣ ንኣዕጽምተይ ኣንቢሪ . . .
እንተ ንስኻንከ ፣ ኦ ጓና ጸላኢ
ክንድዚይ ጫውጫው እትብል ፣ ከም ሓደ ሳዕሳዒ
ርኤ ፣ ኢትዮጵያዊ ንጉሥ ፣ እንድኅሪ ስሒቱ
ርኤ ፣ ከመይ ቢሉ ኽምዝጸንሓካ ብስብእኑት . . . ሞይቱ ።

(እዚይ ምስ በሰ መጋረዣ ብኡ ብኡ ይዝርጋሕ ።)